ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ
ዝዳሎ መጽሄት
ኣብዛ መጽሔትና ዘለኩም ርእይቶ፡ ኣበርክቶ ይኹን ነቐፌታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹልና፡-

<u>ኣድራሻና</u>
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
ፖ. ሳጹን፡ 239
ተሌ፡ 291-1-111134 - 291-1-118753
ፋክስ፡ 291-1-111140

<u>መርበብ ሓበሬታ ሃማደኤ</u>
E-MAIL – nuew@nuew.org
WEB SITE – www.nuew.org

<u>ኣሰናዳኢት</u>
ፋጥና ዓብዱራሕማን

<u>ምክትል ኣሰናዳኢት</u>
ሜሪ ጸሃየ

<u>ስእሊ</u>
ኣገልግሎት ዜና ዞባ ማእከል
ኣሃዱ ስእሊ ክ/መ/ሓበሬታን ሃማደኤ

<u>ለይኣውት</u>
ኣብረሀት ንጉሰ

<u>ካቨር ዲዛይን</u>
joሲ

<u>ዘርጋሒ መጽሔት</u>
200454 / 07121322
ዞባታት ሃማደኤ

# ትሕዝቶ

ልሳን——————————————————2

ዜና ማሕበር ——————————————————3

ቃለ-መጠይቕ ——————————————————4

-"ውጽኢት ቤት ትምህርቲ ሰውራን ገድልን'ዩ"

- መም. ዛይድ መስፍን

ትምህርቲ ——————————————————8

- "ንመሃር ብኩልባብ፡ ኩነታት ሃገርና ከይረሳዕና"

ቁጠባ——————————————————10

- "ዓሰቢ ጻዕሪ ዓወት"

ጥዕና——————————————————12

- መንእሰይ፡ ንግዜኡ ሕብረተሰብ ብእወታ ኣብ ምቕያር ከውዕሎ ኣለዎ !

- ዶክተር ሄለን ተዓገስ

- ሳዕቤን ልምዳዊ ፍወሳ ኣብ ህጻናት

- "ህ.ግ. ሰብ ክሰርሕን ከበላሓትን ባይታ ዝፈጠረ እዩ"

- ሲር. ውነሽ ተስፋይ

ሕግን ሕብረተሰብን------------------------------------------------18

- ለበዋ፡ ርዝኑቱ ኣብ ጽፈቱ

ማህደር ታሪኽ------------------------------------------------20

- "ኤርትራዊት፡ ብሓዊ ዝተፈተነ ወርቂ እያ"

- ስነ-ጥበበኛ ኣምና ዓምር

- ካብ ስልማት ወርቂ ዝኸበረት ወርቂ

- እታ ሓርበኛ እንክትዝከር

ዲያስፓራ——————————————————27

- "ኣብ ታሪኻውን ጅግንነታውን ቦታታት ሃገረይ ምብጻሐይ፡ ተዓዊተ'የ!"

- ኣኸባሪት ሕዚ ሶልያና መንግስትኣብ

ስነ-ጥበብ------------------------------------------------30

- "ሞዴል ማለት ኣምባሳደር ማለት'ዩ"

ደቂ-ኣንስትዮን ኣከባብን——————————————————32

- ተምራ-መሳን ረብሓታቱን

ርእይቶ------------------------------------------------34

- ኣንፈ ጽንበላትና ናበይ ገጹ

ደቂኣንስትዮ ዓለም ------------------------------------------------36

- ቺማማንዳ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነገሰት ደራሲት

ስፖርት------------------------------------------------38

- "ጋዜጠኛ ሚዛናዊ ክኸውን ኣለዎ" - ዳናይት ተስፋዝጊ

ይብሉ ነበሩ!------------------------------------------------40

- ደርሆ ክህበካ፡ ብዕራይካ ሸጦ!

# ልሳን

## ጥሙር ልምዓታዊ ፕሮግራም ንዕብየት ቁጠባ

*“ኣህጉራዊን ዞባዊን ምዕባለታት፡ ተጊህና ብጽሞና ክንከታተል፡ ኣዛሚድና ከነንብብ፡ ሕርያታትና ፈሊጥና ክንግስግስ ንቡር’ዩ። ኣበው ከምዝብሉዎ ከኣ፣ ‘ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ’፣ ከምኡ’ውን ‘ካብ ጒይይ ምዓል ክሳድ ምሓዝ’ እዩ’ም፣ ቈላሕታን ኣተኩሮን ኣብ ዘቤታዊ ኵነታትናን ምዕባለታቱን ሕመረታዊ’ዩ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ቅድሚ ኩሉ ዝሰራዕ ቀዳምነትና ከኣ፡ መኸተ ልምዓት’ዩ*

***መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ 24 ግንቦት 2025***

ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ቁጠባዊ ምዕባለ ንምርግጋጽ ዝተኸተሉዎ ስትራተጂ፡ ነቲ ብቀጻሊ ኩናትን ተፈጥሮኣዊ ብድሆታትን፡ ተዳኺሙ ዝጸንሐ ኣፍራይነት ኣበራቢርካ፡ ዘሎ ሰብኣዊን ንዋታዊን ጸጋታት ሃገር ብውህደት ኣኽቲትካ፡ ድሌት መላእ ህዝቢ ዘርዊ ሱር በተኽ ቁጠባዊ ለውጢ ምምጻእ እዩ። በዚ ድማ ህዝቢን ምምሕዳራትን፡ ሰራዊትን ሃገራውያን ኩባንያታትን፡ በዚ ስትራተጂ’ዚ እናተመርሑ፡ ጥሙር ፕሮግራማት ሃገራዊ ልምዓት ንምዕዋት ሓያል ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ይርከቡ።

ሳላ’ዚ ተወፋይነትን’ዚ፡ ኣብ ህንጻት ዲጋታትን ጽርግያታትን፡ ሕርሻዊ ንጥፈት፡ ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዝተመዝገበ ገስጋስ ቀሊል ኣይኮነን። ዝያዳ መኸሰቡ ድማ፡ ከም ሃገር ናይ ምግባር ዓቕምና፡ ሰብኣዊ ክእለትናን ውዳበናን ከጐልብት ምኽኣሉ እዩ። እዚ ብስራሕ ዝተጠርየ ተሞኩሮን ዝተቐስመ ትምህርቲን፡ ነቶም ዛጊት ዝተሰላሰሉ ፕሮጀክትታት ዝያዳ ንምድራዕ፡ ንምስፋሕን ምውርጻጽን ከምኡ’ውን ተወሰኽቲ ዓበይቲ መደባት ልምዓት ብዝተዓጻጻፈ ናህሪ ንምትግባር ዘኽእለና ተደራቢ ሃብቲ እዩ።

ዛጊት ዝተዓመ ስርሓት፡ መበገሲ ኮይኑ፡ ፕሮጀክትታት ህንጻት ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ብስፍሓት ምትግባር፣ መደባት ውሕስነት መግቢ፡ እንተላይ ጸጋታት ባሕሪ ብምምዝማዝ ዝያዳ ኣሐይልካን ኣብሊጽካን ክንዮ ርእስኻ ምኽኣል ከምዝኸዱ ምግባር፥ ኣብ ሃብቲ እንስሳ ዝጸንሐ ኣድህቦ ምዕባይ፥ ቀረብ ጸዓትን ኣገልግሎት ኤለትሪክን ምውሓስ፣ ጽርግያታት ዝርግሐኦምን ዓይነቶምን እናበለጸ ከምዝኸይድ ምግባር፥ ሰፋሕቲ ፕሮጀክትታት ህንጻት ኣባይቲ ምትግባር ገለ ካብቶም ተታሒዞም ዘለዉ ዓበይቲ መደባት ልምዓት እዮም።

ኣብ መደረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ተኣሚቱ ከምዘሎ፡ ኣድማዕነት ናይዞም መደባት ምእንቲ ክረጋገጽ፡ ኣብ 2025፡ ኣብ ሽዱሽተ ዞባታት ዝተኸፋፈለ ውጥናት ዝርዝራቱ ተዳቒቑ፡ እቲ ብሓይልታት ምክልኻል ክዕመም ዝጸንሐ እጃም ብስፍሓትን ዓይነትን ዓብዩ፡ ውዱብ ሱታፌ ህዝቢ ደሪዑ፡ ብዝለዓለ ሓይልን ቅልጣፈን ቁጠባዊ ዕብየት ናይ ምድራኽ ሰፊሕ ዕማም ኣብ መስርሕ ይርከብ። ኣብ ርእሲ’ቲ ናይ 6 ዞባታትን ሓይልታት ምክልኻልን ሃገራውያን ኩባንያታትን ውሁድ ውዳበ፡ ሱታፌ ዲያስፖራ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ንምሕያል እውን ሓቢሩ ዝሰርሓሉ እዩ።

ሃገራዊ መደባት ልምዓት ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ብምዕሩይን ተመጣጣኒን ኣገባብ ዝኸይድ፡ ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታን ማሕበራዊ ቦታን ዘሳትፍ ምዃኑ፡ ንሓዋሩ ንህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ብልጫን ረብሓታትን ዘዕትሮ እዩ። ብርግጽ ድማ፡ ባህጊ ኩሉ ኤርትራዊ፡ ርሑቕን ቀረባን ዘይብሉ፡ ብሓባር ኣብ ጎደና ምዕባለ ምምራሽ፡ ኣብ ትሕቲ ምዕሩይ መሰላት ብስኒት ምንብባር እዩ። ካብዚ ባህጊ’ዚ ዝመንጨወ ልምዓታዊ ስትራተጂ መንግስቲ ኤርትራ ከኣ፣ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ስልጡን ማሕበራዊ ህይወት መሰረት ዝኸውን ድልዱል ባይታ ኣብ ምንጻፍ ይርከብ። ምዕሩይነት እቲ ቀንዲ መስረት ፍትሒ፣ ፍትሒ ድማ እቲ ቀንዲ መሰረት ሃገራዊ ስኒትን ዘላቒ ዕብየትን ስለዝኾነ!

ዜናታት ማሕበር

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ



8 መጋቢት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂኣንስትዮ፡ "ኣግእዞ ደቂ-ኣንስትዮ ንልምዓት" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 8 መጋቢት ብደረጃ ሃገር ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ተኸቢራ።

ኣብ'ቲ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ ኣብ ዝቐረበ ቃል ማሕበር፡ ናይ ሎም-ዘበን ጽንበል 8 መጋቢት፡ ምስ ዘባውን ዓለማውን ኩነታት ተኣሳሲሩ ኣብ ልዕሊና ንዝተሰገደደ ማእለያ ዘይብሉ ብድሆታትን ቅሉዕ ተጻብኦታትን ብልዑል ሃገራዊ ንቕሓትን መኸተን ኣረብሪብና፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምውዳድ መሰረታዊ ናይ ልምዓት መደባት ቀሊል ዘይኮነ ገስጋስ ኣመዝጊብና፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ እንሰጋገረሉ መድረኽ ትበዓል ምህላዋ ፍሉይነት ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ተፈጢሩ ብዘሎ ምዕሩይ ዕድላት፡ ሰታፊ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ምስ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ እናተመዓራረየ ምምጽኡ፡ ንበሩህ መጻኢ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ዝእምት ምዃኑ፣ ኣብ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት ድማ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ብንቕሓተንን ዕዙዝ ተሳትፎአንን ዘረጋገጽኦ ሕጋዊ መሰላት ከምዝኾነ በሪሁ።

እቲ ጽንበል፡ ንተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ቃልሲ ብዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ከይዳምቕ ከሎ፡ ንሓርበኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ህያብ ተበርኪቱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ነበርቲ 13 ንኡስ ዞባታት ከተማ ኣስመራ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ብ5ን 6ን መጋቢት 163 ከረጺት ደም ለጊሰን።

# ኣደ-መንበር ሃማደኤ፡ ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ሰሚናራት ኣካዪዳ



ኣደ-መንበር ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበትን ንዝርከባ ደቂኣንስትዮ ሰሚናራት ኣካዪዳ።

ኣብ'ቲ ካብ 24 ክሳብ 27 ስነ ዝተኻየደ ሰሚናራት፡ ወ/ሮ ተኽኣ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ በጺሐንኦ ኣብ ዘለዋ ደረጃን ምዕባለን ንኸበጽሓ ዝተኸፍለ ማስዋእቲ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መጻኢ ክበጽሓ ዝደለ ደረጃ ምስናይ ብድሆታቱ ዘተኮረ ሰፊሕ መግለጺ ሂባ።

ኣብ እዋን መግዛእቲ ምስ ዝነበረ ማሕበራዊ ኣተሓሳስባ፡ ሕቶ ደቂኣንስትዮ ምስ ሃይማኖት፡ ባህሊ፡ እምነትን ካልእን ተኣሳሲሩ፡ ጓል-ኣንስተይቲ ዓቕማን ብቕዓታን ንምምዕባል ስለዘይተሰርሐ፡ ኩሉ ደሊታታ ኣብ ወዲ-ተባዕታይ ይምርኮስ ከምዝነበረ፣ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ክካየድ ብዝጸንሐ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ዘተኮረ ጻዕርን ንዕኡ ዝድግፍ ብመንግስቲ ዝተወስደ ስጉምቲታትን ግና፡ ኩሉ እናተለወጠ፣ ደቂኣንስትዮ'ውን ብተሳትፎአንን ማስዋእቲአንን ቦታአን ኣብ ሕብረተሰብ እናረጋገጻ ከምዝመጻ ኣብሪሃ።

ወ/ሮ ተኽኣ ኣስዒባ፡ መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ተሰኪምቲ ሕድሪ ናይተን በጃ ዝሓለፉ ኣደታተንን ኣሓተንን ስለዝኾና፡ ብትምህርቲ ስጉመን ንዓቕመን ኩባ ኣብ ሰንሰለት ብምልክእ ኣግእዞ ከምርሓ ከምዝዮጋእ ኣገንዚባ።

ተሳተፍቲ ብወገነን ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ርክብ ብንጉዝ ዝዋህበ መግለጺን ብምጥቃስ፡ ውዳቤታተን ብምሕያል ጸለዋን ኣበርክቶን ማሕበር ንምዕዛዝ ከምዝሰርሓ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ምትሕብባር መሻርኽቲ ኩባ ኩብልን ከምዚ ዓይነት ሰሚናራት ቀጻልነት ክህልዎን ተላበዩ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ኣመሓደርቲ ናይተን ሰለስተ ንኡስ ዞባታት ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ንቕሓትን ተሳታፍነትን ደቂኣንስትዮ ንምብራኽ ክሰራሕ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ዕላማታት ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ንምዕዋት ካብኦም ዝሕተት ኩሉ ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

# ቃለ መጠይቕ

## “ውጽኢት ቤት ትምህርቲ ሰውራን ገድልን’የ”

መርሃዊ ታደሰ

### መምህር ዛይድ መስፍን



*ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ዝሃንጸ’ያ ብምልኣት ትዛረብ። ካብ 1976 ክሳብ 1978 ከም ኣባል ሓፋሽ ውድባት ኮይና ሰሪሓ። ብድሕሪኡ እታ ትነጥፈሉ ዝነበረት ዋህዮ ብጸላኢ ስለ ዝተፈልጠት ኣብ መጋቢት 1978 ዓመተ ምህረት ካብ ኣስመራ ናብ ሜዳ ተሰሊፋ። ካብ ግዜ ቃልሲ ንናጽነት ኣትሒዛ ክሳብ ዕለተ ናጽነትን ድሕሪ ናጽነትን ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ዝተፋላለየ ቦታታት ኤርትራ ብዝተፋላለየ ጽፍሕታት ዝሰረሐት ጉዲም ተጋዳሊት’ያ።ናይ ሎሚ ዕድምቲ ጋሻና ኣብ መጽሔት ኣግእዞ ካብ 2014 ክሳብ እዚ እዋንዚ ከም ኣባል ማ/ባይቶን ፈጻሚት ኣካልን ኮይና ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊት ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሰለስተ ውሉዳትን መምህር ዛይድ መስፍን’ያ።*

**◆ኣዋጸጽኣኺ ናብ ሜዳ ከመይዩ ነይሩ?**

ተማሃሪት ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ልኡል መኮንን እንከለኹ’ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ኮይነ እሰርሕ ነይረ። ኣብ ከምዚ ሃዋሁ እንከለኹ ከኣ ጸላኢ ንምንቅስቓስ ናይታ ኣነ ዝነጥፈላ ዝነበርኩ ዋህዮ ስለ ዝፈለጦ ሓደ ካብ ኣባላትና ናብቲ ዝመሃረሉ ዝነበርኩ ቤት ትምህርቲ መጺኡ ‘ዛይድ ብቕልጡፍ ንሜዳ ክትወጺ ኣለኪ’ ዝብል ሓበሬታ ስለዝሃበኒ፡ ብቕልጡፍ ንዛ ከየደ ንቕሎ ንሜዳ ንብይነይ ፈሊመዮ። ኣብቲ ፈለማ ንብይነይ ዝፈተንኩሉ ሰራዊት ደርግ ክልተ ግዜ ካብ ብሎኮ ስለ ዝመለሰኒ ኣይተዓወትኩን።ብድሕሪ’ዚ ምርጫ ኣይነበረንን ኣብ ገዛይ ምሕዳር ንስድራይ’ውን ጸገም ክምጽኣሎም ይኽእል ስለዝነበረ ንወላዲተይ ሓቢረ ኣብዚ ከባቢ እንዳ ፍንጃል ምስ ሓትነይ ንክልተ ለይቲ ክሓድር ጀሚረ። ብድሕሪ’ዚ ወላዲተይ ነፍሲሄር ዘውዲ መብራህቱ ኪዳነ ንኣቦይ ክይሓብረት ዝብጻሕ ኣለና ኢላ ሒዛትኒ ብብሎኮ ሓሊፉ ናብ ተጋደልቲ ኣረኪባትኒ።ጓል ገጠር መሲለ እየ ወጺአ። ኣደይ ኣብ ብሎኮ ኑቶም ወተሃደራት ኢትዮጵያ ናብ ስድራይ’የ ዘብጽሓ ዘለኹ ክትሕግዞም ምስ በሎቶም ኣየሸገሩናን። ሕጂ ክዝክሮ እንከለኹ፡ እቲ ጽንዓትን ሓቦን ናይ ወላዲተይ ኣዝዩ ይገርመንን የሕብነንን። ወላዲተይ ሓንቲ ካብቶን ተዓጢቐን ዘዕጥቓ ኣደታት’ያ ነይራ።

**◆ ናይ ሜዳ ተዘክሮታትኪ ከተካፍልና?**

ሜዳ ምስ ወጻእኩ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እየ ተመዲበ።ኣብ ሓይልታት ኣትየ ክዋጋእ እደሊ ስለ ዝነበርኩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምምዳብ ደስ ኣይበለንን ነይሩ። ብድሕሪኡ ግና ተራን ኣበርክቶን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ስለ ዝተረደኣኒ ኣይጸላኣክዎን። ኣብኡ ኣላይት ቆልዑ፡ መምህርን መራሒት መስርዕ ኣባላት ኮይነ ሰሪሐ።ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኑቶም ንምህሮምን ንኣልዮምን ዝነበርና ቆልዑ ጥራሕ ኣይኮነን ሃኒጹ። ንዓና ኑቶም ኣለይትን መማህራንን’ውን ብተመኩሮ ሃኒጹናዩ። እዛ ሕጂ ትርእያ ዘለኻ መምህር ዛይድ መስፍን ውጽኢት ገድሊ ኤርትራን ቤት ትምህርቲ ሰውራን’ያ።ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኣክል ተመኩሮ ምስ ቀሰምኩ፡ሻዱሻይ ወራር ምስ ተዛዘመ መሃይምነት ንምጥፋእ ኣብ ወርሒ ሓምለ 1982 ምስቶም ቦታ ንምጥጣሕ ቀዳሞት ኮይኖም ዝወፈሩ ኣባላት ኮይነ ወጺአ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ ጾሮና ከም መምህር፡ ርእሰ መምህርን ሱፖር ቫይዘርን ኣብ ሃዘም ኸኣ ከም ሱፖር ቫይዘር ኮይነ ሰሪሐ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ 1985 ብደብዳብ ነፋሪት ናይ እግሪ መሰበርቲ ስለዘጋጠመኒ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ፡ ኣብ ዞባ ምዕራብ፡ኣብ ሽላሎ፡ ከም መምህር፡ ሱፐር ቫይዘር፡ ዳይረክተር፡ ኣብ መደበር ሰለሙና ዞባ እየ’ቢል’ዩ ከም መምህርን ርእሰ መምህርን ከምኡ’ውን ንልዕሊ ሓደ ዓመት ግዝያዊት ሓላፊት ናይቲ ዞባ ኮይነ ሰሪሐ።

**◆ ቃልሲ ኣብ ድሕሪ መስመርን ተካይድዎ ዝነበርኩም ንጥፈታትን ከመይ ትገልጽዮ?**

ኣብ ድሕሪ መስመር ንዝነበረ ቃልሲ “ተውለ ንልምዓትን መኸተን” ብዝብል ቴማ ክገልጾ እኽእል። ምሉእ መዓልቲ ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ/ቐ - 10፡00 ድ/ቀ (ተማሃሮ፡ኣቦታት፡ኣዴታት፡ መንእሰያት፡ ሽቓሎ፡ ክንምህር፡ ህዝቢ ክንውድብን ከነንቅሕ ውዒልና ምሸት፡ ጸላኢ መጺኡ ከየጥቅዐና ዋርድያ ኢና ንወጽእ ነይርና። ኮታስ ዕጥቕናመጽሓፍን ብረትን ኮይኑ ንኸሉ ድልዋት ኢና ነይርና።ብተወሳኺ ካርኪለማዊ ንጥፈታት (ኢደ ስርሓት፡ ስእሊ፡ባህሊ፡ጥዕና፡)ንምህር። ብዛዕባ ጥዕናን ንጹእቲ ልምድታትን (ምኽላሕ፡ ምግርናብ፡መትኮሳ )ሳዕቤናቶምን ኣስተምህሮ ንህብ፡ኣዴታት ኣብ ገዛ ንኪይሓርሳን ክትትል ንክገብራን ቡተን መምሃራን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዓጢቐንኦ ዝመጸ ንዋትን ክእለትን ብሰላም ከም ዝገላገላ ምግባር ፡ናይ ዉሽጢ ስረ (ኮስትሞ) ይወድያ ስለዘይነበራ ነዚ’ዉን ከመይ ጌርካ ሰፊካ ትጥቀመሉ ንምህረን ኔርና ፡ ማእተታዊ ንጥፈታት ነካይድ፡ ንጽጉማት ኣጓዱ ንሰርሕ፡ ናይ ጽጉማት ግራውቲ ብወፈራ ንዓጽድ ነይርና። ካብ ዝገርመካ ካብቶም ሽዑ ካብ ደምበ ወጢጥና ኣምጺና ንምህሮም ዝነበርና ተመሃሮ ሕጂ ናይ ማስተርስን ካልእን ዕድላት ረኺቦምስ ኣብ ዝተፋላለየ ትካላት ናይዛ ሃገር ይሰርሑ ኣለዉ። ብሓፈሻ እዞም ተመሃሮ እዚኦም ሃገር ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስለዝነበረት ተማሂሮም ንሃገር ኪቃለሱ ልዑል ጻዕርታት ይካየደሎም ኔይሩ። ኣብ’ዚ ነካይዶ ዝነበርና ጻዕሪ ናይ ህዝቢ ተሳታፍነትን ምድግጋፍን ኣዝዩ ልዑል ብምንባሩ ኣብቲ ነካይዶ ዝነበርና ጻዕሪ ክንዕወት ኣክኢልና ።

**◆ድሕሪ ናጽነትከ?**

ድሕሪ ናጽነት ኣብ ኣውራጃ ሰራየ ናይ ሕጂ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ዳይረክተር፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ከኣ ኣብ ኣውራጃ ሰራየ፡ ሓላፊት ኣብያተ ትምህርቲ ንኡስ ኣውራጃ መንደፈራ ኮይነ ሰሪሐ። ብድሕሪ’ዚ ብምኽንያት ምጥርናፍ ሓዳር ናብ ኣስመራ ተመዲበ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ ቆሓይቶ ንክልተ ዓመት ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ፡ ካብ 1996 ክሳብ 2014 ከኣ ኣብ ዝተፋላለያ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ሓላፊት ጨንፈር ሚኒስትሪ

ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ከምኡ'ውን ምክትታል መሰረታዊ ትምህርቲ (basic education) ዞባን ኮይነ ሰሪሐ። ኣብ 2014 ድሕሪ ዝተኻየደ 7ይ ጉባኤ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ድማ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማደኤ ብምምጻእ ሓላፊት ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሃማደኤ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።

**◆ ንምዕርነት ደቀንስትዮ ኣብ ዝቃለስ ሃገራዊ ማሕበር ኢኺ ትሰርሒ ዘለኺ'ሞ ማዕርነት ኣብ ገዛኹም ከመይ ትመስል?**

ክቡር በዓል ቤተይ ስውእ መሓሪ መንግስትኣብ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብዝተፋላለየ ጽፍሕታት ዝሰርሐ፡ ከማይ ተጋዳላይን መምህርንዩ። ከይትግረም ነታ ብሰንኪ ኲናት ዝተቖርጸት እግሩ ከም ህልውቲ ሓሲቡ'ዩ፡ ኣብ ዕዮ ገዛ ማዕረና ዝሳተፍ ነይሩ።ንደቅና ባዕሉ ዲቪዛ ቀሪቡ፡ ጸጕረን መሸጡ፡ ኣቕሪሱ፡ ኣምሲሑ፡ ኮታስ እንተዘየለኹ እቲ ኣነ ክገብሮ ዝኽእል፡ ባዕሉ'ዩ ዝሰርሖ ነይሩ። ኣብ ገዛና እዚ ናይ ጓል ስራሕ'ዩ፡ እዚ ናይ ወዲ ስራሕ'ዩ ዝበሃል የለን። ብዘይ ቀለዓለም ኣነ ሳላ ናቱ ምትብባዕን ሓገዝን'የ ኣብዚ ዘለኹዎ ደረጃ'ዚ በጺሐ።

**◆ እተን ካብ ክልተ መማህራን ዝተወልዳ ደቅኹም ኣብ ከመይ ደረጃ ይርከባ?**



ወለድኻ መማህራን ስለዝኾኑ ጥራሕ ንፉዕ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ክንደይ ደቂ መማህራን ዘይኮኑን ዘይኮናን ኣዝዮም ንፉዓት ኣለዉ። ብኣንጻሩ ደቂ መማህራን ኮይኖም ዱኹማት ኣይሰኣኑን። ንዓና ግና ሓሳብ ልብና ሰሚሩልና ደቅና ኣብ በበይኑ ኮለጅ ኣትየን ትምህርተን ብቐዳማይ ዲግሪ ዛዚመንን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሐንን ኣለዋ።

እዚ ዓወትዚ ግን ናተን ጥራይ ዘይኮነ ተራ ናይ ኣቦኣንቀሲል ኣይነበረን።ካብ መባእታ ክሳብ ኮለጅ ዘድሊ ምትብባዕን ምምእዛንን ንዐኦን ዘድሊ ናውቲ መምሃሪ ኣብ ምድላዉን ኣገዳሲ ዝበሃል ሓሳብ ኣብ ምምጻእን ዓቢ ተራ ኔርዎ እዩ ። ብሓጺሩ ኣብ ንሱ ዝኽእሎ ሞያታት'ውን ከሳትፈንን ብንኡስ ዓቕሚ ኽእለትን ፍልጠትን ንክወንና ኣኽኢልወን'ዩ።

**◆ ካብ ሞያ ምምህርና ምስ ተፈለኺ እንታይ ተሰሚዑኪ?**

እዚ ሓጂ ሒዘዮ ዘለኹ ስራሕ'ውን ካብኡ ዝፍለ ኣይኮነን። እቲ ናይ ምምህርና ጠባይን ናይ ምምህርና ቋንቋን ምሳይ'ዩ ዘሎ። ልክዕ እዩ እቲ ንሰላሳን ሓሙሽተን ዓመት ዝሰራሕካሉ ሞያ ክትፍለዮ ከለካ ዝስምዓካ ነገር ኣሎ ። ሕጂ'ውን እዚ ተመዲበሉ ዘለኹ ትካል ንመንእሰያት ዘፍሪ ስለዝኾነ ካብኡ ዝፍለ ኣይኮነን። እቲ ዕላማ እዞም ነፍርዮም ዘለና መንእሰያት ብሞያን ስነምግባርን ተሃኒጾም ጽባሕ ኣፍረይትን ሃነጽትን መራሕቲ ሃገርን ንኽኮኑ'ዩ። ኣብ ወጽኢት ናይ ማትሪክ ትሑት ምሕላፍ፡ ትሑት ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ምቁራጽ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝብሉ ዓበይቲ ዚጋጥሙ ዘለዉ ብድሆታት ንሚ/ ትምህርቲ ጥራይ ዝግደፍ ዘይኮነ ንሃማደኤ'ውን ብዓቢኡ ዝምልከቶ ስለዝኮነ፡ ነዚ ንምንካይ ብወገና ሃማደኤ ቀጻሊ ጎስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ንመንእሰያት ተመሃሮን ወለድን ይካየድ እዩ፡ስለ'ዚ እቲ ሞያ ብተዘዋዋሪ መንገዲ'ውን ኣይተፈለክዎን።

**◆ ንሞያ ምምህርና ከመይ ትገልጽዮ?**

ሞያ ምምህርና ኣዝዩ ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ። ሕብረተ-ሰብ፡ ደቁ ክትሃንጸሉን ክተልምዓሉን ምኧንካ ኣሚኑ'ዩ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ብምልኣኽ ንመማህራን ዘረክቦም።ምህናጽ ኩለንትናዊ ብቕዓት ናይዞም ተማሃሮ እዚኦቶም ከኣ ኣብ ብቕዓት መማህራን'ዩ ዝምርኮስ። መምህር ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ጥራሕ ኣይኮነን ዝምህር። ተማሃሮ ቅኑዓት፡ ትጉሃት፡ ትስፉዋት፡ ስነ-ስርዓት ዘለዎም፡ ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም፡ ኣካላዊ ጽሬቶም ዝተሓለወ፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘማዕበሉ ገይሩ ናይ ምህናጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ጸገማት ዘለዎም ተማሃሮ እንተለዉ ሽግራቶም ኣለልዩ ኣብ ምፍታሕ ከይተረፈ ዓቢ ተራ ክጻወት'ዩ ዘለዎ።መምህር ማለት፡ ነታ ዝተዋህበቶ ዓውደ ትምህርቲ ምሂሩ ወይ ኣንቢቡ-ኣንቢቡ ኣቢሉ ዝኸይድ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ፍልጠቱ ኣብ ኣእምሮ ተማሃሮ ብዝግባእ ከስርጽ ዝጽዕር እዩ። ፍልጠት ፡ክእለት ፡ዓቕሚ ተማሃሮ ዝገምግም፡ ተማሃራይ ዘማእከለ ኣገባብ ኣማሃሃራ ዝጥቀም እዩ። ስለ'ዚ ከምቲ ሓደ ፋብሪካ ብዙሓት ነገራት ኣፍርዩ ዘቕርብ ቤት ትምህርቲ ከኣ ኣእምሮ ናይ ሰባት ዝሃንጽ ትካል'ዩ። ስለ'ዚ እዞም ዝህነጹ ዘለዉ መንእሰያት ጽባሕ ንዓዋ ብዝተፈላለየ ዓውደ ሞያ ዝፈረዩን ሃገር ዝመርሑን መንእሰያት ስለዝሃንጽ ዕማም ናይ መምህር ኣዝዩ ልዑል'ዩ።

**◆ ኣብ ብዙሕ ጽፍሕታት ሞያ ምምህርና ኢኺ ሰርሕኪ'ሞ ምስ ዕማማት ሓደ መምህር ከተሳልይና?**

ዕማም መምህር እቲ ዝኸበደ'ዩ። ምኽንያቱ መምህር ንዘየንብብ ዝነበረ ቆልዓ ከምዘንብብ፡ ንዘይጽሕፍ ዝነበረ ከምዝጽሕፍ፡ ክድምር ክጎድል፡ ከርብሕ፡ ክመቅል ዘይክእል ንዝነበረ ቆልዓ ከምዝኽእል ኮታ ንዘይፈልጥ ዝነበረ ከም ዝፈልጥ ዝገብር በዓል ሞያ'ዩ። እዚ ክገብር እንተደኣ ኮይኑ ከኣ፡ ነታ ዝምህራ ኣርእስቲ ኣጸቢቑ ክዳለወላ ኣለዎ።መደብ ትምህርቲ ውጥን ምህሮ ከወጽእ ኣለዎ።ነቲ ዛዕባ ከመይ ገይሩ ኣብ ኣእምሮኦም ከስርጸሎም ከምዝኽእል ክሓስቡን ብጥቡብ ኮተግብርን ኣለዎ። ንተማሃሮኡ ብኣስማቶም ክጽውዖም ክኽእል ኣለዎ። ብግብርን ክልሰ ሓሳብ ዝመሃሮም ኣብ ባይታ ፕሮጀክትታት እናሃበ ከስርሖም ዝክእል ክኸዉን ኣለዎ። ሃገርን ሃገራዉነት ኣብ ተማሃሮ ዘስርጽን ንረብሓ ሓፋሽ ዘቐድሙን ዉፍያት መንእሰያት ኣብ ምፍራይ ተልእኾ ወይ ከኣ ዕማማ ናይ ሓደ መምህር እዩ።

**◆ ዕማማት ዳይረክተርን ሱፐርቫይዘርን ብዝምልከት እንታይ ትብሊ?**

ዕማማት ዳይረክተር ንኹሉ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ምቁጽጻር'ዩ። መማህራን ንዘውጽእዎ ዉጥን ምህሮ ምእራም፡ ኣቴንዳንስ መማህራንን፡ ተማሃሮን ምክትታል ፡ ተበግሶን ተወፋይነት ናይ ነፍሲ ወከፍ መምህር ዝግምግም።ኩሉ እቲ ዕማም መምህር ዘተግብሮ ምቁጽጻርን ሞያዊ ደገፍ

ንመምሃራን ምሃብን እዩ ። ብተወሳኺ ንመምሃራን ብዲፓርትመንት ናይ ዝምህርዎ ዓይነት ት/ምህርቲ ምውዳብ፡ ካርኪለም ኣብ ምግምጋም ዚጋጥሙ ሽግራት፡ ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ዘሎ ሕጽረታት ኣለሊካ ዉሽጣዊ ስልጠና መምህራን ምኪያድ፡ ንዘደኸሙ ተማሃሮ ፡መምህራን ኣብ ኣንጻር ሽፍቶም ከምዝሕብዙ ንምግባር መደብ ምውጻእ ፡ መምህራን ሓድሕዶም ተሞክሮ ከምዝለዋወጡ ምግባርን ቀጻሊ ገምጋም ምኪያድን እዩ። ተወሳኺ ንቤት ትምህርቲ ሓገዝቲ ዝኾነ ወለዲ ቤት ትምህርቲ ብግቡእ ዕማም ስርሖም ምፍላጥን ከምዝሰርሑ ምግባርን፡ንወለዲ ስሩዕ ኣኼባ ምኪያድ ብቀንዱ ከኣ ምስ ናይቲ ከባቢ ዘለዉ ምምሕዳራት ዓቢ ዝምድና ናይ ስራሕ ምፍጣር እዩ።ኮታስ ካብቲ ዝተሓተ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ንጥፈታት ናይ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ምክትታልን ሽግራት ምፍታሕን ናይ ዳይረክተር ሓላፍነትየ።

- **ዕማም ሱፖር ቫይዘራት'ከ?**

ሱፐርቫይዘር ጉድለታት መምሃራን ዘናዲ ዘይኮነ ሓጋዚን ኣማኻሪን መማእዘንን እዩ ። ካብ ኩነታት ተማሃሮ ክሳብ ኩነታት ቤትትምህርቲ ዘሎ ምዕባሌታትን ሃጓፋትን ብጭብጥ ዝፈልጥ፡ ሞያዊ ምኽሪ ኣማኻህራን ኣብ ምሃብ ዓቢ እጃም ዘለዎ፡ ስልጠናታት ዝዉድብ፡መምሃራን ንሓድሕዶም ተሞክሮ ከምዝለዋወጡ ዝገብር ፡ ካርክለም ዝድህስስን ። ዘሎ ሕጽረታት'ዉን ንምምልኡ እንታይ እንተተገብረ ይሓይሽ ንዝብል'ዉን ምስ መምሃራን ዝዘተ ። ተወፋይነትን ብቕዓትን መምሃራን ብግቡእ ዝግምግምን ንዕብየቶም መደባት ምስራዕን ካብ ክጥቀስ ዝከኣል ዕማም ስፖርቫይዘር እዮም።

**◆ቅድሚ ናጽነት ኣብ ሓራ መሬት ዝወሃብ ዝነበረ ስርዓተ ትምህርቲ ምስ ናይዚ ሕጂ ከተነጻጽርዮ ከለኺ እንታይ ፍሉይነት ኣለዎ?**

ስርዓተ ትምህርቲ ብብእዋኑ ምስ መድረኹ ተለዋዊጡ እዩ ። ይኹን እምበር ካብቲ ሓፈሻዊ መትከላት ኣይተቀየረን።እኳ ደኣ ብቲ ዝቐለለን ተማሃራይ ክርድኦ ብዝኽእልን ፡ምስ ዕለታዊ መነባብሮን ኩነታት ሃገርን ዝተዛመደ እናኮነ ይስርሓሉ ኣሎ። ኣብቲ ቅድሚ ናጽነት ዝነበረ ናይ ቀለም ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ ሃገራዉነት ማለት ሃገር ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስለዘላ፡ ብከመይ ነዚ ተረዲኦም ሃገራዊ ስምዒት ንክሕጸኑን ንክፈልጡን ንቀጻሊ ንቕሓቶም ክብ ንምባልን ቀጻሊ ጎስጓሳት ነካይድ ኔርና። ብሓጺሩ ኣቦ'ቲ ፖለቲካዊ መዳይ'ዉን ዝያዳ ይጸቅጠሉ ነይሩ ። ብተወሳኺ እቶም ኣብ'ቲ እዋን ዘመተ ዝምህሩ ዝነበሩ መምሃራን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰዉራ እዮም ። መብጻሕትኦም ደረጅኦም ናይ መባእታዩ ነይሩ። ከምዚ ናይዚ እዋንዚ ብስነምምህርና ዝዓጠቁ ኣይነበሩን።ይኩን እምበርእቶም ብዓቕሚ ይኩን ብተወፋይነት ኣዝዮም ዝነኣድ እዮም። ጽልዉኦም'ዉን ልዑል'ዩ ነይሩ። ዝሕዝዎ ዝነበሩ ክፍለ ግዜ መጠን ኣይነበሮን ሕጂ ክርእ ኸሎ ልዕሊ 40 ክፍለ ግዜ እዩ። ዝኮነ ተማሃራይ ምስ ዙብኩር ወለዲ ይጽዉዕ እንተ ኣቋሪጹ ዋላ ካብ ዝከዶ ደንበ ኣጉዲድና ነምጽኦም ኔርና ።

- **ዝበለጸ ስርዓተ ትምህርቲ ንምትእትታው እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሊ?**

ወለዲ፡ ተማሃሮን መማህራን ዘማእከለ ስርዓተ ኣገባብ ትምህርቲ ምስ ዝካየድ ዝበለጸ ውጽኢት የምጽእ ኢለ'የ ዝኣምን። ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ ክኸይድ ዘለዋ ከኣ ስልጠና መማህራንዩ። መማህራን ብቕጻሊ እናሰርሑ ክስልጥኑ ኣለዎም። ተማሃሮ ብግብሪ ዝርእይሉ መሳርሒታት ምውዳድ'ውን ኣዝዩ ወሳኒ'ዩ። እዚ እንተደኣ ገይርና ዕዉት ስርዓተ ትምህርቲ ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ነዚ ንምግባር ከኣ ውሕሉል ምሕደራ ትምህርትን ኣብያተ ትምህርትን የድሊ።

- **ተሳትፎን ብቕዓትን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ኩሉ ጽላታት ሃገር ከመይ ኣሎ ትብሊ?**

ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ኣሎ ኢለ ክዛረብ እኽእል'የ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ጹብለል ኢለን ዝረኣያ ዘለዋ ደቀንስትዮ'የን።እቲ ቅድሚ ናጽነት ብደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ ተባሒቱ ዝነበረ ዕዮታት'ውን ሕጂ ብኸንደዚ ማኢታዉት እኳ እንተዘይበልኩ ደቀንስትዮ ክነጥፋሉን ክሳተፍኣን ክኢለን ኣለዋ።ደቀንስትዮ ኣብ ቦታ ሓላፍነት ንምምጻእ ብጥብቂ ስለ ዝተሰርሓሉ ከኣ ክመርሓን ከማሓድራን ንርእየን ኣለና። ስለዚ ብዙሕ ዝተረፈና እኳ እንተሃለወ ምስ ናይቀደም ብምንጽጻር ግና ተሳትፎን ብቕዓትን ደቀንስትዮ ጽቡቕ ኣሎ፣ ዝያዳ ምሕያሉ ድማ የድሊ።

ንሕና ከም ማሕበር እነካይዶ ጎስጓሳት፥ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ኣብ ጉዳይ ደቀንስትዮ ምብራኽ'ዩ። እዚ ድማ ልዑል ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንክህሉ፡ ወለዲ ንደቆም ማዕረቶም ደቂ ተባዕትዮ ውላዶም ከሳትፍወን ንከየቋርጻ ክሳብ መወዳእታ'ዉን ዝቕጽላሉ ባይታ ክፍጠር፡ ትሕቲ ዕድመ መርዓዘወ-ርዶኣካላዉን ጥዕናዉን ማህሰይቲ ብግቡእ ከምዝፈልጥዎን ከምዝርድእዎን ምግባር ። ተማሂረን ኣብ ስራሕ ዓለም ቡቲ ዝግባእ ንክሳተፉ ጥጡሕ ባይታ ክፈጥረለን ብሓጺሩ ሓንቲ ብኩሉ እንትኣላ ፍልጠት ኽእለት ዓቕሚ ዝወነነት ጓል ኣንስተይቲ ንምፍራይ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ መውዓሊ ህጻናት ዘይብለን ትካላትን ሚኒስትሪታትን መውዓሊ ህጻናት ክጉብራ ንጉስጉስ ኢና። ኩለን ትካላት ከምኡ እንተገይረን ተሳትፎን ብቕዓትን ደቀንስትዮ ክብርኽ ዘይክእለሉ ምኽንያት የለን። ካብዚ ብዘይፍለ ተራ በዓል ቤት ቀሊል ስለዘይኮነ ንቕሓትን ሓገዝን ናይ ሓደ በዓል ቤት'ውን ክብርኽ ኣለዎ። ነዚ'ውን ንሰርሓሉ ኢና።ብዘይካ'ዚ ሞዴላት ደቀንስትዮ ኣብቲ ተሳትፎ ዝወሓዶ ቦታ ጠመተ ክግበረሉ ዝብል ርእይቶ ኣለና ።

- **ሃማደኤ፡ ደቀንስትዮ ኑብሰን ንክኽእላ ዝጉብሮ ኣበርክቶ ኣሎ'ዶ?**

ሃማደኤ ኣብ ብብእዋኑ ስልጠና ዝተፈላለየ ሞያታት ክህብ ጸኒሑን ኣሎን። ከም ኣብነት፥ ትምህርቲ ምምራሕ መኪና፡ ትምህርቲ ስፌትን



ቅዲ ኩዳንን፡ማእለማ ትምህርቲ ኮምፒዩተር፡ ስልጠናታት ምርባሕ ንህቢን ደርሁን፡ ካሜራ፡ ስነ-ጽባቐ፡ ኣርትዖትን ስነ-ጽሑፍን ምጥቃስ ይከኣል፡፡ኣብዚ ኩብርሃልካ ዝደሊ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ስልጠና ሂቡ ጥራሕ ኣይኮነን ስቕ ዝብል፡፡ እተን ደቀንስትዮ ኣብ ባይታብግብሪ ዝሰርሓሉ ዕድላትውን ይፈጥርየ፡፡ ኣብ'ቲ ክነጥፋሉ ዝደልያ ዓውዲ ብትካላት ክግበር ዝኽእል ምድግጋፍውን ይሓትት እዩ፡፡ ኩሉን ሞያ ዝተማህራ ግን ሃማደኤ ንበረት ሂቡ ከበግስን ባህጊ እኳ እንተሃለዎ ዓቅሚ ስለዘይፍቀድ ንዘተማሃራሉ

ኣብዚ ማእከላትዚ ኣመሓደርቲ ከባቢታት ኮይነን ንዘሰርሓ ደቀንስትዮ ናይ ምሕደራን መሪሕነትን ስልጠናታት ክንህብ ጸኒሕና ኣለና፡፡ ስልጠና ምሃብ ጥራሕ ዘይኮነ ደቀንስትዮ ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ብቕዓት ክህልወን ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምውህሃድ ኣበርቲዕና ንሰርሕ ኢና፡፡

ብሓፈሻ ሃማደኤ ውሽጣዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምሕያል ብቐጻሊ ስልጠናታት ይህብ እዩ፡፡ ኣባላትና ኣካዳምያዊ ትምህርተን ከምዝቕጽላ



ደቂ መምህር ዛይድ - ርግኣት መሓሪ፡ ኣርያም መሓሪ፡ ኣርሴማ መሓሪ

ብናተን ሓርኮትኮት ጻዕርን ኩተግብርኦ ኣለወን ዝብል ርእይቶ ኣለኒ፡፡ ምኽንያቱ ካብ መወልልቃሕ ብምውሳድ ኑቲ ዝተማሃራሉ ሞያ ኣብ ስራሕ ኩተግብሮ ኩብገሳ ኣለወን፡፡

ኣብ'ቲ ዕድላት ዝተረክበሉ እዋንውን ኑተን ኣዝየን ጸገማት ስድራ ዘማሓድራ ሓገዛት ይግበርየ፡፡ ኣብ ሕርሻ ንዘነጥፋ ኣዝየን ጸገማትውን ብዝተረክበ ሓገዝ ናይ ሞተረታት ደገፍ መሳርሒ ሕርሻን ተዓዲሉየ፡፡

### ◆ ሃማደኤ ዳርጋ ኣብ ኩለን ዞባታት መሰልጠኒ ማእከላትኣለዎ? ብኸመይዩ ዘማሓድሮ?

እዚ መሰልጠኒ ማእከላትዚ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብዝቕመጣ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዝተሃንጸ ዘመናዊ መሰልጠኒ ማእከላትዩ፡፡ ብቑዕን እኹልን ናውቲ ስልጠና ዝዓጠቐ እዩ፡፡ብወገንና ብቕዓት ዘለዎም መማህራን እናመደብ፡ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠና ንህበሉ ኣለና፡፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ጽፉፍ ኮይኑ ንኽቕጽል ድማ፡ግቡእ ምሕደራ ከምህዘልዎ ገይርና ኣለና፡፡ ዝተባላሸወ ንብረት ኮነ ዝነቐዐ ወይ ዝረሰሐ መንደቕ ከይህልዎ ብጥንቃቐ ምክትታል ክግበረሉ ንነፍሲ ወከፍ ዞባ ሓበሬታ ነመሓላልፍ፡ ባዕልና ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናብ ዞባታት ብስራሕ ክንንቀሳቐስ ከለና ድማ ንከታተሎ ኢና፡፡

ንጉብር፣ ብናይ ምልእኣኽ ትምህርቲ ዓቕመን ክብ ንምባል፡ ክሳብ ናይ ማስተርስ ዕድላት ዝረኽባሉ ዕድላት ንምፍጣር ንሰርሕ ኢና፡፡

### ◆ እዚ ትሰርሕሉ ዘሎኺ ምምሕዳርን ፋይናንስ ቀንዲ ዕማሙ እንታይ እዩ?

ኣብ ዕማም ምምሕዳርን ፋይናንስን ዘለካ ጸጋታት ዓቕሚ ሰብን ንዋትን ገንዘብን ኣዋሃሂድካ ኣብ ግቡእ መዓልኡ ምውዓልዩ፡፡ ንኣብነት፥ ነዚ ንምትግባር ኣብ ፐርሶናላዊ ጉዳያት ብቑዕ ሰብ ኣብ ዘድምዓሉ ቦታ ምምዳብ፡ ኩሉ ዘድሊ ስርሓት ምፍጻም፡፡ ኣብ ፋይናንሳዊ መዳይ'ውን ግቡእ ኣታዊታትን ወጻኢታትን ምክትታልን ምቁጽጻርን፡፡ ከከም ኣድላይነቶም ኣማቃሪሕካ ድማ ኣመዓላሉ ምውዓል፡፡ ኣብ ዞባታት ዑደት ብምግባር ዘድሊ ምክትታልን ምቁጽጻርን ምኪያድዩ፡፡ ክዕመሙ ዘለዎም ብሓፈሻ ካብ ምውዳብ ክሳብ'ቲ ዝልዓለ ስርሓት ናይ ሃማደኤ ኩሉ ብዘይምውህሃድ ናይ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዝዕመሙ ስርሓት የለውን ፡፡

### ◆ ኣብ መወዳእታ ክትብልዮ ትደልዮ እንተሎ ድማ ዕድል ክህበኪ፡፡

ኣብ መደምደምታ ክብሎ ዝደሊ ኩለን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣባላት ናይ'ዚ ሃገራዊ ማሕበር'ዚ ምኽንያት ፊሊጠን፡ ንዕማማትን ድሕረ ባይታን ሃማደኤ ብዝግባእ ክፈልጣኦን ብምልኣት ክውደባን፡ ተወዲበን ኣብ ኩሉንትናዊ ዕብየትን ምዕባለን ናይዛ ሃገር እጃመን ከበርክታን ክዘኻክር እደሊ፡፡

ካልእ ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ዓይነት ምዕባለ ስለ ዝኾነ ብዘይተሳትፎ ደቀ ኣንስትዮ ድማ ዝብጻሕ ምዕባለ ስለ ዘየለ ደቀ ኣንስትዮ መማህራን ንደቀ ኣንስትዮ ተማሃሮ ኩነታተን ብቐረባ ክፈልጣን ክምዕደኣንን ኣብ ኩሉ መዳይ ተዋዳደርቲ ንኽኾና ምትብባዕ ክጉበራለንን፡ መሻርኽቲ ኣካላት ድማ ንሰራሕተኛታት ኣዴታት ደቀ ኣንስትዮ ግቡእ ስርሐን ምእንቲ ክሰርሓ ኣብ ትካላቶም መወዓሊ ህጻናት ኩዳለዉ፡ ናይ ድሕረ ምርቓ ትምህርቲ ዝቕጽላሉ ባይታ ክፈጥሩ፡ ኣብ ቦታ ሓላፍነት ንኽመጽኣ ጻዕርታት ክካይዱ፡ ወለዲ ድማ ደቆም ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ከመይ ይኸዱ ከም ዘለዉ ብግቡእ ክካታተሉን ምስ መማህራን ጽቡቕ ዝምድና ክፈጥሩን እላቦ፡፡



መምህር ዛይድ ምስ ስድራቤታ

# ትምህርቲ

## “ንመሃር ብጉልባብ፡ ኩነታት ሃገርና ከይረሳዕና”

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ኣብ 1955 ኣብ ሰንዓፈ ተወሊዳ ዓብያ። ቀዳማይ ክፍሊ ኣብ ሰንዓፈ፣ ካብ 2ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ኣብ ዓዲ-ቐይሕ፣ 9ይን 10ይን ክፍሊ ከኣ ኣብ ደቀምሓረ ተማሂራ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ መምህር ክኸውን ዝደሊ ሰብ፡ ብቑዕ ነጥቢ፡ ጽቡቕ ኣካላዊ ቁመና፡ ኣዘራርባ... ዝብሉ ረቛሒታት ዘማልአ፡ 10ይ ክፍሊ ዝዛዘመ ኮይኑ፡ ናብ ኮሌጅ ምድላው መምህራን ይለኣኽ ነበረ። ነዚም መምዘኒታት ምስ 5ይ ርእሳ ኣማሊኣ ከኣ፡ ኣብ 1972 ናብ ኮሊጅ ምድላዉ መምህራን ኢትዮጵያ - ጂማ ኣምሪሓ። ኣብኡ ንኽልተ ዓመት ሞያ ምምህርና ቀሲማ፡ ኣብ 1974 ብሰርቲፊኬት ተመሪቓ፡ ናብ ሃገራ ተመሊሳ፣ መምህር ኣብ ባረንቱ ተመዲባ። ኣብዚ እዋንዚ ከኣ፡ ሓላፊት ኣገልግሎት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኮይና ተገልግል ኣላ - መምህር ርግበ ክፍሉ።

ንልዕሊ 50 ዓመት፡ ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተጓዕዘት መም/ ርግበ፡ ተመኩሮኣ ንምስናድ፡ ብተበግሶ መምህራን ናይ'ቲ ዘላቶ ቦታ፡ ኣብ 2022 ናይ ዝኽሪ መደብ ተኻይዱላ ነይሩ'ዩ። እቲ ኣጋጣሚ፡ ብዙሓት መንእሰያት መምህራን፡ ካብ ተመኩሮኣን ቃልሳን ክመሃሩ ዕድል ፈጢሩ'ዩ።

ሃጺይ ሃይለስላሰ ወሪዱ ደርግ በትሪ ስልጣን ዝጨበጠሉ መወዳእታ 1974፡ ኣብ ባረንቱ ተመዲባ ዝፈለመቶ ስራሕ ምምህርና፡ ክሳብ'ቲ ዝሰፍሐ መሬት ኤርትራ ሓራ ወጺኡ፡ ስርዓት ደርግ ኣብ ውሱናት ከተማታት ተኸርዲኑ፡ ዕምሪ መግዛእቲ ሎሚዶ ጽባሕ የኽትም ዝበሃለሉ ዝነበረ 1977 ድማ ኣገልጊላ። ኣብቲ እዋን'ቲ ባረንቱ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ'ያ ዝነበረት። ህይወት ነበርቲ ባረንቱ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ተሰጋጊሩ፡ ኑብሰኻ ኣውጽእ ምስ ኮነ፡ መምህር ርግበ፡ “እንተወጻእኩን እንተመትኩን ምሳይ” ዝበለታ ሓንቲ ንበረት ሒዛ፡ ብእግራ ናብ ኣስመራ ነቒላ። ብተኾምብያ መረብ ኣትያ፡ ብሻምብቆ ገይራ ዓረዛ ኣተወት። ካብኡ፡ ንሰሜን ተጠውያ ዴዳን ሕንብርቲን ረጊጻ፡ ኑቲ ዝነበረ ጽምእን ድኻምን ተጻዊራ ድሕሪ 11 መዓልቲን ለይቲን፡ ኣፍደገ ኣስመራ ማለት፡ ኣብቲ እዋን መፈተሺ ነቑጣ ዝነበረ ቑሸት በጽሐት።

መገዓዝታ፡ “ተመስገን” እናበሉ፡ ፈጣሪኦም ከመስግኑ ከለዉ፡ ሃምን ቀልብን መምህር ርግበ ግን ናብቶም ኣብ መፈተሺ ኮይኖም፡ ንሰባት ናብዚን ናብቲን ዘኪላብቱ ዝነበሩ ኣባ-ጦር ተኹሩ ይዕዘብ ነበረ። እታ “እንተወጻእኩን እንተመትኩን ምሳይ” ኢላ ዝቖርቀረታ ምስጢራዊት ሰነድ ኪይትርከብ ድና ከቢድ ስግኣት ተጻዕና። ምስ ብጾታ ከኣ፡ “ንሕና፡ ካብ ወንበዴ ሃዲምና ዝመጻእና ሰለማውያን ሰባት ኢና፡” ኣመኽንዮም ከይተፈተሹ ሓለፉ።

መምህር ርግበ፡ ኣስመራ ከሪማ፡ መሬት ፈሽ ክሳብ ዝብለላ ተጸብያ፡ ኣብ 1977 ብደቀምሓረ ንሜዳ ወጺኣ። ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ምስ ቀሰመት ከኣ፡ ብሞያኣ ከተገልግል፡ ብቐጥታ ናብ ክፍሊ ትምህርቲ ተመዲባ። ክሳብ 1983 ድማ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ መምህርን ጸሓፊትን ኮይና ኣገልጊላ። ቀጺላ፡ “ቋንቋ ኩናማ ትኽእል'ያ፡” ተባሂላ፡ ኣብ ሚያዝያ 1983 ካብ ሳሓል ናብ ድሕሪ መስመር ዞባ ምዕራብ ተቐይራ። ፈለማ ኣብ ኣውጋሮ፡ ቀጺላ ኣብ ዓዲ በርበረ ኣገልጊላ። ዓዲ በርበረ ብሄራት ኩናማን ትግርኛን ብሓባር ዝቕመጥዎ ከባቢ ኮይኑ፡ ክሳብ 1987 ኣብኡ ሰሪሓ። ብድሕሪኡ፡ ናብ ሳሕል ማለት ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዓራሬብ ተመሊሳ፡ ክሳብ 1990 ኣገልግሎታ ቀጺላ። ኣብ ሕዳር 1984 ድማ፡ ምስ ናይ ቃልሲ ብጻያ ስዩም ሃይለማርያም ዝምድና መስሪታ፣ ኣብ መስከረም 1990 ወዲ ተበኩራ። ኣብ 1995'ውን ጓል ደጊማ።

ገዲም ምምህርን ገዲም ተጋዳሊትን ርግበ ክፍሉ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣደ ቈልዓን ተራ መምህርን ኮይና፡ ኣብ ሰገነይቲ ተመዲባ፡ ሓንቲ ዓመት ከም ተራ፣ ሓንቲ ዓመት ከኣ ከም ርእሰ-መምህር ኣገልጊላ። ኣብ 1992/93፡ ድማ ከም ሓላፊት ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ኣውራጃ ብምኳን ሰሪሓ። ድሕሪ ምቛም ዞባታት ኣብ 1996፡ ናብ ደቀምሓረ ተመሊሳ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ከም ሓላፊት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኮይና ሰሪሓ። ምስ ምቛም ደስክ ከኣ፡






__መምህር ርግበ ኣብ 1966 ኣብ ጅማ እናተመረቐት__

ሓላፊት ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ኮይና ተመዚዛ። ደስኪታት ፈሪሱ ኣብ ዝቐጸለ ካልእ ውዳበ፡ ዳግማይ ሓላፊት ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኮይና ተመዚዛ።

"ኣብ ጉዕዞኺ፡ ብዘይካ'ታ ኣብ መፈተሺ ቦታ ቀኑሽት፡ ንህይወትኪ ዘስግአት ኣጋጣሚት፡ ካልእ ብፍሉይ እትዝክርዮ ፍጻመ ኣሎዶ?" ክንብል ንመምህር ርግበ ተወኪስናያ ነይርና። መምህር ርግበ፡ ካብ ሳሕል ናብ ኣውጋሮ ምስ ተመደበት፡ ካብቲ ለይቲን መዓልትን ዝካየድ ዝነበረ ዘየዕርፍ ደብዳብ ነፈርቲ ንምድሓን፡ ምስ ህዝቢ በረኻ ሃዲሞም ኣብ ዝውዕልሉ ዝነበረ ግዜ፡ ተማሃሮ ካብ ትምህርቲ ከይበኹሩ፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ኮይኖም ዝምህርሉ ዝነበሩ ጽንኩር መድረኽ፡ ሓደ ካብቲ ካብ ዝኽራ ዘይሃስስ ምኧኑ ተዘንቱ።

መምህር ርግበ፡ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ካብ ዕድሚኣ፡ ካብ ሞያ ምምህርና ከይተፈልየት'ያ ኣሕሊፋቶ። "ስራሕ ምምህርና ብኸመይ ትገልጽዮ? ቀደም ዝፈልጡኺ ተማሃሮኺ ዝነበሩ ይኹኑ መጋድልትኺ ክረኽቡኺ ከለዉ እንታይ ይብሉኺ?" ደጊምና ዝተወከስናያ'ዩ። ስራሕ ምምህርና ክቡርን ዘኹርዕን ሞያ ምኧኑ፣ ንሳ ድማ ብሕልና ተቐቢላ፡ ተወዳዲራን መሪጻን ዝኣተወቶ ዓውዲ ስለ ዝኾነ፡ ጽቡቕ ገይራ እትዓግበሉን እተፍቅሮን ከም ዝኾነት ገሊጻትልና። ዘዝረኽቡዋ ፈለጥታ፡ "መምህር ኣይሽምግልክን፣ ጽቡቕ ኣለኺ..." ክብሉዋ ከለዉ ከኣ፡ "እቲ ምስጢር፡ መምህር ስለ ዝኾንኩ'የ፡ ሕጂ'ውን ጌና'የ ዘለኹ" ክትብል ከም ትምልሰሎም ድማ ኣውጊዓትና። ተማሃሮኣ ዝነበሩ፡ ሎሚ ደያኑ፡ መሃንድሳት፡ ሓካይም፡ መምህራን፡ ኣማሓደርትን ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ትካላትን ኮይኖም ዘለዉ ምስ ረኽቡዋ ከኣ፡ "መምህርናን ኣደናን" ብምባል፡ ብኽብሪ ሓቒፎም ክስዕምዋ ከለዉ፡ ንብዓት ዝቕድማ እዋን ከምዘሎ ድማ ጸውያትና።

ኣብ ጅማ - ኢትዮጵያ ትመሃረሉ ኣብ ዝነበረት ግዜ፡ 50 ሕጹያት መምህራን ኤርትራውያን ጥራይ ምንባሮም እተዘንቱ መምህር ርግበ፡ ብኢትዮጵያውያን ብኸቢድ ስግኣት ይጥመቱ ምንባሮም ተዘንቱ። ብሕልፊ ትግርኛ ክንዛረቡ ክሰምዕዎም ይደልዩ ከምዘይነበሩ ትገልጽ። የግዳ፡ ኣብ ትህምርቲ ንፉዓት፡ ውዳበኦም ጥርኑፋት፡ ብሃገር ግዱሳት ስለ ዝነበሩ፡ ይድፈሩ ከምዘይነበሩ ትዝክር። ኣብ ግዜ ሰንበት፡ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገር፡ ሓድነትን ጥምረትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝገልጽ፡ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ኣዳልዮም ይዝትዩን ይመያየጡን ከም ዝነበሩ ከኣ ትሕብር።

ዝተረፈ ናይዚ ዛንታ፡ ቀጺላ እትርእ ካርታ ኤርትራ ዘቑሙ ጉርዲ ስእሊ 54 መምህራን ብምዕዛብ ምርዳእ ይከኣል። ኣብዛ ስእሊ ገለን ደሚቖም፡ ገለን ግን ብሃሳስ ምስሊ ንመንፈስ ንቓልሲን ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ብዘንጸባርቕ፡ "ኣሕዋት ምስ ዝፋቐሩ፡ ጸላኢ የባርሩ፣ ዘንጊ ሓቂ ትቕጥን ምበር፡ ኣይትስበርን፣ ዓወት ድሕሪ ስቓይ፣ ኣብ ውሽጥኻ ሳዕስዕ፡ ሓዳርካ ግን ኣይትረስዕ፣ ፍቕሪ መእሰሪ ፍጻመ እያሞ ንልበሳ፣ ንመሃር ብጉልባብ፡ ኮነታት ሃገርና ከይረሳዕና!" ዝብሉ ጭርሖታትን፡ ሕላገት ልምዓት ዝኾኑ ኣፍራዛ፡ ሳንኬሎ፡ ኣርዑት ወዘተ ጉሊሖም ይረኣዩ። እቲ ነዛ ውቕብቲን ምስ ሰፊሕን ረዚን ትሕዝቶኣ ኣወሃሂዱ ዘዳለወ ደሓር ጸላኢ ፈሊጥዎ ብጉዳይ ሃገር ኣመኽንዩ ዝረሸኖ ኣብ ኢትዮጵያ ብፎቶ ዳህላክ እትፍለጥ ወናኒ ቤት ስእሊ'ዩ ነይሩ። ምስ ኣዳለዋ ድማ ብስቱር ንመምህር ርግበ ኣረኪብዋ። መምህር ርግበ ነታ ሰነድ ዘጋጠመ ኪጋጥማ ካብ ኑብሳ ከይፈለየት ካብ ባረንቱ ንኣስመራ ብምምላእ፡ ኣስመራ ክትኣቱ ኣብ መፈተሺ ቦታ ንህይወታ ልዑል ስግኣት ዝፈጠረትላ'ያ።




መምህር ርግበ፡ ኣስመራ ትነብረሉ ኣብ ዝነበርት፡ ኣብ ልክዕ ዘይትዝክራ ዕለት፡ ጸላኢ ሃንደበት ገዛ ገዛ ተፍትሽ ኣበገሰ። ነዚ ዝተመልከተት መምህር ርግበ፡ ነታ ማዕረ ህይወታ እትጥምታ ብጉርዲ ስእሊ 54 መማህርታ ምሩቓት ምህራን ምድላዉ መምህራን ኮለጅ ጂማ ዝተዳለወት ሰነድ ካርታ ኤርትራ፡ ኣበይ ከም እትሓብኣ ሕርብት በላ። "ንመን መን ኣለዎ...፡" ከም ዝበሃል፡ ነታ ብምስጢር ዝተዓቀበታ ካርታ ካብ ዝነበረቶ ኣውጺኣ፡ ዝኾነት ክትከውን ዝዕድላ፡ ኣብ ቅድሚኣ ናብ ዝነበረት ሓዊ ዝተኣጉዳ ፋርኔሎ ደርገመታ። ጸላኢ ኣይረኸባን ኣይነደደትን። ብኸምዚ ህይወት መምህር ካብ ሰሪ መዓት ጦር ሰራዊት ንስክላ ክትድሕን ከኣለት።

መምህር ርግበ ንመዘከርታን ብሕድሪን ብህይወት ክሳብ ዋጋ ክትከፍለላ ዝተረከበታ ሰነድ፡ ንሜዳ ምስ ከደት ኣይተዘከረትን። ናጽነት ኮይኑ ኣስመራ ብሰላም ድሕሪ ምእታዋ፡ ብዙሕ ገልጠምጠም ኢላ፡ ብቐሊሉ ክትረኽባ ግን ኣይከኣለን። ድሕሪ ብዙሕ ሃሰው፡ ብድሕሪ ናይ መመረቕታኣ ስእሊ ተቐርቂራ ምስ ረኸበታ ግን፡ ሽዑ ዝተሰምዓ ስምዒት፡ ንብዓት ኣሰንያ ደጋጊማ ከም ዝሰዓመታ ገሊጻትልና። ድሕሪ ናጽነት ተባዚሓ ነፍሲ ወከፍ ኣብዛ ስእሊ ዘሎ ሰብ ከም እትወሃቦ ተገይሩ።

ኤርትራ፡ ቀያሕቲን ጸለምቲን ዝተኸፈሉላ ሃገር'ያ። ህዝባ፡ ንኻልኦት ሕብረተሰብ ኣብነት ዝኸውን ብዙሕ ብሉጽ ባህሊ፡ ስነ-ምግባር፡ ሓድሕዳዊ ክብሪ፡ ፍቕሪ ሃገር... ዝውንን ጻዕራምን ሓቀኛን'ዩ። ዕድመ ኮፍ ኢሉ ኣይጽበየካን'ዩ። ተመኩሮ ከኣ ተዋህላላይ'ዩ። ሃገር ወለዶ ናይ ዘውሕሱ መንእሰያት'ያ። ክቡር ዋጋ ከፊሎም ወለዶምን ዓበይቲ ኣሕዋቶምን ዘጽንሕሎም ሃገር፡ ኣሰር ዝሓለፈ ታሪኽ ተኸቲሎም ንምዕባለኣን ብልጽግናኣን ክውፈዩ ድማ፡ ለበዋ መምህር ርግበ ክፍለ'ዩ።

# ቁጠባ

## “ዓስቢ ጻዕሪ ዓወት”

ፍረወይኒ ተኸስተ



“ዝጻዓረ ይዕወት” ዝብል፡ ንቅኑዕ ምርሒት ህይወት ዝሕብር'ዩ። ብቕንዱ ፍልጠት ዝሰረቱ ሞያ ውጽኢቱ ብዕግበት ይልካዕ። ሰረቱ ምክብባር ዝኾነ መንፈስ ምትሕግጋዝ ከኣ፡ ንሓድሕዳዊ ፍቕሪ ዘመልክት መተርንዒ ዓወት'ዩ። ኣብ መስርሕ ኩሉ ዓይነት ጉዳያት፡ ምድግጋፍ ግዴታ'ዩ። እንተኾነ፡ ምትሕግጋዝ ብኸመይ፣ ንመን ከሳብ መዓስ ዝብሉን ካልኦትን ሕቶታት ምምላሰም ግድን'ዩ፡፡ ብሕጽ ዝበለ፡ “ዓሳ ካብ ምሃብ፡ ምግፋፍ ዓሳብ ምምሃር” ዝብል ምስላ፡ ርእሰ ምትእምማን እተዕብየሉ ደረኺ ሓይሊ'ዩ።

ካብ ንኡስ ዕድሚኣ ጀሚራ፡ ዕዉትቲ ወናኒት ትምህርቲ ምድላው መግቢ'ያ። ትካላ ብስማ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ በዓልቲ-ሓዳርን ኣደ ሰለስተ ውሉዳትን'ያ። ወ/ሮ መድህን ኣሰፋው ትበሃል። ኣብ ዓመተ 2003 ፍቓድ ዋኒን ሒዛ ዝኸፈተቶ ትካል፡ 21 ዓመታት ገይሩ ኣሎ። መምህር መድህን ኣብቲ ትነጥፈሉ ሞያ፡ ሓንቲ ካብቲን ብጻዕረንን ብሉጽ ባህርያትንን ዝፍለጣ'ያ። “ምትሕግጋዝ ባህልና'ዩ፣ ብዙሕ ኣይትግበር ገለ ግን ግበር ዝብል ስምዒት የቕስነኒ'ዩ” ድማ ትብል። “ብዙሕ ንምግባር ዓቕሚ የድልዮ ይኸውን፡ ውሑድ ነገር ንምግባር ግን ይፍትን ኣለኹ፣ ሕጉስቲ ድማ'የ” ትውስኽ ኣብ ዕላላ። ብርግጽ፡ ብዓቕማ ንኻልኦት ዘተባብዕን ድርኺት ዝፈጥርን ተበግሶ ኣለዋ። ናይ'ቲ ዝቐረበላ ሕቶታት መልሲ ድማ ይስዕብ፡-

**- ድሕረ-ባይታኺ ከትሕብርኒ፣**

ስድራቤተይ ምሳይ ትሽዓተ ደቂ ኣለዋ። ኣደ ናይ ብሓቂ ብርሃን ዝ'ያ። ንዓና ግና፡ ወላዲትና ናእሽቱ ከለና ብሞት ስለ እተፈለየትና፡ ንብዙሕ ዓመታት ዘኽቲምና ኢና። ኣብ ዓመተ 1992 ካብ መበቆል ዓደይ ዓዜን ናብ ኣስመራ መጺእ። ድሕሪ'ዚ፡ ንዓባይ ሓፍተይ ተጋዳሊት ብርሃና ኣሰፋው፡ ከመሃር ከምዝደሊ ምስ ሓበርክዋ ኣተባቢዓትኒ። ተማሂረን ሰልጢነን ሞያ ከጥሪ ከኣ ተበጊሰ። ብሓገዝን ደገፍን ሓንቲ ግድስቲ ኣደ፡ ትምህርቲ ኣሰራርሓ መግብን ኢደ ጥበብን ብስሩዕ ተኸታቲለ ተመሪቐ። ድሌት እንተሎ መገዲ ኣሎ። ጸገም ከም ዝስገር ምእማን እቲ ቀንዲ ነገር'ዩ። ካብ 1997 ጀሚረ ከኣ፡ እቲ ሞያ ኣብ ብዙሕ ውራያት ከሰርሕ ዕድል ከፊቱለይ። ዓማዊል ኣጥርየ፣ ምስ ብዙሓት ሰባት ተላልየ። ኣብ 2003 ፍቓድ ዋኒን ኣውጺአ ከኣ፡ ነዛ ብስመይ መድህን ዝሰመኹዋ ትምህርቲ ምድላው መግቢ ከፊተ። ዘለኹዎ ቦታ ንመንዓዝየ ምቹእ'ዩ። ኣብ ዕዳጋ-ሓሙስ ጥቓ ምውፋር ኣውቶቡስ ዞቦ-ደቡብ ብምዃኑ፡ ተማሃሮይ ካብ ዓድታት ከባቢ ኣስመራ እናተመላለሳ'የን ዝመሃራ። ነተን ካብ ውሽጢ ኣስመራ ዝመጻ'ውን ጸገም የብሉን።

### ብዛዕባ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ እንታይ ትሕብርና?

ብስሩዕ ንሓደ ዓመት ምሂርና ኢና ነመርቕ። ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ መዓልትታት ንምህር፣ ክልተ ሰዓታት ናይ ትምህርቲ ግዜ'ዩ። ክሳብ 2024 ኣስታት 25 ግዜ ኣመሪቕና ኣለና። በዓል ቤተይ መምህር መርሃዊ ተስፋሚካኤል ይበሃል። ዝምስገን ሓገዝን ምትብባዕን ይገብረለይ። ትምህርቲ ምድላው መግቢ፡ ብዙሕ ሃናጺን ኣገዳስን ፍልጠት ዝሓዘ እዩ። ኣበሳስላ ወይ ኣከሻሽና መግቢ፡ ጽሬት፡ ኣቀራርባ፡ ዓቐን ወይ መጠን




ብመንጽር ብዝሒ ተመጋባይ፡ ሓፈሻዊ ምሕደራን፡ ንባህላውን ኣህጉራን ዓይነታት መግቢ ከምኡ'ውን ምቁር ሕብስቲ ከም ቢስኩትን ቶርታን ዘጠቓልል እዩ። ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ ጥዕና ምውሓስ ኣብ ዝብል ወሳኒ ነገር ብምትኳር ዝሰርሓሉ ፍሉይን ዓቢን ሞያ'ዩ። መግቢ መሰረታዊ ጠለብ ወዲ ሰብ'ዩ፡ ውሕስነት ናይ ምንባር ድማ'ዩ። ስለዚ መቕረቲን ጣዕሙን ሸውሃት ዝኸፈተ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ንኣካላትናን ኣእምሮናን ዝሃንጽ ሓይልን ጥዕናን ዝህብ ክኸውን የድሊ።

ከም ትካል ኣብ ጽላል ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጥርኑፋት ኢና፡ ምዕሩግ ስርዓት መመረቕታ ተማሃሮና ነካይድ። እቲ ትምህርቲ ንኩሉ ጾታ ዝምልከት'ኳ እንተ ኮነ፡ ብቑጽሪ ዝበዝሓ ተማሃሮ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ'የን። ደቂ ተባዕትዮ ውሑዳት ዝመሃሩ ኣለዉና። ትምህርቲ ምድላው መግቢ ንኹሎም ብማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር'ዩ፡፡ ከም ዝፍለጥ ሕብረተሰብና ብብዝሒ ውራያት ይጽንበል'ዩ። ብሞያና ንሰርሓሉ ዕድል ገፊሕ'ዩ። ስለዚ ትምህርቲ ኣሰራርሓ መግቢ ንመንእሰያት ክልቲኡ ጾታ ኣገዳሲ እዩ።

### ብመንገዲ ኤራ-ቲቪ፡ ትምህርቲ ኣሰራርሓ መግቢ ተቕርቢ ነይርኪ - ብዛዕባኡ እንታይ ትብሊ?

ኤራ-ቲቪ ብዝሰፍሐ ምስ ህዝቢ ከላለ ዕድል ፈጢራትለይ'ያ። የመስግን ከኣ። ካብ 1999

ክሳብ 2004 ንኣስታት 5 ዓመታት መደባት ኣቕሪበ። ኣብ ተኸታተልቲ ጽቡቕ ተቐባልነት ነይርዎ።

## ንጽጉማት ብዘይ ክፍሊት ዕድል ትምህርቲ ከም እትህቡ ይስምዖ፡ ሓቂ ድዩ?

እወ፡ ብዓቕምና ንፍትን ኣለና። ምትሕግጋዝ ናቱ መቕረት ኣለዎ። ዋላ ውሑድ ቁጽሪ ይኹን የሐጉሰና እዩ። እዚ ብናጻ ምምሃር ዝብል ሓሳብ ሓደ ምሸት ኣብ ኤክስፖ ንዓማዊለይ ናይ ውራዮም መግቢ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን'ዩ ተኸሲቱለይ። ኣብቲ ከባቢ ጽቡቓት መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ተዓዚበ። ኩነታተን ግን ደስ ኣይበለንን። መንገደን ዝሰሓታ ነይረን ክብል እደፍር። እቲ መፍትሒ ናይ ጸገመን ስራሕ ጥራይ'ዩ። ጸዊዐ





ከዘራርበን ወሲነ፣ ቀሪበ ብህድኣት ኣዕሊለየን። ጽባሕ ኣብ ጣዕሳ መታን ከይትኣትዋ፡ ከምዚ ናተይ ሰሪሕክን ክትልወጣ'ዶ ትደልያ? ዝብል ሕቶ ኣቕሪበለን። መልሰን ከኣ እወ ጽቡቕ ዝብል ነይሩ። ትካል ትምህርቲ ምድላው መግቢ ከም ዘለኒ ነጊረየን። ዕድል ስራሕ ዝኸፍት ፍቱው ሞያ ምዃኑ ምስ ሓበርኩወን ድማ፡ ከይተማትኣ ንክመሃራ ወሲነን። በቲ ናይ ሽዑ ተበግሶይ ኣዝየ ሕጉስቲ'የ።

ሽዑ፡ ናብ ቤት ጽህፈት ሚኒ/ዕ/ማ/ድሕነትን ከይደ፡ ነቲ ሓሳበይ ምስ ኣካፈልኩዎም፡ ደጊፎሙኒ። ፈለማ 15 መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ መዲቦሙለይ፣ ኣብ 2007-2008 ተማሂረን። ኣብ 2008-2009 እውን፡ ዳግማይ 10 ተማሃሮ ሚሂረ። ብድሕሪኡ፡ 30 ደቂ ኣንስትዮ ብግቡእ ትምህርተን ተኸታቲለን ተመሪቐን፣ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣምጺኣን ከኣ፡ ዕድል ስራሕ ተኸፊቱለን። ቀጺሉ፡ ከፊሎም ክምህረሎም ናባይ እናምጽኡ ንዘምህሩወን ዝነበሩ ሚኒ/ዕ/ማ/ድሕነትን፡ ሃማመተኤ ኣመስግን። ሎሚ እንተስ ተቖጺረን እንተስ ኣብ ውራያት ኰይነን፡ ይነጥፋ ኣለዋ።።

## ንምዕባላውን ኣእምሮኣውን ስንኩልና ዘለወን ብናጻ ክመሃራ ዕድል ከም እትህቢ'ውን ሰሚዐ - ብዛዕባዚ'ኸ?

ሃገራዊ ማሕበር ኣምሮኣውን ምዕባላውን ስንኩላን ኤርትራ ካብ ዝቐውም ልዕሊ 10 ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። ነዚ ከኣ፡ ኩልና በታ ዘላትና ዓቕሚ ክንዋሳእሉ ዝግባእ'ዩ። ኰም ዝሰረቱ ስለ ዝኾነ፡ ናይ ኩልና ተሳትፎ የድሊ። ብወገነይ፡ ኣብ ከምዚ ምስታፍ ዕግበት ስለ ዝህበኒ፡ ብስማዊ ሓገዝ ብናጻ እሳተፍ'የ። ስለዚ፡ ፈለማ ብጉዳየይ ናብቲ ቤት-ጽሕፈት ምስ ከድኩ፡ ኣደ መንበር ማሕበር ወ/ሮ ይብራኣለም የዕብዮ፡ 'ካብዞም ደቅና ዘይትምህርልና' ዝብል ሓሳብ ኣቕሪባትለይ፣ ብሓጎስ ተቐቢለያ፡፡ ኣብ ዕድመ ንእስነት ዝርከባ፡ ምዕባላውን ኣእምሮኣውን ስንክላና ዘለወን፡ ፈኦዝን ኣማልን ዝበሃላ፡ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ሚሂረየን። ፍሉይ ክትትል ናይ በዓል ቤተይ ድማ ኣለወን። ኣብ ዘዳልዎ መደብ ናይ ውራያት ምሳይ ይወስደን። ልዑል ሞራል ስለ ዘለወን፡ ናይ ብሓቂ'የን ዘድምዓ። ኣደታተን ሰራሕተኛታት ኰይነን፡ ብግቡእ'የን ዝከታተልኣን። ካብዚ ተመኩሮ ተበጊሰ፡ ነዞም ከም እዚኦም ዝኣመሰሉ ቈልዑ፡ ካብ ተኣለይቲ ናብ ኣለይቲ ኣሰጋጊርካ ኣፍረይቲ ንምግባሮም፡ ሞያዊ ስልጠና ምሃቦም ሓጋዚ'ዩ።

## ኣብ ስራሕኪ ዘጋጠመኪ ብፍሉይ እትገልጽዮ እንተሎ?

ኣይሰኣንን'ዩ። ዕለተ መርዓይ ክሳብ ሰዓት 1:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ስራሕ'የ ኣሕሊፈዮ። እቲ ግዜ ድሮ በዓል ናጽነት 24 ግንቦት 2010 ነይሩ። ሽዑ ንዓማዊለይ ከሐጉስን፡ ስራሕ ናይ ሂወተይ መሰረት ምዃኑ ብምእማንን፡ ናይ ውራይ መግቢ ኣዳልየ ወዲአ። ዓማዊለይ ሰብ ውራይ ብመኪና ንገዛይ ከፋንውኒ ከለዉ፡ 'ሎሚ መዓልቲ መርዓይ'ዩ' ኢለዮም። ዝዋዘየዮም ዘለኹ መሲልዎም፣ ኣይኣመኑንን። ድሓር ግን፡ ኣብ ኣፍ ደገ ገዛይ ምስ በጻሕና፡ ዳስ ተሰሪሑ ርእዮም ኣዝዮም ተገሪሞም፡፡ ብርዲኢተይን፡ ንስርሐይ እምነት ኣንቢረሉ'የ። ግዜ ከመይ ይሰርዕ'ውን ይርድኣኒ'ዩ። ምስኡ'ውን፡ ኣኽብሮት ዓማዊል ኣለኒ።

## ንሓዳር ምምራሕን ዕዮ ትካልክን ብኸመይ ተወሃህድዮ?

ሓዳር ካብ ዝምስርት 14 ዓመት ገይረ ኣለኹ። ዕድለይ ጽቡቕ'ዩ ክብል እደፍር። በዓል ቤተይ፡ ዓመት ምሉእ ትምህርቲ ኣሰራርሓ መግቢ ስለ ዝተማህረ፡ ቀዳማይ ሓጋዚየይ'ዩ። ካብ ስርሑ ምስ ኣተወ፡ ደኺመ ከይበለ፡ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ኣትዩ እዩ ዝምህርን። ኣብ ካልእ ዕዮ'ውን ብስሩዕ ይድግፈኒ'ዩ። ደቅና፡ ብትምህርተንን ጠባየንን ንፉዓት'የን። እታ ቦኹሪ ተማሃሪት ሻውዓይ ክፍሊ ኰይና፡ ህያብ ትበሃል። እተን ምንኣሳ ማናቱ ድም ኰይነን፡ ቅሳነትን ሩፍታን ይበሃላ። ስራሕና ክዓብን ክስፋሕን ብስሩዕ ዝኸይድ መደብ ዕዮ ኣለና። ካልእ፡ ኣብ 2019፡ ንተመሃሮ ዝሕግዝ መምሃሪ መጽሓፍ ኣሕቲመ'የ።

## መዛዘሚ ሓሳብኪ እንታይ'ዩ?

ትምህርቲ ምድላው መግቢ ንሓንቲ ጓለንስተይቲ ኣብ ሂወታ መቓይሮ እትገብረሉ ፍቱውን ዓቢ ጥበብን'ዩ። ኣብ ትካልና ክንምህረን ዝጸንሓናን ዘለዋን መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ዳርጋ ኩለን ዕዉታት'የን። ታሪኽይ'ውን፡ ጽቡቕ ገይረ'የ ዘዕልለን። ርእስኻ ምኽኣል ዋሕስ ስለ ዝኾነ፡ ሎሚ ብውልቂ ወይ ብጉጅለ፡ ቤት ሻሂን ቁርስን ከፊተን ይሰርሓሉ ኣለዋ። ኣብ ውራይ፡ ጽሙዳትን ተደለይትን'የን። ስለዚ፡ ጻማ ጻዕርኻ ትረኽበሉን ሓጎስ ዝፈጥረልካን ሞያ'ዩ። ካልእ፡ ምትሕግጋዝ ብሉጽ ባህሊ ሕብረተሰብና'ዩ። ምስ በዓል ቤተይ ተረዳዲእና ከኣ፡ ነተን ከፊለን ክመሃራ ዝጽግማ፡ ብዓቕምና ንሕግዘን ኢና።

# ጥዕና

## መንእሰይ፡ ንግዜኡ ሕብረተሰብ ብእወታ ኣብ ምቕያር ከውዕሎ ኣለዎ

### ዶክተር ሄለን ተዓገስ

ሙራኤል መርሃዊ

እወታዊ ኣተሓሳስባኣን ምቑልልነታን ምስቲ ባህታ ዝፈጥር ድሙቕ ፍሽኽታኣ ብዘይ ስክፍታ ንኽተዘራርባ ኣዝዩ ዓዳሚ'ዩ። ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊዳ ዝዓበየት ጓል ዕስራን ሸውዓተን ዓመት ዶክተር'ያ። ኣብ ሆስፒታል ሰንዓፈ ከም ሓፈሻዊት ሓኪም ኮይና'ያ ትሰርሕ። ንሎሚ ኣብ መጽሔት ኣግእዞ ዕድምቲ ጋሻና ኮይና ዘላ መንእሰይ እንበኣር ኣባል 29 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾነት ዶክተር ሄለን ተዓገስ'ያ።

**ብንእሽቶኺ እንከለኺ ትብህግዮ ዝነበርኪ ሞያ እንታይ'ዩ?**

ኣብዚ ሕጂ ዝዓየሉ ዘለኹ ናይ ሕክምና ሞያ ክነጥፍ'ዩ ዓብዩ ባህጊ ነይሩኒ።

**ምስ ረኺብክዮ ዝተሰመዓኪ ስምዒት?**

ክሳብ ናብ ግብራዊ ስራሕ ዝኣቱ ህንጥዩነት ነይሩኒ። ምስ በጻሕክዎ ከኣ ደስ ኢሉኒ። ብፍላይ ነቲ ኣብ ዕለተ መመረቕታይ ዝነበረ ሓጎስ ብቓላት ክገልጾ ኣይክእልን'የ።

**እዚ ሕጂ በጺሕክዮ ዘለኺ ደረጃ ናይ መን ውጽኢት'ዩ?**

ልዕሊ ኩሉ ናይቲ ምሉእ ጥዕናን ዕድመን ዝሃበኒ ፈጣሪን ናይቶም መስመረይ ከይስሕት ኩሉ ዘድሊ ዘበለ ጠለባተይ እናኣማልኡ ብእሩም ስነ-ምግባር ኰስኲሶም ዘዕበዩኒ ኣባላት ስድራቤተይን ናይቶም ፍልጠቶም ከይበቐቑ ዝመሃሩኒ መማህራነይ ውጽኢት'ዩ።።

**ኣብ ሆስፒታል ሰንዓፈ መዓስ ኢኺ ተመዲብኪ? ሰንዓፈ ከመይ ረኺብክያ?**

ኣብ መጋቢት 2024። ክሊማንቋንቋንባህልን ናይዛ ከተማ ምስ ናይ ኣስመራ ዝመሳሰል ብምዃኑ ኣይተጋየሽኩን።ሰንዓፈ ብእምባታት ዝተኸበትን ታሪኻውያን ቦታታት ዝሓቖፈትን ከተማ ብምዃና ከኣ ብታሪኽ ጥራሕ ዝፈልጦም ዝነበርኩ ከም በዓል ሓወልቲ በለው ከለው፡ መጠራ፡ ከስከሰ ብኣካል ክዕዘቦም ክኢለ'የ። ምስ ባህላውያን መግባታት ናይዚ ንኡስ ዞባ'ዚ ዝኾኑ ጥሕሎን ግዕዝምን ድማ ክላለ ዕድል ረኺበ። ምስቲ ተቐባሊ ጋሻ ዝኾነ ተቐማጢ ናይዛ ከተማ ይነብር ብምህላወይሕጉስቲ እየ።

**ንሞያ ሕክምና ካብ ካልኦት ሞያትት ዝፈልዮ ረቛሒ እንታይ'ዩ?**

ምስታ ፈጺማ ብገንዘብ ይኹን ካልእ ክቡር ነገራት ዘይትትመንን እንተደኣ ሓሊፋ ከኣ ፈጺማ ክትምለስ ዘይትኽእልን ህይወት ወዲ ሰብ ብቐጥታ ስለ ዝተኣሳሰር'ዩ።

**ሓደ ሓኪም ከመይ ዓይነት ባህርያት ክህልዎ ኣለዎ ትብሊ?**

ህዱእ፡ ዓቃል፡ ዕቱብ፡ ኩሉ ግዜ ፍሕሽዉ ኣቀባብላ ዘለዎ፡ ምስ ሕሙማትን መሳርሕቱን ዝለዓለ ናይ ምርድዳእን ናይ ምእማንን ዓቕሚ ዘለዎን፡ ወትሩ ፍሽኽታ ዘይፍለዮን ክኸውን ኣለዎ ዝብል ውልቃዊ ርእይቶ'ዩ ዘለኒ።

**ካብ ተመኩሮኺ ኣብ ደቀ ኣንስትዮ ገኒኖም ዝረኣዩ ሕማማት እንተለዉ ክትጠቕስልና?**

ብዙሓት እንድእዮም እቲ ዘበዝሐ



ዝረኣኽዎ ግና ረኽሲ ሽንቲ'ዩ። ምልክታቱ ቅልጥፍ-ቅልጥፍ ኢልካ ምሻን፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፡ ቅርጸት ኣብ ትሕቲ ሕንብርትን ጎድንን፡ ረስኒ፡ ተምላስወዘተ. እዩ።ጠንቅታት ናይ'ዚ ሕማም'ዚ ማይ ዘይምስታይ፡ ሽንቲ ምዕቋር፡ ግቡእ ጽሬት ናይ ርሕምን ኣፍ-ማህጸንን ዘይምክያድ፡ ረኽሲ ማህጸን … ወዘተ። ክኾኑ እንከለዉ፡ ሳዕቤናት ናይዚ ሕማም'ዚ ከኣ ረኽሲ ኩሊት፡ ረኽሲ ደምን ምንጻል ጥንሲን ምጥቃስ ይከኣል።

**ብዛዕባ ሓደ ካብ ኣስከፍቲ ዝበሃሉ ሕማማት ኣልዒልና ክንዛራረብ ምደለኹ?**

ጸገም የለን። ምርጋእ ደም ሓደ ካብቶም ኣሰከፍቲ ኢልና ንጠቕሶም ሕማማት ስለዝኾነ ብዛዕባ ጠንቅታትን ሳዕቤናትን ኣገባብ ኣፋዋውሳኡን ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒልና ክንዘራረብ ንኽእል ኢና።

**ሕራይ ቀጽሊ?**

ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር ደም፡ ኣዝዩ ሓደገኛን ብቐሊሉ ክፍወስ ዝኽእልን ሕማም'ዩ። እዚ ሕማም'ዚ ከኣ ብተፈጥሮ ክኽሰት ይኽእል'ዩ። ብሰንኪ ጉድለት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክኽሰት ይኽእል'ዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ መጥባሕቲ ዘካየዱ ሰባት፡ ብዝተፋላለየ ምኽንያታት ኣብ ዓራት ኣብ ዝተደነሱ ሰባት፡





ኣብ ሕማም መንሽሮ ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ክስዐ (ክስዕና) ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ደቀንስትዮ ከኣ ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ክርአ ዝኽእል እዩ።

**ምልክታት ናይዚ ሕማም ክትጠቕስልና?**

ሕበጥን ቃንዛን ኣብ መሓውር፡ ለውጢ ኣብ ሕብሪ ቆርበት፡ ናብ ካልእ ክፋላት ኣካላትና ምስ ዝዝርጋሕ ከኣ ሰዓልን ሕጽረት ምስትንፋስን ደም ዝተሓወሶ ዓኽታን ቃንዛ ኣብ ኣፍ ልቢን ዝኣመሰሉ ምልክታት ክንጠቅስ ንኽእል።

**ብኸመይ'ዩ ዝፍወስ?**

በዚ ሕማም'ዚ ተጠቂዖም ናብ ሆስፒታል ዝመጽኡና ሕሙማት እቲ ዝረግአ ደም ክሳብ ዝሓቅቕ ንሓዱሽ ምርጋእ ደም ዝከላኸል መቃጠኒ ደም ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ዝኸይድ መድሃኒት ንህቦም ኢና።

**እዚ ሕማም'ዚ ማዕረ ክንደይ'ዩ ሓደገኛ?**

ሰራውር ደም ካብ ልቢ ዝተጨንጉዐ ደም ናብ መላእ ኣካላትና ዝዝርግሑን ዘዘዋውሩን ናብ ልቢ ድማ ደጊሞም ዝመልሱን ትቦታት ስለዝኾኑ፡ ዝረገአ ደም ናብ ልቢ ወይ ናብ ሳንቡእ ምስ ዝኸይድ ሃንደበት ማዕበስቲ ኣኸቲሉ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ሕማም'ዩ።

**ዝበዝሕ እዋን ኣበየናይ ክሊ ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ሰባት'ዩ ዝርአ?**

እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ክሊ ዕድመ ሓሙሳታትን ልዕሊኡን ዝርከቡ ሰባት'ዩ ብብዝሒ ዝርአ።

**ትመልክዮም ቋንቋትት?**

ቋንቋ እንግሊዝን ትግርኛን እቶም ኣጸቢቐ ዝዛረበሎምን ዝ ሰ ም ዓ ሎ ም ን ቋንቋታት'ዮም። ኣብ ሰንዓፈ ካብ ዝምደብ ንደሓር ከኣ ንቋንቋ ሳሆ ክዛረበሉን ክሰምዓሉን ጀሚረ ኣለኹ።

**ንእትረኽብዮ ትርፊ ግዜ ኣብ ምንታይ ተሕልፍዮ?**

ካብ ናይ ሕክምና ስርሐይ ወጻኢ ንዝረኽቦ ትርፊ ግዜ፡ መጻሕፍቲ ኣብ ምንባብን መሃርቲ ዝኾኑ ፊልምታት ኣብ ምርኣይን ኣብ ምዝንጋዕን ናይ ዕዮ ገዛ ኣብ ምዕያይን'የ ዘሕልፎ።

**ዛጊት በጺሕክዮም ዘለኺ ታሪኻውያን ቦታታት ሃገርና?**

ሓወልቲ በለው ከለው፡ መጠራ፡ ዳዕሮ መጠራ፡ ከስከሰ፡

**እዋናዊ ሕልምኺ?**

ሒዘዮ ዘለኹ ሞያ ሕክምና ኣብቲ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብጺሐ ንሕብረተ-ሰበይ በቲ ዝለዓለ ዝጨበጥክዎ ምያ ብትግሃት ከገልግል እቲ ቀዳማይ ሕልመይ'ዩ። ብተወሳኺ ከም ጓለንስተይቲ መጠን ኣብ ምስራሕ፡ ማለት ምኽሻን መግቢ ተገዳስነት ስለዘለኒ በዚ ዓውዲ'ዚ ተማሂረ ንፍዕቲ ከሻኒት መግቢ ኮይነ ንስድራይ ክምግብን ካብኡ ሓሊፈ ከኣ ክኢላ ስነ-ምግቢ ኮይነ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰበይ ኣበርክቶ ክገብርን'ዩ ዘሎ።

**ዕላልና ናብ ምዝዛሙ ገጹ'ዩ፡ ኣብ መዛዘሚ ትብልዮ እንተሎ?**

ከም መንእሰይ መጠን ንኹማይ መንእሰያት'የ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ዝደሊ። እቲ ዘማሓላልፎ መልእኽቲ ከኣ ንግዜና ብዝግባእ ክንጥቀመሉን ንግዜና ከኣ ንህይወትናን ህይወት ሕብረተ-ሰብናን ብእወታዊ መዳይ ኣብ ምቕያር ከነሕልፎን ከዘኻኽር እደሊ።ኣብ መዛዘሚ ድማ ንኹሎም ኣባላት ስድራቤተይ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ንኽብርቲ ወላዲተይ ወይዘሮ ፍረወይኒ ይስሓቕን ንኽቡር ወላዲየይ ኣቶ ተዓገስ ክፍለየሱስን በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ብልቢ ከመስግኖም እደሊ።

## ስእነት ድቃስ ኣትኩሮ ሓንጎል የጥፍእ

*ስእነት ድቃስ ኣብ ዘለዎምን ዘይብሎምን ሰባት ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዕማም ሓንጎል ፍልልያት ከምዝተራእየ ተመራመርቲ ሓቢሮም።*

*ኣብቲ ዝተኻየደ ፈተነ፡ እቶም ድኹም ድቃስ ዘዘውትሩ ሰባት ምስቶም ምሉእ ለይቲ ደቂሶም ዝሓደሩ ሰባት ምስ ተነጻጸሩ፡ ኣቶም ብስእነት ድቃስ ዝሳቐዩ፡ ኣብ ናይ ምዝካር ክእለት መርመራ፡ ንገለ ክፋል ሓንጎሎም ኣብ ምስትኽኻል ቃልሲ ከምዝካይዱ ተነጺሩ።*

*"እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ'ቶም ስእነት ድቃስ ዝነበሮምን ዘይነበሮምን ሰባት፡ ኤም.ኣር.ኣይ (MRI) ዝተባህለ ዝማዕበል መሳርሒ፡ ተሓጊዝና ኢና ጅረባ ሓንጎል ኣካይድናዮ። በዚ ከኣ፡ ንናይ ምዝካር ክእለቶም ከንፍትሸ ተበጊስና። እቶም ስእነት ድቃስ ዝነበሮም ሰባት ከኣ፡ ብፍላይ ኣብ'ቲ ናይ ምዝካር ክእለት ዝቆጻጸር ክፋል ሓንጎሎም፡ ዘይንጡፋት ኮይኖም ረኺብናዮም" ይብል ሓደ ካብ'ቶም ተመራመርቲ፡*

*ንሱ ኣስዒቡ፡ "ስእነት ድቃስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ግዜ ለይቲ ንኺድቃሱ ብዙሕ ጻዕሪ'ዮም ዘካይዱ። ጸልዋኡ ድማ ኣብ ግዜ ቀትሪ ምፍዛዝን ናይ ምዝካር ዝሕታለን ከምዘጋጥሞም ተገንዚብና" ኢሉ።*

**ኣድሓነት ሳሙኤል**

# ሳዕቤን ልምዳዊ ፍወሳ ኣብ ህጻናት

ዶክተር ሳምሶም ኣባይ

## ክሸቦ ደቂ-ኣንስትዮ

ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣበይን መዓስን ከምዝተጀመረ ዝነግር ንጹር ሓበሬታ'ኳ እንተዘየለ ገለገለ ጽሑፋት ግን ኣብ ግዜ ናይ ንግዲ ባርያ ኣብ ሃገራት ይዕራብ ከምዝተጀመረ ይሕብሩ።

## ምኽንሻብ ደቀንስትዮ እንታይ እዩ?

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ኣካላት ግዳማዊ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ፡ ብምቑራጽ ብምስፋይ፡ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ሃሳይ ኣገባብ ብምጥቃም ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ንዝፍጸም ግጉይ ተግባር ዝገልጽ እዩ።

## ሳዕቤን ምኽንሻብ ደቀንስትዮ

ብሰንኪ ምኽንሻብ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ዝስዕብ ጥዕናዊ፡ ማሕበራውን ስነኣእምሮኣውን ሓልክታት ኣዝዩ ከቢድ ኮይኑ፡ ከቢድ ቃንዛ፡ መድመይቲን ረኽስን ኣኽቲሉ ናብ ሓደጋ ሞትን ስንክልናን ዘብጽሕ ተግባር እዩ። ስለዝኾነ በሰላ፡ ረኽሲ ስርዓተ ሽንቲ፡ ቃንዛ ኣብ እዋን ስጋዊ ርክብ፡ ምቅላዕ ንተመሓላለፍቲ ሕማማትን ገለ ካብቶም ብሰንኪ ምኽንሻብ ዝስዕቡ ጸገማት እዮም። ብተወሳኺ ረኽሲ ስርዓተ መፍረ፡ መኻንነት፡ ሽንቲ ዘይምቁጽጻር፡ ዕጉት ሕርስን ፊስቱላን ብሰንኪ ምኽንሻብ ይስዕቡ እዮም።

## ብሰንኪ ምኽንሻብ ዘጋጥም ሕማም ፊስቱላ

ሕማም ፊስቱላ ብሰንኪ ሕርስን ጥንስን ዝመጸእ ዘይንቡር ምትሕውዋስ ሻንብቆታት መውጽእ ሽንትን (ፍሕኛ) መውጽእ ቀልቀለን (ባጡቕ) ምስ ታሕተዋይ ክፋል ምህጸን ወይ ድማ ርሕሚ ማለት እዩ። ኣብ ኣካል መፈረ ጓል ኣንስተይቲ እዞም ሰለስተ ኣካላት ተቐራረብቲ ብምዃኖም ኣብ ጊዜ ሕርሲ ማዕገቲ ምስዘጋጥም ምትሕውዋስ እዞም ኣካላት ስለዘጋጥም እቲ ንቡር ምቁጽጻር ሽንቲን ቀልቀልን ስለዘይህሉ ሽንትን ቀልቀልን ብርሕሚ ክወጽእ ክሎ ዘጋጥም፡ ንምሕካሙ ተደጋጋሚ መጥባሕቲ (ኦፕሬሽን) ዘድልዮን ዝተሓላለኸን ሕማም እዩ።

## ካብ ትካል ጥዕና ወጻኢ ዝግበር ምኽንሻብ ደቂ ተባዕትዮ

ምክንሻብ ደቂ ተባዕትዮ ከም ባህልን ሕግጋትን ሃይማኖት ምስልምናን ክርስትናን ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ህጻናት ዝግበር ምቁራጽ ላዕለዋይ ሽፋን መትሎ እዩ። ልምዳዊ ምኽንሻብ ክግበር ከሎ ክስመረሉ ዝግባእ ነገር መድመይቲ እዩ፡ ኣብ ትካል ጥዕና ዝግበር ክሸቦ መጠን መድመይቲ ንምክላኻልን ንምርጋእ ደምን ዝሕግዝ ቪታሚን ኬ ስለዘሎ፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ምቁራጽ እቲ ቁስሊ ስለዝስፊ መድመይቲ ኣይጋጥምን። ካብዚ ወጻኢ ዝግበር ምኽንሻብ ግን ምቁጽጻር መድመይቲ ስለዘይከኣል ሳዕቤኑ ሞት ጥራይ እዩ።

ብተወሳኺ ሳዕቤን ባህላዊ ክሸቦ ደቂ ተባዕቲዮ ምቑራጽ ጫፍ መትሎ ከጋጥም ስለዝኽእል ማዕበስቲ ሽንቲ ስለዘምጽእ ኣብ ውሽጢ ሰሙናትን ኣዋርሕን ብሰንኪ ድኻም ኩሊት ሞት የስዕብ።

## ጉጉይ ፍወሳ ሕማም ወይቦ

ብተለምዶ ወይቦ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሕማም ብቫይረስ ዝመጽእ ቅጽብታውን ሕዱር ረኽስን ነድሪን ጸላም ከብዲ ክኸውን ከሎ፡ ከም ምልክቱ ድማ ኣብ ዓይኒን ቆርበትን ምብጫው ይርአ። ኣብ ህጻናት ወይቦ ኤ (Hepatitis A) ዝተባህለ ቫይረስ ብዝተበከለ ማይን መግብን፡ ጽረየቱ ዘይተሓለወ ናውቲ መግብን መስተን ዝመሓላለፍ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሰሙናት ክሓዊ ዝኽእል ሕማም እዩ። ኣብ ባህላውያን ፈወስቲ ብምኻድ ዝስተ መድሃኒታት ብምውሳድ ንቡር ዑደት ስራሕ ጸላም ከብዲ ስለዝሓላልኾ ቅጽበታዊ ድኻም ጸላም ከብዲ የምጽእ። ጸገም ምርጋእ-ደም ብምስዓብ ድማ ሞት የኸትል።



## ጉጉይ ፈወሳን መረዳእታን ሕማም ምንፍርፋር

ሕማም ምንፍርፋር ብረኽሲን፡ ነድርን ሓንጎል ዝመጽእ ግዚያዊ ምልክት ሕምም ኮይኑ ኣብ ውሑዳት ሰባት ድማ ሕዱር ሕማም ምንፍርፋር ይኸውን። ሓንጎልና ከም ኩሉ ኣካል ሰብነትና ክሓምምን ረኽሲ ከጋጥሞን ክንድርን ንቡር ስለዝኾነ ግዚያዊ ምንፍርፋር ክርኣ ሓደ ምልክት ሕማም ኮይኑ እቲ ጠንቂ ሕማም ኣንቅጺ ወይ ካልእ ረኽሲ ምስ ዝኸውን ብግቡእ ምስ ዝሕከምን እቲ ምንፍራፍር ክፍወስ ስለዝኾነ ኣንፈርፈሪዎ ብምባል ዘየድሊ ባህልዊ ፈውሳ ብምውሳድን ክትፍውሶ ምፍታን መወዳእታኡ ስንክልናን ምድስካል ኣእምሮ ብምስዓብ ናብ ሞት ምምራሕ ይኸውን።

ምንፍርፋር ኣብ ህጻናት ብሰንኪ ውጻኣት፡ ሰዓል፡ ነድሪ ሳንቡእን ዝመጽእ ረስኒ ፡ ዋሕዲ ሽኮር፡ እኹል ድቃስ ዘይምድቃስን ዝኣመሰሉ ነገራት ከጋጥም ዝኽእል ኮይኑ ክትፍውሶ ዝቐለለ እዩ፤ ጊዚያዊ ምንፍርፋር ብጉጉይ መረዳእታ ብኢደስብ ወይድማ ብመርገም ፈጣሪ ይመጽእ እዩ ብምባል ካብ ዘበናዊ ሕክምና ምርሓቕ ረብሓ የብሉን።

## ኣቑጽልትን ሱራት ምብላዕ ወይ ኢቃሚምካ ምስታይ

እዚ ዓይነት ፍወሳ ብብዝሒ ዝዝወተር ኮይኑ፡ ወይቦ፡ ሕማም ጸሊም ከብዲ፡ ሕማም ውጻኣት ምስ ዝህሉ ብዝተፈላላየ መልክዑ ተዳልዩ ዝስተ ኾነ ዝብላዕ ፍወሳ ኣዝዩ ሓደገኛ ማህሰይቲ ኣብ ሰበነትና ዘስዕብ እዩ። ካብዞም ተጋኒኖም ዝረኣዩ ኣቁጽልቲ ቆጽሊ በረበር ጸሊም ኮይኑ ንህጻናት ኣብ ግዜ ቅርጸት ኮነ ውጻኣት ተጀፊዑን ተጸሚቑን ዝስተ ኮይኑ፡ ከም ሳዕቤኑ ቅጽበታዊ ማህሰይቲ ኩሊትን ጸላም ከብዲን ስለዘስዕብ፡ ንህጻናት ካብዚ ሓደገኛ ቆጽለመጽሊ ምሃብ ክንቁጠብ ይግባእ።

### "ኢደሰብ" ኢልካ ካብ ዘበናዊ ሕክምና ምርሓቕ

እዚ እምነት እዚ ሓደ ሰብ ወይ ሕሙም ፍሉያት ምልክታት ሕማም ምስ ዝህልዎውዎ ዓይኒ ወይ ኢድ ናይ ካልእ ሰብ ወይ ሳልሳይ ወገን ጌርካ ዝእመን ከይኑ ምስ ብተለምዶ ቡዳ ወይ ጠቢብ ተባሂሉ ዝጽዋዕ መሰረት ዘይብሉን ካብ ጉጉይ እምነት ተበጊሱ ንዘበናዊ ሕክምና ዘይምቕባልን ናብ ዘበናዊ ሕክምና ምኻድ ከም ሓደገኛ ነገር ተቐጺሩ መርፌእ ምውጋእ ጠንቂ ሞት ክኸውን ይክእል እዩ ብምባል ካብ ንሕሙም ክሕግዝ ዝኽእል ጠቓሚ ሕክምና ምርሓቕ እዩ።

### ልምዳዊ ወጌሳ/ምጽፋይ

እዚ ሜላ መሰበርቲ ኣዕጽምቲ፡ መምለቕትን መገመይቲ መለጋገቢ ኣካላትናን ከጋጥም ከሎ፡ ናብ ልምዳውያን ጸፈይቲ ብምኻድ ብሃውሪ ዝግበር ምትዕርራይ ወይ ምጽጋን የዕጽምቲን ምምላስ ወይ ምእታው ዝሞለቐ መለጋገቢን እዩ።

ኣካላትና ስርዓቱ ዝሓለው ተኽለ ሰብነት ዘልዎ ስለዝኾነ፡ መሰበርቲ ኾነ መገመይቲ መምለቕቲን ከጋጥም ከሎ ብግቡእ ብራጂ ዝተደገፈ ነጸርታ ዘድልዮ እዩ። ነዚ ከይገበርካ ንመዓልታት ኮነ ንሰሙናት ንሓደ መለጋገቢ ኢድ ኮነ እግሪ ምጅናን ከምዘይንቀሳቐስ ምግባርን ነቲ መለጋገቢ ምብላሻው የስዕብ።ብኸመይ መገዲ ሞሉቑን ተሰቢሩን ከምዘሎ ከይተረዳእካ ብዕሙት ዳህሳስ ምድራዝ ዝግበር ሜላ ፍወሳ ንብዙሓት ህጻናትን ዓበይቲን ናብ ስንክልና ዝመርሕን ዘሳቕን ዘሎ ስለዝኾነ ሓደጋ ምሰ ዘጋጥም ፡ መሰበርቲ ምስንረክብ መጠን መሰበርቲ ኾነ መንቃዕቲ ዓጽሚ ብምንጻር ብዘበናዊ ሕክምና ዝፈወስን ዝዕረን ነገር ምኳኑ ርዱእ ክኸውን ኣለዎ።







### ጉግይ መረዳእታን ኣፈዋውሳን ሕማም ዓጸቦ

ሕማም ዓጸቦ ክንብል ከለና ሓደ ህጻን እቲ ዝግብኦ መጠንን ዓይነት ኣመጋግባ ኣብ ኩሉ ደረጃ ሞዕባልኡ ምስ ዘይረክብ ብዋሕዲ ድቀ-መኣዛታትን ቪታሚናትን ዝመጽእ ኣሉታዊ ኩነተ-ጥዕና ኮይኑ ካብ ሞት ክሳብ ነባሪ ኣካላዊን ኣእምራዊ ስንክልና ከምጽእ ዝኽእል ዓይነት ሓልኪ እዩ።

### ገለ ካብ ጠንቂ ዓጸቦ

- ንህጻናት ግቡእ ጸባ ጡብ ኣደ ዘይምጥባው
- ኣደ ነፈሰ ጾር ምስ ትኸውን ሃንደበት ምጥባው ምስ ተቋርጽ
- ሓደ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎ ዓይነት ምግቢ ጥራይ ኣዘውቲርካ ምምጋብ
- ትሕዝቶ ዘለዎም ጥረታትን ፍረታትን ገዲፍካ፡ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ምሃብ
- ንህጻን ባዕልኻ ዘይምምጋብ
- ሕማም ውጸኣት ኮነ ካልኦት ሕምማት ብግዚኡ ዘይምሕካም

ግቡእ ኣመጋግባ ዘይረኸበ ህጻን ዳርጋ መላእ ኣካላቱ ትንኩፍ ኮይኑ ናይ ሕማም ምክልኻል ዓቕሙ እዝዩ ስለ ዝዳኸምን ዋሕዲ ሽኮር ስለዘጋጥሞን እቲ ህጻን ኣብ ኣፈደገ ሞት እዩ ዝበጽሕ። ካብ ገኒኖም ዝረኣዩ ሓልክታት ዓጸቦ ሓደ ዋሕዲ ደምን ጉድለት ቪታሚን ኤን ስለዝኾነ እዞም ክልተ ወሰንቲ ድቀ መኣዛታት ኣብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ጥራይ ዝፍወሱ ስለዝኾነ፡ ካብዚ ወጻኢ ዓይነት ንምውጻእ ተባሂሉ ኣብ ሕቖ እቲ ህጻን ምትላሕ ወይ ድማ ፈውሲ ዓይነት ተባሂሉ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣብ ኢድን ክሳድን እግሪን ህጻን ብምእሳር ክትፍውስ ምፍታን፡ ነቲ ሕማም ዘጋዲድን ነቲ ህጻን ናብ ሞት ዘብጽሕን ዝጎድእን እዩ።

### መደመደምታ

ንህጻናት ከርበ ልሕቲት በርበረ ጸሊም ምስታይ፡ ላምባ ቤንዚን ምጭናውን ምድራዝን፡ "ናይ ላዕሊ" ንምፍዋስ ተባሂሉ ኣብ መንበስበስታ ቆጽልታት ምጥፍጣፍ፡ ኣብ ግዜ ውጽኣት ፈሳሲታት ዘይምሃብን ዘይምምጋብ ፡ ህጻን ኣብ እኩብ ሰብ ዘለዎ ቦታ ብምኻድ ኢደሰብ፡ ቡዳ ጠቢብ ሒዚዎ ተባሂሉ ካብ ሕክምና ምርሓቕ፡ በሰንኪ ኣብ እኩብ ህዝቢ ዝመጽእ ምትሕልላፍ ሕማማት ተረሲዑ ናብ ልዕለ መለኮታዊ ሓይሊ ኣጸጊዕካ መንፈሳዊ ፍውሳ ንምንዳይ ናብ "ጠንቋልቲን" "ፈላጣትን" ብምኻድ ጊዜ ምቕታል ነቲ ክሓስብን ከሰተውዕል ዝኽእል ኣእምሮ ዝዓደለና ፈጣሪ ምፍትታንን ጥዕና ደቅና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለዝኾነ፡ ብዝተኻእለ መጠን ንጥዕናና ዝምልከት ሓበሬታ ንዝምልከቶ በዓል ሞያ ጥራይ ብምውካስ ብስነፍልጠታዊ መገዲ ጥዕና ደቅና ምዕቃብን ምፍዋስን ኣማራጺ ዘይብሉ መንገዲ ስልጣነ እዩ። ነቶም ካብዚ ወጻኢ ብሓይልን ጎነጽን ብጎዳኢ ሜላታት ክፍውሱ ዝፍትኑ "ፈውስቲ" ድማ ኩሉ ዜጋ ሓላፊነት ተሰኪሙ ክብድሆምን ናብ ዝምለከቶ ኣካል ክሕብር ዓገብ ክብልን ዜግነታዊ ግደታኡ እዩ።

# “ህ.ግ. ሰብ ክሰርሕን ክበላሓትን ባይታ ዝፈጠረ እዩ”

## ነርስ ውነሽ ተስፋይ (ጓል ፍርቱና)

ዳህላክ ነጋሲ

*ኣብ ንኡስ ዕድመኣ መግዛእትን ጭቆናን ንምምካት ንሜዳ ተሰሊፋ። ኣብቲ ፈለማ ኣጋር ሓኪም ኮይና ንሓጺር እዋን ድሕሪ ምዕያያ፡ መላእ ሓርነት ኤርትራ ክሳብ ዝረጋገጽ ዝበዝሐ ናይ ቃልሲ ግዜኣ ኣብ ኣሃዱ መጥባሕቲ ኢያ ኣሕሊፋቶ። በቲ ኣብ ሜዳ ዝደለበቶ ፍልጠትን ተመኩሮን ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት ክፍሊ እንዳ ዓጽሚ ኣብ መጥባሕትን ካልእ ሕክምናዊ ክንክንን ትነጥፍ ዘላ ኢያ። ነርስ ውነሽ ተስፋይ (ጓል-ፍርቱና) ስማ ብብዙሓት ዝርቋሕ እዩ። ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣብ ስራሕ ሕክምና ዘሕለፈቶ ተመኩሮ ብዝምልከት ኣዘራሪብናያ ኣለና።*



**-ሕራይ፡ ወግዕና ንምጅማር ፈለማ ምስ ኑበሰኺ ኩተላልይና?**

ነርስ ውነሽ ተስፋይ እበሃል። ዝያዳ ብ“ጓል-ፍርቱና” እየ ዝፍለጥ። ኣብ 1963 ካብ ወለደይ ተስፋይ እምባየን ፍርቱና ገብረእዝግዛብሄርን ኣብ ባጽዕ ተወሊደ፣ ኣብኡ ድማ ዓብየ። ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲ ወዲአ ናብ 9ይ ክፍሊ ኣብ ዝተሰጋገርኩሉ ማለት ብ1977 ምስቲ ዝነበረ ውግእ፡ ተጋደልቲ ካብ ባጽዕ ኣውጺኦምና። ካብ ባጽዕ ንከረን ምስ ኣምሬሕና። ስትራጅያዊ ምዝላቕ ምስ ኮነ ድማ፡ ኣነ ኪጋደል ንሜዳ ቀጺለ፣ ስድራይ ከኣ ናብ ስደት ንሱዳን ኣምሪሖም።ኣብቲ ግዜ’ቲ ጓል 14 ዓመት ነይረ። ኣብ መደበር ታዕሊም ብሌቃት ንሰለስተ ወርሒ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲደ፡ ናብ ክፍሊ ሕክምና ተመዲበ። ኣብ ሰቓርቀጠ ድማ መባእታ ትምህርቲ ሕክምና ቀሲመ። ካብ’ቶም ሽዑ ብሓደ ዝተመሃርና ሸዱሽተ ሰባት ናብ ሕክምና ፍልፍል ተመዲብና። ዝበዝሕ ኣካላት ናይቲ ውድብ፡ ናብ ሳሕል ኣብ ዘዝለቐሉ ድማ፡ ንሕና ኣብ ድሕሪ መስመር ኣብቲ ቦታ ተረፍና። ኣብ ድሕሪ መስመር ናብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ክንቀሳቐስ ዕድል ረኺበ’የ። ፈለማ ካብ ፍልፍል ናብ ማእከላይ ምብራቕ ዲላ-ዲሮ ኣምሪሐ፡ ብድሕሪኡ ናብ ደቡብ - ዓሊ ገደ፡ ካብኡ ናብ ዞባ ምብራቕ ቡያን መሳዲዳን፡ ኣብ ምዕራብ ከኣ ኣብ ሃዳሙን



ካልእ ቦታታትን እናተንቀሳቐስኩ ዝሰራሕኩሉ እዩ። ኣብታ ፋልመይቲ ዓመት ኣጋር ሓኪም ኮይነየ ሰሪሐ። ብድሕሪ’ዚ፡ ናብ መጥባሕቲ ኣሃዱ ተሰጋጊረ። ኣብ ድሕሪ መስመር ኣብ እንንቀሳቐሰሉ ዝነበርና ኣብ ውሽጢ ሃገር ኪይተሓጸርና፡ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት እውን እናኸድና ኣገልግሎት ንህብ ነይርናኢና።

**ኣብ ድሕሪ መስመር እትህብዎ ዝነበርኩም ኣገልግሎት እንታይ የጠቓልል?**

እንህቦ ዝነበርና ሕክምናዊ ኣገልግሎት ናብተን ኣብ ድሕሪ መስመር ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ኣሃዱታት ዝቐንዐ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንህዝቢ እዩ። መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ማእከላይ ቦታ ስለዝሰራሕኩ፡ ኑቶም ዝመጹና ተጋደልቲ ይኹኑ ህዝቢ ኣናብ ዝተመደበሉም ክፍሊታት ብምልኣኽ፡ መጥባሕትን ካልእ ክንክንን ይግበረሎም። ንሸንኽ ምዕራብ ምስ ከድናውን ኣብቲ ከባቢ ንዝቕመጡ ህዝቢ ትግራይን ተጋደልቲ ወያነን ምስቲ ሞያ ዝተሓሓዝ ሓገዛት ንገብረሎም ነይርና። ኣብ ድሕሪ መስመር፡ ኣብ ስራሕ ሕክምና ኪይተሓጸርኩ፡ ጀማሂርን መምህርን ኮይነውን ነጢፈ እየ። እቲ ሽዑ ባህሊ፡ ልምድን ስርዓተ ኣነባብራን ሕብረተ-ሰብና ክጽንዕ ሓጊዙኒ እዩ።

ብድሕሪ’ዚ ኣብ 1986 ንሳሕል ብምኻድ፡ ኣብ ማበል 20 ዙርያ ትምህርቲ ኪደር ተሳቲፈ። ካብኡ ንድሕሪ መስመር ኣይተመለስኩን፡ ኣብ ዓሬርብ ተሪፈ። እቲ ኣቐዲምና እነካይዶ ዝነበርና መጥባሕቲ ብውሑድ መሳርሒታትን ወሰንን እዩ ነይሩ። ዝቐሰምናዮ ትምህርቲ ብተመኩሮ ካብ ብጾትና ዝደለብናዮ’ዩ ነይሩ። ኣብ ዓሬርብ ግን ግቡእ ግብራዊ ትምህርቲ ናይ ሓፈሻዊ መጥባሕቲ ተኸታቲለ። ብግብሪ ድማ ኣብ ሓፈሻዊ መጥባሕቲ ንሓያሎ ዓመታት ነጢፈ። ናይ ዓጽሚ፡ ልቢ፡ ዓንዲ ሕቖ፡ ርእስን ካልእን ዝኣመሰለ ከቢድ መጥባሕቲ ነካይድ ነይርና። ብድሕሪ’ዚ፡ ኣብ 1990 ክፍሊ መጥባሕቲ ዓጽሚ ንበይኑ ኣብ ሕዳይ ስለዝተፈለየ፡ ንሓደ ዓመት ኣብቲ ቦታ ምስ ሰራሕና ሓርነት መላእ ኤርትራ ተበሲርና።

**ድሕሪ ናጽነትከ?**

ናጽነት ምስ ኮነ ኩሉ ናይ ሳሕል ናውትና ሒዝና ናብ ኣስመራ ‘ሳላሳ ኣምስተኛ’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ (ሎሚ ሓሊበት ዝበሃል ዘሎ) መጺእና ሰሪሕና ቀጺልና።ኣብ ‘ሳላሳ ኣስምተኛ’ ዝነበረ ኣሃዱ ሕክምና ንግዜኡ ፋሕ ስለዝበለ፡ ካብ 1993 ክሳብ 1996 ኣብ ባጽዕ ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ተመዲበ ይሰርሕ ነይረ። ኣብ 1996 ከኣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ነርስ ኣትየ፡ ግቡእ ትምህርቲ ተኸታቲለ።ኣብ መጥባሕቲ ዓጽሚ፡ ኣብ ሕቡታት ሳሕል ዝደለብክዎ ፍልጠትን ተሞኩሮን ስለዝነበረኒ፡ ምስ ሸዱሽተ ነርሳትን ጠቕላላ ትሸዓተ ኣባላት ንክፍሊ እንዳ ዓጽሚ ሆስፒታል ሓሊበት ኣቕሚናያ። ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ከኣ ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት ሓላፊት ክፍሊ ነርሲን ኮይነ ይነጥፍ ኣለኩ። ብሓፈሻ፡ ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ንኣስታት 46 ዓመታት ሰሪሐ ገናውን ይቕጽል ኣለኹ።

**ሞያዊ ብቕዓትኪ ንምብራኽ ዝወሰድክዮ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ብዝምልከት እንታይ ትብልና?**

ሞያ ሕክምና ቀጻሊ ትምህርትን ምርምርን ዝጠለብ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ንሓደ ዓመት መመላእታ ዝቐጸለ ኣብ ሓፈሻዊ ምኽሪ ነርሲን ዘተኰረ ስልጠና ተኸታቲለ። ብዘይካ’ዚ፡ ናይ ስራሕ ተመኩሮ ንምቕሳም ንክልተ ወርሒ ናብ ሃገረ ስዊዘርላድ ኪይደ ነይረ። ብዓቢኡ፡ ኣቐዲመ ከም ዝጠቐስክዎ ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ትምህርተይ ኣቋሪጸ ንሜዳ ስለዝተሰለፍኩ፡ ትምህርተይ ዘይምዝዛመይ ብውሽጠይ ቅሰንቲ ኣይነበርኩን። ስለዚ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ትምህርተይ ብምቕጻል፡ ኣብ መርመራ 12 ክፍሊ መርመራ



ብምስታፍ፡ ናይ ዲፕሎማ ካፕቢ ኣምጺአ። እንተኾነ፡ ናብቲ ናይ ነርስ ዕማማይ ኣተኩረ።

**ነዊሕ ዓመታት ዝሰራሕክሉ ሞያ ሕክምና ከመይ ትገልጽዮ?**

ሓደ ሓገዝ ዝጠለበ ሰብ፡ ተሓኪሙ ምሉእ ጥዕና ረኺቡ ክዕዙብ እንከለኹ ብውሽጠይ ዝስመዓኒ ዕግበት ብቓላት ክገልጾ ይኸብደኒ እዩ። ሞያ ሕክምና ኣዝዩ ከቢደን ኣይካምንዩ። ብፍላይ፡ ኣብዚ ዝኾፐፈሉ ክፍሊ፡ ዓጽሙ ተሰባቢሩ ንዝመጹ ተሓካሚ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ብምሃብ፡ ቀልጢፉ ተስተኻኺሉ ክርእዮ ከለኹ ዝጸንሓኒ ድኻም ክበንን ይፍልጠኒ። በዚ ድማ፡ ኣብ ሜዳ ኣብ ክፍሊ ሕክምና ብምምዓበይ ኣዝየ ሕጉስቲ እየ። ካብዚ ዝኸቕለ እውን ንደቀይ ዓውዲ-ሕክምና ክመሃሩ'የ ወትሩ ዝመኽሮም ነይረ። እቲ ምንታይ፡ ካብቲ ህዝቢ ዝምርቖ ዝዓቢ ደሞዝ ስለዘየለ። ሕጂ ምስ ዕድመ ኣካላዊ ድኻም ክስመዓኒ ንብሮ'ኳ እንተኾነ፡ ብዝያዳ ኣብ ተሓከምቲ ዝርእዮ ምምሕያሽ እናሓጎሰኒ ብትግሃትየ ናብ ቦታ ስርሐይ



ዝመላለስ።

**ኣብ በረኻታት ሳሕል ዝነበረ ኣገልግሎት ጥዕና ምስዚ ናይ ሎሚ ከመይ ተነጻጽርዮ?**

ኣብ ዓሬርብ 'መንግስቲ ኢና ነይርና' እንተበልኩ ምግናን ኣይኮነን። እቲ ምንታይ፡ ኣብቲ በረኻታት ኩሉ ክንግበር ዘይንጽግም እትርፎ ኽንግበሮ ኢና፡ ክንገጥሞ ኢና ካልእ ኣይነደምጽ ነይርና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ክቱር ናይ ምፍላጥ ባህጊ ስለዝነበረና፡ ካብ ብጾት ይኹን ካልኦት መጺኦም ተመኩሮኦም ዘካፍሉና ክኢላታት ፍልጠት ንምቕሳም ድሕር ዘይንበል ወፍያት ኢና ነይርና። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ጽንኩር ትንፋስ ዘይብሀ ግዜ፡ ንመዓልታት ኪይደቀስና እንሃለና፡ ብጸይና ተወጊኡ ምስ ዝመጽእ ህይወቱ ምድሓን እምበር ካልእ ኣይረኣየናን እዩ። እቲ ገድሊ ብዘለካ ንኽትሰርሕ ዝደርኽ ብምዃኑ፡ ሓደ ኀሮርኡ ዝተሃርመ ብጸይና ብሰንኪ ብቑዕን እኹልን መሳርሒ ትንፋሱ መታን ኪይትሓልፍ ኣብ ከባቢ ክሳዱ ቢሮ ብምእታውን ካልእ ብምብልሓትን ህይወቱ ንምድሓን ምጉያይ'ቲ እንኮ ዝነበረናምርጫ'ዩ።

ኣብ ሜዳ ብሰንኪ ደብዳብ ነፈርትን ካልእ ብደሆታትን፡ ኣብ ቴንዳ ኳንና ክንሰርሕ ንሸገር ነይርና። ድሕሪ ናጽነት ኣገልግሎት ጥዕና ብመንጽር ዓቕሚ ሰብ፡ ዝርግሐ፡ ምዕቡል መሳርሒታትን ካልእ ንኩሉ መዳያዊ ዕብየት ኣመዝጊቡ እዩ። የግዳስ፡ ናይ ሜዳ ኣገልግሎት ብዓቕሚ ሰብ ይኹን መሳርሒታት ደሩት እኳ እንተበረ፡ ኣብ ዕማማትና ግን ኣዚና ዕዉታት ኢና ነይርና። እዚ ስለዝኾነ፡ ህዝባዊ ግንባር ሰብ ክሰርሕን ክበላሓትን ባይታ ዝፈጥር ውድብ'ዩ። ኣብቲ ግዜ ተወፋይነት፡ ጽንዓትናን ካልእ ክብርታትን ሕላገትና ኮይኑ ኣብ ዓወት ኣብጺሑና።

**ብዛዕባ ውልቃዊ ህይወትኪ ኩተዕልልና?**

ኣብ ባሕቲ ግንቦት 1991 ምስ ብጻየይ ሓይሎኣብ መስፍን ተዛሚደና። ድሕሪ ናጽነት፡ ሰለሙንን ዲቦራን ዝበሃሉ ክልተ ውሉዳት ኣፍሪና። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መላእ ሃገር ሓንቲ እንዳ ዓጽሚ ስለዘላ፡ ጻዕቂ ስራሕ ቀጻሊ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ በዓል ቤተይ ብምኽንያት ስራሕ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ይንቀሳቐስ ብምንባሩ፡ ናብራን ሞያን ብማዕረ ምስናዩ ቅሩብ ይኸብደኒ ነይሩ። ድሕሪኡ፡ በዓል ቤተይ ናብ ኣስመራ ምስ መጽአ፡ ቈልዑ ኣብ ምእላይ ክተሓጋገዘኒ ክኢሉ። ንደቅና ኣብ ትምህርቲ ኣርኢና ክንከናኖም ስለዝነበረና፡ ብቐጻሊ ክመሃሩን ናትና ኣሰር ክኸተሉን ንምዕዶም ነይርና። በዚ፡ በዓል ቤተይ ብዘይካ'ቲ ናይ ነርስ ትምህርቱ ብስነ-ቁጠባ ብዲግሪ ተመሪቑ እዩ። ቦኹሪ ወድና ብባዮ-መዲካል ኢንጂነሪን ቀዳማይ ዲግሪ ክህልዎ እንከሎ፡ ካልኣይ ዲግሪ እውን ብመድካል ቴክኖሎጂ ተመሪቑ። እታ ሕሳስ ልደት ጓልና ከኣ፡ ብህዝባዊ ጥዕና ብዲግሪ ትምህርታ ዛዚማ።

**ነርስ ወኻሽ፡ ኣብ መወዳእታ ኩተመሓላልፍዮ እትደሊ መልእኽቲ እንተሎ?**

ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ዝተዋፈሩ መንእሰያት ተስፋ ኪይቆረጹ ብቐጻሊ ክመሃሩን ክመራመሩን እላቦ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሞያ ጥዕና ዝኾፐፉ ደቀንስትዮ፡ ውላድን ናብራን ዕላማኻ ካብ ምትግባር ከም ዘይዕንቅፍ ክሕብረን ይደሊ። ኣብ'ዚ፡ ደገፍ በዓል ቤት ዓቢ ተራ ስለዘለዎ፡ ንምውቕን ውጽኢታውን ህይወት ክልቲኦም መጻምዲ ብምርድዳእ ሓዳሮም ክቕልስዎ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ባህላዊ ፍወሳ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ሓሓሊፉ ይረአ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ክስንክሉ ዘይግብኦ ዝሰንክሉ ህጻናት ኣለው። እቲ ጸገም ብዓቢኡ ነቲ ህጻን ብድሕሪኡ ንወሉዱ ቀጺሉ ንሃገር ዓቢ ክሳራ እዩ። እዚ ስለዝኾነ፡ መላእ ሕብረተ-ሰብ ብንቕሓት ክጥምቶ እላቦ።

ነርስ ወኻሽ ምስ መሳርሒታ



# ሕግን ሕብረተሰብን

ሚኪኤል ጸጋይ

## ለበዋ፡ ርዝነቱ ኣብ ጽፈቱ

ሰብ፡ ንኣመሓድራን ኣወራርሳን ንብረቱ ብዝምልከት ዝሓድጎ ለበዋ ድሕሪ ሞቱ ተቓውሞ ክቐርቦን ክካራኸርን ይርአ። ለበዋ ረዚን ክንሱ ድሕሪ ሞት ተላበውቲ ኪጋጩን ኣብ ገሊኡ ጉዳያት ድማ ክፈርስን ኣይምተገበአን። ምኽንያቱ ከኣ ሓደ ካብ ዕላማታት ምልባው ንሓድግኻ ወይ ንመቕርብካ ነናቶም ብምፍላጥ ኣቕዲምካ ግጭት ምውጋድ'ዩ።

**ሕጊ ኣብ ለበዋ ክልተ ግድነታውያን ሓቅታት ኣብ ግምት የእቱ፡-**

**1) ሰብ ኣብ ንብረቱ ኮነ ስርዓተ ቀብሩ ልቡ ንዘኣምነሉ ብሓርነት ክውስን፡ ሕግን ባህልን ከኣ ነዚ ክኽብሩ፡**

**2) እንተኾነ ተላባዊ ንትግባረ ለበዋ ዝዕንቅፍ ጉድለታት ክፍጽም ኣይግባእን፡**

ለበዋ ክፈርስ ዘይግባእ ጽኑዕ ቃል'ዩ። ለበዋ ድሌትን ናጻ ውሳነን ናይ ዝሓለፉ ሰባት ኮይኑ ሕርያ ልቦም ብድሕሪ ሞቶም ከም ዝፍጸም ኣሚኖም ቀሲኖም ዝፋነወሉ ሕጋዊ መስርሕ'ዩ። ለበዋ ብማይ ቀጠነን ንገለ ሰባት ምእንቲ ክጥዕም ተባሂሉን ክፈርስ ዘይግባእ'ዩ። ከም ለበዋ ዝኣመሰሉ ሕጋውያን ተግባራት ውሉ ቃዊ መሰላት ናይ ፈጸምቶም ጥራይ'ውን ኣይኮኑን። ኣባላት ሓደ ኮም በብውልቆም ዘካይድዎ ሕጋዊ ንጥፈታት ንሕብረተሰብን ሃገርን'ውን ጸላዊ'ዩ። ቁጠባዊ ምዕባለ ዝመጽእ ሰባት ብሓርነት ኣብ ዘካይድዎ ውዕል ስራሕ፡ ወፍርን ስርዓተ ውግና ንብረትን'ዩ። ለበዋ ሓደ ካብኣቶም'ዩ። ለበዋ ብዓመጽ ወይ ብቀጢን ምኽንያት ዝፈርስ እንተኾይኑ ንምውታን ኮነ ንህሉዋት ዘቕስን ኣይኮነን። ስለዚ ክብሪ ለበዋ ክሕሎ ከም ዝግባእ ኣየጠራጥርን።

ይኹንምበር ለበዋ ኣብ ግብሪ ክውዕል እንተኾይኑ ንምትግባሩ ዝዕንቅጽ ጉድለት ወይ ሃጓፍ ከይህልዎ ብጥንቃቐ ክስርሓሉ ይግባእ። ካብዚ ቀጺልና ለበዋ ከም ቃሉን መንፈሱን ምእንቲ ክትግበርን መውትቲ ኣብ መቓብሮም ክቕስኑን ክማልኡ ዝግባእ ረቛሒታት ክንገልጽ ኢና።

**ሀ) ለበዋ ውልቃዊ ባህርይ ኣለዎ፡**

ለበዋ፡ ተላባዊ ብውልቁ ዝፍጽሞ ነገር'ዩ። ተላባዊ ብውክልና ክላቦ ወይ ኣቕዲሙ ተላብይዎ ንዝነበረ ንኻልኦት ልኢኹ ክስርዞ ወይ ክመሓይሾ ኣይክእልን። ለበዋ ካብ ውዕል



ዝተፈልየ እዩ። ምኽንያቱ ውዕል ብውክልና ይግበር'ዩ፡ ሰብ ኣብ ክንዲ ካልእ ሰብ መኪና ይገዝእ ወይ ይሸይጥ'ዩ። ለበዋ ግን ብወኪል እንተተፈጺሙ ፍሩስ'ዩ ዝኸውን። ካብ ወኪል ዝዓበየ ስልጣን ዘለዋ መጉዚትኳ ኣብ ክንዲ'ቲ እትኣልዮ ትሕቲ ዕድመ ወይ ኣካላዊ ኮነ ኣእምሮኣዊ ጉድለት ዘለዎ ሰብ ንብረት በለበዋ ክትህብ ኣይከኣልን። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣቦ ወይ ኣደኳ ክንዲ ሓሚሙ ዝመውት ዘሎ ውላዶም ክላበው ኣይክእሉን።

ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት ብሓባር ኣብ ሓደ ሰነድ ዝገድፍዎ ለበዋ ፍሩስ'ዩ። ሰብኣይን ሰበይትን'ውን እንተኾኑ። ናይ ሓባር ንብረት እንተለዎም'ውን ንበጺሖቶም ብውልቆም'ዮም ክላበው ዝግባእ። ሓደ ሰብ ዋላ ኣብ ሓደ ሰነድ ተላብዩ ከብቅዕ እክለ ብዝሃበኒ ሓሳብ ወይ ምኽሪ ወይ ሓደራ ነዚ ለበዋ ይገድፍ ኣለኹ ክብል'ውን የብሉን። ለበዋ ፍጹም ውልቃዊ ባህሪ ከም ዘለዎ ድማ የገንዘበና።

**ለ) ተላባዊ ብቑዕ ክኸውን ይግባእ፡**

ብቕዓት ማለት እቲ ሰብ ኣመዛዚኑ ክውስን ዘኽእሎ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ሕጋውን ምሉእነት ወይ ብስለት ማለት'ዩ። ተላባዊ፡ ንሳዕቤን ተግባራቱ ንምርዳእ ዝኽልክልዎ ናይ ዕድመ ምንኣስ ጉድለት ኣእምሮ ኣካላዊ ስንክልና ወዘተ ክህልው የብሎምን። ብዕድመ እኹል ዝበሃል 18 ዓመት ዝመልአ እዩ። እንተኾነ 15 ዓመት ዝኣኸሉ ወዕል ከኣትው ክምርዓው ዘይክእሉኳ እንተኾኑ ለበዋ ክገድፉ ግን ይኽእሉ'ዮም። ሰብ 15 ዓመት ከይመልአ ዝጸሓፎ ለበዋ ዋላ 15 ዓመት ድሕሪ ምምልኡ'ውን 'ተዘይሰረዞ ፍሩስ'ዩ። መሰሉ ዝተገፈፈ ናይ ሕጊ ቅጹዕ ለበዋ ክገድፍ ሕጊ የፍቅደሉ'ዩ። ጉድለት ኣእምሮ ወይ ከቢድ ስንክልና ዘለዎም ኣቕዲሙ ብዝውሰነሎም ፍርዳዊ ክልከላ ለበዋ ክገድፉ ኣይክእሉን። ቅድሚ ብፍርዲ ምኽልካሎም ዝገበርዎ ለበዋ ከኣ ጉድለት ኣእምሮ ከም ዝነበሮም ካብ ትሕዝቶ ናይቲ ለበዋ ንምርዳእ ብዝተኻእለ እቲ ለበዋ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ክፈርስ

ተኽእሎ ይህሉ። ፍሉጥ ጉድለት ኣእምሮ ከም ዘለዎም ብኽባቢኦም ዝፍለጡ ሰባት'ውን ዋላ ብፍርዲ ኣይከልከሉ ዝገበርዎ ለበዋ ፍሩስ'ዩ።

**ሐ) ለበዋ ብትሕዝቶኡ ክትግበር ዝከኣል ክኸውን ኣለዎ፡**

ክትግበር ዘይከኣል ለበዋ ዝበሃል በቲ ለበዋ ዝመሓላለፍ ንብረት ኣየናይ ምኳኑ ዘይንጹር ወይ ከኣ እቲ ዝመሓላለፍ ንብረት ብልክዕ ነየናይ ሰብ'ዩ ዝወሃብ ዘይተነጸረ እንተኾይኑ'ዩ። ንኣብነት ንብረተይ ንዘመደይ ይሓደገሉ ኣለኹ ዝበለ ተላባዊ ብርክት ዝበሉ ኣዝማድ ብዝሃለውዎ ነየናይ ዘመድ ከም ዝወሃብ ንጹር ብዘይምኳኑ ክትግበር ኣይከኣልን'ዩ። ሰለስተ መካይን ማለት ቦጥ፡ መኪና ጽዕነትን ንእሽቶ መኪናን ዝውንን ሰብ "እታ መኪናይ ንኣብርሃም ወደይ" ኢሉ ብዝተላበወ ኣየነይተን መኪና ስለዘይተነጸረ እቲ ለበዋ ተቓውሞን ክርክርን እንተኣልዒሉ ዘይትግበር ይኸውን። ኣቐዲሙ ንዝተሸጠ ንብረት ዝግደፍ ለበዋ'ውን ዘይፍጻም ለበዋ'ዩ።

**መ) ዕላማ ለበዋ ኣንጻር ሕግን ስነ-ምግባርን ክኸውን የብሉን፡**

ትሕዝቶ ለበዋ ሕጋውን ስነ-ምግባራውን ክኸውን ይግባእ። ንኣብነት ኣብዚ እዋንዚ ህንጻ ዘይተሰርሓሉ መሬት በለበዋ ክመሓላለፍ ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ ከኣ ህሉው ሕግና መሬት ናይ መንግስቲ ምኳኑ ብምርግጋጽ ውልቀ-ሰብ ተጠቃሚ ናይቲ መሬት'ዩ ስለዚ ንቲ ተጠቃምነት (ስሩሕ ገዛ) 'ምበር ዘይተሰርሐ መሬት ብለበዋ ኣይሲጋገርን'ዩ። ሓደ ሰብ ገበን ምእንቲ ክፍጽም ብለበዋ ዝተገድፈሉ ናይ ገንዘብ ሽልማት'ውን ፍሩስ'ዩ። ኣብ ዘይናትካ ንብረት ምልባው'ውን ንለበዋ ፍሩስ ይገብሮ። ንብረት፡ ኣብ ዝሙት ኣመንዝራትን ቁማርን ንኽውዕል ግዴታ ዘሰክም ለበዋ'ውን ቅቡል ኣይኮነን።

**ረ) ለበዋ ብምፍርራሕን ጸቕጥን ዝተዋህበ ክኸውን የብሉን**

ሰብ ናጻ ኮይኑ ወይ ብሓርነት ክላቦ ስለ ዝግባእ ካልኦት ሰባት ብህይወቱ ወይ ብህይወት መቕርቡ ወይ ብንብረቱ ብምፍርራሕ ንሳቶም ዝደልይዎ ክላቦ እንተኣገዲደሞ ፍሩስ'ዩ። ኣቐዲሙ ብናጻ ድሌቱ ዘዳለዎ ለበዋ ከይስርዝ ወይ ከየመሓይሽ እንተኸልኪሎሞ'ውን ዝገበሮ ለበዋ ንጹግ'ዩ።

**ሰ) ለበዋ ብምትላልን ብጌጋን ዝተፈጸመ ክኸውን የብሉን**

ሓደ ሰብ ብምትላል ወይ መሰረታዊ ጌጋ ብምፍጻም ዝገበሮ ለበዋ'ውን ብሓርነቱን ብዊንታኡን ገይርዎ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣብ መንነት ሰብ ዝተፈጸመ ጌጋ ዓቢ ወይ መሰረታዊ ጌጋ ክበሃል ይከኣል። ሓደ ተላባዊ፡ " ዶክቶር እከለ መጥባሕቲ ኣካይዱ ህይወተይ ስለዘድሓነ፡ ካብ ሃብተይ 100, 000 ናቕፋ ክወሃቦ" ኢሎም ናይ ጽሑፍ ለበዋ ገዲፎም ንበል። ደሓር ለበዋ ኣብ ዝትግበረሉ እዋን ግን መጥባሕቲ ዘካየደ ዶክቶር እቲ ዝበለዎ ዘይኮነስ ካልእ ዶክቶር ምኳኑ ተረጋጊጹ። ኣብዚ እቲ ለበዋ ብሰንኪ መሰረታዊ ጌጋ ዘይትግበር ይኸውን።

**ሸ) ለበዋ ብዘይቅቡል ጽልዋ ዝተጉበረ ክኸውን የብሉን።**

ተጠቃሚ ለበዋ ካብ ተላባዊ ክረብሕ ኢሉ ጽቡቕ ነገር ብምግባር ዘርበሖ ለበዋ ተጻሒፍሉ ብምባል፡ ንኣብነት ንተላባዊ ኣሓኪምዎ ወይ ዓንጊልዎ ብምባል ለበዋ ኣይፈርስን'ዩ። እንተኾነ ንተላባዊ ዘይቅቡል ጽልዋ ክሕድሩ ይኽእሉ'ዮም ንዝበሃሉ ሰባት ዝተጉበረ ለበዋ፡ ስድራቤት ተላባዊ ብዘቕርብዎ ክርክር ብምሉእ ወይ ብኽፊል ክፈርስ ይኽእል። ኣብ ለበዋ ዘይግቡእ ጽልዋ ዝበሃሉ እቲ ተላባዊ ኣብ ተኣፋፊ ወይ ኣብ ኩነተ ሕማምን ፍርሕን'ከሎ ወይ ብሕሉፍ ኣኽበሮት ወይ ቀልቢ ኣብ ዘስሕት ጾታዊ ፍቕሪ ከሎ ዝገበሮ ለበዋ'ዩ። ሲቪላዊ ሕግና ነዞም ዝስዕቡ ዝምድናታት ዘይግቡእ ጽልዋ ክሕድሩ ከም ዝኽእሉ ዘርዚርዎም ይርከብ፡-

**◆ ተላባዊ ትሕቲ ዕድመ ኮይኑ ንመጉዚቱ (ንመዕበይኡ) ዝተላበዎ፡**

**◆ ተላባዊ ንሓኪሙ ወይ ንመንፈሳዊ ኣላይኡ ዝገበሮ ለበዋ፡**

**◆ ተላባዊ ኣብ ምድላው ለበዋ ንዝተሳተፈ ሬጅስትራር ቤት ፍርዲ፡ ኖታዮ፡ ተርጓሚ ወይ ምስክር ዝገደፎ ለበዋ፡**

**◆ ተላባዊ፡ ንኣንጻር ጾታ መጻምድቱ ዝገበሮ ለበዋ (ካብቲ ዝተላበወሉ መጻምድትቲ ዘይውለዱ ውሉዳት ኣብ ዘህልውሉ)**

**◆ ተላባዊ፡ ንውሉዳት ወይ ንወለዲ ናይዞም ክዝርዘሩ ዝጸንሑ ሰባት ዝገበሮ ለበዋ**

**እንተኾነ ነዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ክንፈልጦም ከኣ ኣገዳሲ'ዩ።**

**◆ ትሕቲ ዕድመ (15 ዓመት ዕድሚኡን ልዕሊኡን) ንመጉዚቱ ንብረት ተላቢዩ ኩብቕዕ ዕድሚኡ 20 ዓመት ክሳብ ዝመልእ ብህይወት እንተጸኒሑ እሞ ከኣ እቲ ለበዋ ንወሉዱን ኣብ ቀጥታዊ ሓረግ ዝርከቡ ልዕሊ ወሉዱን ዝተላበዎ እንተኾይኑ ለበዋ ኣይፈርስን።**

**◆ ብለበዋ ዝረብሐ ሓኪም ወይ መንፈሳዊ መራሒ ምስ ተላባዊ ናይ ስጋ ይኹን ናይ መውሰቦ ዝምድና እንተሃልይዎ ለበዋ ኣይፈርስን።**

ብዘይቅቡል ጽልዋ ንዝተጉበረ ለበዋ ክፈርስ ተቓውሞ ከቕርብ ዝኽእል ዝኾነ ዘመድ ወይ ዝኾነ ወራሲ ኣይኮነን። ንመጻምድቲ ንዝተጉበረ ለበዋ ክፈርሰሎም ዝሓቱ ደቂ ወይ ደቂ ደቂ ናይ ተላባዊ ኢዮም። ኣብቶም ካልኦት ጽልዋ ክጉበሩ ከም ዝኽእሉ ዝግመቱ ዝተጉበረ ለበዋ ንምፍራስ ተቓውሞ ከቕርቡ መሰል ዘለዎም ከኣ ወለዲ፡ ንታሕቲ ዝቑጸሩ ውሉዳት፡ መጻምድቲ ናይ ተላባዊ ጥራይ'ዮም። ኣሕዋት፡ ኣሓት ወይ ካልኦት መቕርብ ተላባዊ በዚ ናይ ዘይግቡእ ጽልዋ ለበዋ ተቓውሞ ወይ ክርክር ከልዕሉ ኣይፍቀድን።

ንምጥቕላል፡ ለበዋ ረዚንን መግለጺ ሓርነት ሰብን ስለዝኾነ ክኽብርን ክትግበርን'ዩ ዝግባእ። ይኹን'ምበር ለበዋ ከኣ ኣብ ተግባር ምእንቲ ክውዕል ሕጋዊ፡ ስነ-ምግባራዊ፡ ንጹርን ተላባዊ ብውሉቃዊ ሓርነቱ ዝወሰኖን ዝኣመነሉን ክኸውን ይግባእ። ከም ለበዋ፡ ውህብቶ፡ ዝተሓላለኹ ውዕላት ዝኣመሰሉ ሕጋውያን ተግባራት ኣብ ንፍጽመሉ እዋን ሕጋዊ ምኽሪ ወይ ሓሳብ ምርካብ ከኣ ክልመድ ይግባእ።

# ማህደር ታሪኽ

## "ኤርትራዊት፡ ብሓዊ ዝተፈተነ ወርቂ እያ"

ስኡ-ጥበበኛ ኣምና ዓምር

መሓመድ እድሪስ መሓመድ



ኣምና ኣብ 1961 ኣብኣፍዓበት ምስ ተወልደት፡ ገና ጓል ክልተ ዓመት እንኮላ'ያ ወላዲታ ዝሞተት። ሽዑ ብንእሽቶኣ ከላ እቲ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዝቐመጥ ዝነበረ ኣኮኣ ወሲዱ ብሕንቃቐ ምስኡ ኣዕብዩዋ። ኣኮኣ ሰራሕተኛ ጉምርክ ስለዝነበረ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተቀሳቐሰ ፈለማ ኣብ ኣስመራ ድሕሪኡ ድማ ኣብ ባጽዕ ስለዝተቐየረ ኣምና'ውን ኣኮኣ ኣብ ዝኸዶ እናኸደት ድሕሪ ኣፍዓበት ዝበዝሐ ግዜኣ ኣብ ባጽዕ ተቐመጠት።

ኣምና ኣብ 1975 ምስቲ ዝነበራ ናይ ወለዲ ጭንቀት በቲ ሓደ፡ በቲ ካልእ ድማ በቲ በብእዋኑ ዝግንፍል ዝነበረ ሃገራዊ ስምዒታ ተበጊሳ፡ ናብ ሰውራ ክትጽንበር ወሲና። ካብ ባጽዕ ብመንገዲ ጉርጉስም ገይራ ናብ ሰውራ ኣብዚ ተበገስትሉ እዋን፡ ኣብ መንገዲ ሓለዋ ዝነበሩ ጦር ሰራዊት ጠጠው ኣቢሎም ኣዋጣሪ ሕቶታት ኳ እንተሓተቱዋ፡ ብትብዓት ዘዋጻኣ መልሲ መለሰትሎም። ድሕሪ ከልበትበት ድማ ኣፋንዮማ። ኣምና ከይደንጎየት ካብቶም ወተሃደራት ምስ ተገላገለት ናብቶም ቅድሚኣ ዝጓዓዙ ዝነበሩ ተጓዓዝቲ ተጸንበረት። እቶም ተጓዓዝቲ ብፍላይ እቲ ሰብኣይ ንኣኮኣ ስለዝፈልጥ ብሕቶታት የዋጥራ። ኣምና እናበኸየት ብድፍረት ከዋጽኣ ዝኽእል መልስታት እናመሃዘት ምስኦም ንቕድሚት ጥራይ ትስጉም። ኣብ መጠረሽታ እቲ ሰብኣይ ናብቶም ኣብ 'ደበት ኣሚር' ዝነበሩ ተጋደልቲ (ፊዳይን) ማለት በዓል ጅምዕ ጻውራይ ወዲ ናይብ፡ ኣስመላሽ ወዘተ. ዝባሃሉ ኣረኪቡዋ።

እቶም ተጋደልቲ ኣምና ምስ መጸኣቶም ኣይተቐበሉዋን። ምኽንያቱ 'ሕጂ ንሕና ሓደሽቲ ንቕበል ስለዘየለና ተመለሲ"ይብሉዋ። ኣምና ነዚ ምስ ሰምዓት ብብኽያት ትንኽነኽ። ቅድሚኣ ሓንቲ ካብ ባጽዕ ክትጋደል ዝመጽኣት ዘይነብ እትባሃል ጓል ነይራ።

ድሕሪ'ዚ እቶም ተጋደልቲ ሓደ በዓል ግመል ሂቦም ንሳን ዘይነብን ናብ ሽዕብ ኣፋንዮመን። ካብ ሽዕብ ናብ ብሴስ ካብኡ ድማ ናብ ማይ-ላባ። ኣብ ማይ-ላባ ካልኦት ክጋደላ ካብ ኣስመራን ካልእ ከባቢታት ኤርትራን ዝመጽኣ ደቀንስትዮ ነበራ። ሓንቲ ካብኣን ፎዝያ ሃሽም (ናይ ሎሚ ሚንስተር ፍትሒ) እያ ነይራ። ካልኦት'ውን ማርታ፡ ወዘነት ዝባሃላ ከባቢ 16 ዝኾና ክጋደላ ዝተበገሳ ደቀንስትዮ ነይረን። ደቀንስትዮ ካብ መፋርቕ 70ታት'የን ብብዝሒ ናብ ሰውራ ዝስለፋ ዝነበራ።

በዓል ኣምና ድሕሪ ክልተ ለይቲ ኣብ ላባ ምብጋስ ናብ ስለዝመጸ፡ ነጸላታት ተዓዲለን ንነፍሰ ወከፈን ሓሓንቲ ርብዒት ዝኸውን ሕሩጭ ወዲ-ዓከር ንመንገዲ ዝኸውን ቆጺሮምለን ምብጋስ ናብ ሳሕል ይኸውን። ሽዑ ሓንቲ መኪና ህ.ሓ. ናብ ሳሕል ስንቂ ጽዒና ትብገስ ስለዝነበረት እቲ ቁጻራት ኣብ ክሻ መሊኦም ኣብታ መኪና ጽዒኖሞ። ንሳተን'ውን ኣብታ መኪና ተጻዕና። ቅፍርላ ምስ በጽሑ እቶም ተጋደልቲ ክልተ ኢራብ ቀቲሎም ኣብ ሓመድሉል ዝባሃል ቦታ ውዒሎም። እቲ ስጋ ኢራብ ምስ ሩዝ ኣብሲሎም ነቶም ሓደሽቲ ንምሳሕ ሂቦሞም። ኣምና ነቲ ኣካላታ ብጥይት ተበጃጂሉ ዝነበረ ስጋ ክትብልዕ ነፍሳ ኣይገበረላን። ዕግርግር ስለዝበላ፡ እቶም ተዓለምቲ ብልዒ'ኳ እንተበለዉዋ፡ ፎዝያ ደሓን ግደፉዋ ጸባን ተምርን የኣኽላ ክትብል መለሰትሎም።



ጉዕዞ ካብ ሐመድሉል ናብ ሰሜን ይቕጽል፡ ፈልከት ምስ በጽሑ ድማ ኣብ ፈልከት መኪንኦም ዓሺጎም ይውዕሉ። ኣምና ኣብቲ ዱር ዓዳይ ደቂሳ ከላ ሓኺራይ ገረብ (ዓራግ ዕጨይ) ዝባሃል ተመን ናብ ኣካላታ ይጥምጠማ። ኣምና ኣውያት ትገብር። እቲ ተመን'ውን ሃንደበት ኮይኑዎ እምበር ኮነ ኢሉ ክነኽሳ ኣይመጽኣን። ድሕሪ'ዚ ኣምና ኩሉ እቲ መሬት ብኣትማን ዝተጎብአ እምበር ካልእ ፍጡር ዝነብሮ ኮይኑ ኣይተሰመዓን። ካብዚ እዋን'ዚ ንደሓር ዝኾነ እካላታ ዝትንክፍ ነገር ዕንጸይቲ ይኹን ሳዕሪ ተመን ስለዝመስላ ጥርጥር እናበለት ኣሕለፈቶ። ካብ ፈልከት ተበጊሶም ንምሽቱ ቀጣን በጺሖም። ካብ ቀጣን ድማ ብወድጋን ገይሮም ናብታ ሽዑ ትጽረግ ዝነበረት ጽርግያ ጉሬቶ ክድይቡ እታ ጎላጉል ጥራይ ዝለመደት ኣምና፡ ኣመና ተኻኢላ። ንሳ ካብቲ ናይ መንገዲ ድኻም እቲ ኣብ ፈልከት ዘጋጠማ ተመን ይረኣያ ስለዝነበረ ብለይቲ ዋላ እንተደቀሰት'ውን ብሕልሚ ተመን እናተዓኻላላ ብር ክትብልን ልዋም ለይቲ ዘይተሓድረሉ እዋን ኮይኑዋ። ተመነ-ዕንቅርቢት ድማ ኣካል ናይቲ ገድሊ ምኳኑ ካብቲ ኣብ ጉዕዞ ዘጋጠማ ክትርዳእ ክኢላ።


ብከምዚ ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ፡ እተን ተዓላሞ

ናብቲ ቀንዲ ደጀን ህ.ሓ. ዝነበረ ፋሕን ብሌቃትን በጽሓ። ኣብ ፋሕ ድማ ንገለ ኣዋርሕ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ማእቶታትውን ታዕሊም ምስ ዛዘማ ምውዛዕ ይመጽእ። 10 ዝኾና ደ/ኣንስትዮ ናብ ሓይልታት ክውዘዓ ከለዋ፡ ዝበዝሓ ናብ ቁጠባ ተመዲበን። እታ እንኮ ናብ ጀማሂር ዝተመደበት ትሪንዳድ ጥራይ ነይራ። ኣምና ምስቶም ኣብ ቁጠባ ዝተመደቡ ደብዓት ስለዝበጽሓ ኣብኡ ብቀጻሊ "እሶመለ-ላሌ" እትብል ያታዊት ደርፊ ትግረ እናደጋገመት፡ ድሕሪኡ ድማ በዓል እድሪስ መሓመድዓሊ ዝነበሩዋ ጉጅለ ባህሊ ህ.ሓ. ካብ ከበሳ ምስ መጽኣት ኣምና ደርፍታት ናይታ ጉጅለ ትደግም ነይራ። ኣብታ ጉጅለ ሓንቲ ሳዓድያ እትብሃል ደራፊት ስለዝነበረት ኣምና ንሳዓድያ ክትመስል ትጽዕር ነይራ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ከለዉ ዓሊ መሓመድ (ያዓሲና) ናብ ህ.ግ. ስለመጽአ፡ ንሱ ድማ ኣብ ኣስመራ ደራፋይን ሙዚቀኛን ስለዝነበረ፡ ጉጅለ ባህሊ ህ.ግ. ብወግዒ ክምስርት ሓላፍነት ተዋሂቡ። ነተን ዝደርፋ ዝነበራ በዓል ኣምና ዓምር ኣብታ ጉጅለ ክጽንበራ ኣተባበዖን። ብከምዚ ኣምና ካብ ደብዓት ናብ ፋሕ ብምኻድ ኣባል ናይታ ውልዶ ጉጅለ ባህሊ ኮነት። ዝተፈላለየ ደርፍታት ትግረ ብውልቅን ብሓባርን ክትደርፍ ጀመረት። ብትግረ ግጥምታት ዝህቡዋ ዝነበሩ በዓል ስቶም ሰይድን ጀሚላ ዑስማንን ካልኦትን እዮም። እታ ጉጅለ ድሕሪ ምምስራታ ምርኢታ ብደብዓትን ሰቐር-ቀጠን ፈለመት። ኣብ ፋሕ ኣብ ዝተጋብአ ቀዳማይ ወድባዊ ጉባኤ ድማ ባህላዊ ምርኢት ኣቕሪባ። ካብኡ ናብ ሓራ ቦታታት ዑደት ክትገብር ጀመረት። ቅሮራ ኣብ ወርሒ ጥሪ ሓራ ምስ ወጸት ኣብ ቅሮራ ኣርእያ። ከምኡ እናበለት ናብተን ሓራ ዝወጻ ከተማታት ናቕፋ ኣፍዓበት ቀጸለት። በዓል ከዲጃ ኣድምን ደራፊት ብለን ምሕረት ዘርኣሳንስ ድማ ኣብታ ጉጅለ ተጠርነፋ። ድሕሪ'ዚ እታ ጉጅለ ባህሊ ኣብ ከበሳታት ክሳብ ጾሮና ንህዝብን ተጋደልትን ምርኢት ተቐርብ ነበረት።


ሽዑ እታ ጉጅለ ባህሊ ማእከላይ ቦታኣ መንተብሌ እዩ ነይሩ። ኣብኡ ክትለማመድ እንከላ ብተጋዳላይ ኣረፋይነ በርሀ (ሚኒስተር) ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይወሃባ ነበረ። ብሓላፊ ሕክምና ፍልፍል ስውእ ፍስሃየ ወልደገብረኤል ኣብ ዝካየድ ሰሚናራት እውን ትሳተፍ ነይራ። ሽዑ ኩናት ባጽዕ ይካየድ ስለዝነበረ፡ ምስቲ ኩናት ዝኸይድ ደርፍታት ይድረፍ ነይሩ። ኣብዚ እዋንዚ ኣምና፡ ሓንቲ ካብተን ብዙሕ ደርፍታት ትግሪ ዝነበረን ደቀንስትዮእያ ነይራ። "ሳሕል ኩላ ተሓረረት፡ ኤርትርያ ዓባይ ባሕራ..... ወዘተ ዝብል ደርፍታት እናደረፈት። ኣብ 1978 ኣብ ዓሰራይ ዙርያ ካድር ክትሳተፍ ዕድል ተዋህባ።

ኣብ መጀመርያ 1980 ኣብ ግንባራት ሰሜናዊ ሳሕል ናቕፋን ዝነበራ ጉጅለታት ባህሊ ብርጌዳት ይቖማ ስለዝነበራ፡፡ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ተመክሮ ክትቀስምን ተመክሮ ክተካፍልን ተባሂሉ ንግዚኡ ናብተን ጉጅለታት ባህሊ ብርጌዳት ፋሕ ኢላ። ኣምና ድማ ናብ ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 77 ግንባር ናቕፋ በጺሑ።ኣምና እቲ ዝሓየለ ስራሕን ተወፋይነትን ልዕሊ ኩሉ ድማ ነፍሰኻ ምኽኣል ዘርኣየትሉ መድረኽ እዚ ኣብ ጉጅለ ባህሊ 77 ዘሕለፈቶ እዋን'ዩ ነይሩ። ኢጋጣሚ ኮይኑ ኣብታ ጉጅለ ባህሊ ካልእ ብትግሪ ምስኣ ዝተሓጋገዝ ሰብ ስለዘይጸንሓ፡ ክንዲ ኩሉ ኮይና፡ ገጣሚት፡ ዘያሚት፡ ደራፊት ከምኡ'ውን ብትግሪ ዝግበር መራሒት መደብ ወዘተ ክትኸውን በቒዓ። ዝበዝሐ ደርፍታታ ድማ ኣብዛ ጉጅለ እዚኣ እንከላ ዝደረፈቶ እዩ።



ተጋ/ መሓመድ ሕፉን ምስ ጓሉ ኣብ 1980ታት

ኣምና ሓደ ግዜ ኣብ 1981'ዩ ዝነበረ። ነፍሰ-ጾር ማለት ናይ 7 ወርሒ ጥንሲ ከለዋ፡ እታ ጉጅለ ባህሊ ብጠለብ ናይቶም ኣብ ናሮ (ትክስ) ዝነበሩ ኣባላት ጀማሂር ንህዝቢ ምርኢት ከርእዩ ስለዝተጠልቡ ኣምና ደራፊትን መራሒት መደብን ስለዝነበረት ከቢዳ ጠልጠል ኢሉ ከሎ፡ ነቲ ኩሉ ቁልቁለት ወሪዳ እጃማ ኣበርኪታ። እንተኾነ ንጽብሒቱ ኣብ ምምላስ ነቲ ሰማይ ጠቀስ ጎቦታት ናቕፋ ክትድይብ ኣጸገማ። ግን ከኣ ኒሕን ሓቦን ሰኒቓ ተኻኢላ እንከላ ናብ ናቕፋ ዝተመልሰትሉ ግዜ ኣብ ሎሚ ኮይና ትዝክሮ።



ተጋ/ ኣምና ዓምር እድሪስ 1986 ባቆስ

ኣምናን ነዓኣ ዝመስላ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ በረታዊ ቃልሲ ዘሕለፍኦ ሎሚ እዚ ነይሩ ኢልካ ክትዛረበሉ ምግናን ይመስል። ኣምና ኣብ ሎሚ ኮይና ብዛዕባ ተራ ደቀንስትዮ ክትዛረብ ከላ፡- "ደቀንስትዮ ፍርቂ ሕብረተሰብ እንተኾይነን ኣብ ሰውራና ድማ ቀንዲ መሓውር ነይረን ክበሃል ይከኣል። ደቀንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይቲ ቃልሲ ኣብ ደጀን ይኹን ኣብ ድፋዕ እጃመን ብተወፋይነት ዘበርከታ'የን። ካብ ጎድኒ ደቂተባዕትዮ ከይተፈልያ ገዛውቲ ሃኒጸን፡ ከበድቲ ኣጉናድ ተሰኪመን ሰማይ-ጠቀስ ጎቦታት ወጺኣን። ተዋጊኣን ኣዋጊኣን፡ ሰንኪለን ተሰዊኣን ወዘተ። ተራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ጸዊኻ ዝውዳእ ኣይኮነን። ልክዕ ከምቲ ወርቂ ብሓዊ ዝፍተን ብሓዊ ተፈቲነን ተዓዊተን ከኣ"ትብል።

ኣምና ኣብ 1979 ምስ ስውእ ተጋዳላይ ማሕሙድ መሓመድስዒድ (ሕፉን) ድሕሪ ምዝማድ ምስ 4 ጽምዲ ኣብ ጀልሃንቲ ተመርዕያ። ኣብ 1981 ድማ ሓያት ዝሰመየታ ቦኽሪ ጓላ ወሊዳ። ኣምና ክሳብ ሎሚ ሸምጊለን ደኺመን ከይበለት ኣብ መንግስታውን ህዝባውን ንጥፈታት ሃገር ተመዲባ ካብኣ ዝጥለብ ተበርክት ዘላ ሓርበኛ'ያ።

# ካብ ስልማት ወርቂ ዝኸበረት ወርቂ

ራሄል በርሀ

ለተንስአ ኣብ ጎድኒ'ተን ቅድሚኣ ተሰሊፈን ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበራ ደቀንስትዮ ንኽትሰራዕ ዝደረኻ ፍሉይ ፍጻመ፡ ኣብ ዓዳ ጎደይቲ- ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዘጋጠመ ኩናት ሕድሕድ ምንባሩ'ያ ትዝክር። ድሮ ናይቲ ናብ ገድሊ ዝወጽኣትሉ ዕለት፡ ኣብቲ ዓዲ ናይ ሓደ ሓፋሽ ውዱባት መርዓ ብምንባሩ፡ ኣብቲ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባርን ዝተረኽቡሉ ዳስ ዝተፈጥረ ምፍጣጥ ናብ ብረታዊ ጎንጺ ማዕቢሉ። ኣብ ከምዚ ኩነታት'ያ እምበኣር፡ እታ ንጥፍቲ ሓፋሽ ውድባት ዝነበረት ለተንስአ ኣብ ታሕሳስ 1979 ናብ ገድሊ ዝተሰለፈት።

ካብ ኣቶ ደብረጽዮን ገብረማርያም ወይዘሮ ቅዱሳን በይንን ዝተባህሉ ማእከሎት ሓረስቶት ኣብ ጎደይቲ- ንኡስ ዞባ ደቀምሃረ ዝተወልደት ለተንስአ፡ ክሳብ'ቲ ናብ ገድሊ ዝተጸንበረትሉ ዕለት፡ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ስድራ-ቤታ ብሕርሻን መጓሰን ዓብያ። ኣብ ዕድመ ንእስነታ ድማ ብርሰን ፖለቲካ ህዝባዊ ግንባር ተጸልያ ሓፋሽ ውድባት ብምዃን ካብኣ ዝሕተት ዘበለ ኩሉ (ምስንካት እንጀራ ተጋደልትን ምብጻሕ ናብ ድፋዕን፡ ምእላይ ውግኣት፡ ኣብ ጎስጓሳዊ ኣኼባታት ውድብ ብንጥፈት ምስታፍ. .ወዘተ.) እናፈጸመት'ያ ኣብ መበል 15 ዓመት ዕድመኣ ናብ ቃልሲ ብምጽንባር ዓላ ኣትያ። ምስ ከምኣ ሓያሎ ሓደስቲ ተሰለፍቲ ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብቲ ቦታ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ኣብ ዓራግ- ሳሕል ተዓሊማ።



ብመቓልስታ ብጓል ደብረጽዮን እትጽዋዕ ለተንስአ ኣብ መደበር ታዕሊም ዓራግ ንኣስታት 6 ኣዋርሕ ምስ ተዓለመት ኣብ 1980 ኣብ ጀልሃንቲ ናብ ዝነበረት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመዲባ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምስ ስድራ-ቤቶም ዝተመዛበሉ ህጻናት ዝመሃርሉ ሓደ ካብ ክፍሊታት ህዝባዊ ግንባር'ዩ። ጓል ደብረጽዮን ድማ ልክዕ ከም ኩለን እተን ከም ኣደታቶም ክናብዩኦምን ክሕብሕብኦምን ናብቲ ቦታ ዝምደባ ደቂንስትዮ ተጋደልቲ'ያ ተመዲባ። ኣብ ገድሊ "ናብዚ'የ ዝምደብ ኣብዚ ይሕሸኒ" ብምባል ስራሕን ቦታን እተማርጸሉ ዕድል ኣይነበረን፡ ውድብካ ዝኣዘዘትካ ኢኻ ትፍጽም። እዚ ኣገባብ እዚ ድማ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝልለየሉ ዲሲፕሊን ሓደ'ዩ።

ጓል ደብረጽዮን 6ይ ወራር ድሕሪ ምፍሻሉ ካብ ዝተፈላለዩ ክፍሊታት ብዝኽተቱ ኣባላት ዝቖመት ብ'ሓይሊ እንተ' እትፍለጥ ኣሃዱ ስለዝተጸንበረት፡ ኣብ 1985 ናብ ብርጌድ 85 ተጸንበረት። ሽዑ ድማ'ያ 'ክሻፋ' ዝብል ሓዲሽ ስም ዝተጠመቐት።

ጓል ደብረጽዮን ክሻፋ ዝብል ሳጓ ዝጠበቐታ፡ ቀያሕ ብምዃና ደቂ ኣሃዱኣ ብክሻፋ ትጽዋዕ ንዝነበረት ኣባልም ብምዝካር ዘጥበቑላ'ዩ።

ጓል ደብረጽዮን ኣብ ለካቲት 1986 ጥንሲ ስለዘጋጠማ፡ ኣብ ጻብራ- ሳሕል ናብ ዝነበረ መዕበዪ ህጻናት ተላእከት። ክፉፉ ዓጢቓን ብረታ ተሓንጊጣን ምስ ብጾታ ካብ እትሕልፎ ዝነበረት ገድላዊ ህይወት ተኾሊፉ ቆልዓ ኣብ ምዕባይ ተጸምደት። ናይ ቃልሲ ብጾታ ዝጠለመት ኮይኑ እናተሰምዓን ደም እናጠዓማን ድማ ናብ'ቲ ካልእ ገድሊ ተጸንበረት። ተሰከምቲ ሕድሪ ወለዶም ናብ ዝኾኑ ህጻናት ምዕባይ። ይኹንምበር፡ እቲ ብንያም ዝሰመየቶ ውላዳ ሓደ ዓመት ከይመልአ ወዲ ሸሞንተ ወርሒ እንከሎ መሊሱ ካብ ኣሃዱኣ ዝፈሊ ካልእ መኻልፍ ኣጋጠማ። ንሱ ድማ ሓደጋ መኪና ዝፈጠሮ ከቢድ መጉዳእቲ ዓንዲ ሕቖ ነይሩ።

እቲ ሓደጋ መኪና ኪጋጥማ ዝኸኣለ ኣባል ብርጌድ 85 ዝኾነ ተኸለ ገብረመስቀል ዝተባህለ በዓል ቤታ፡ ብ1986 ካብ ሳሕል ናብ ባርካ ኣብ ዝቐየረሉ ዝነበረ እዋን፡ ንዓኣን ውላዳን ክርኢ ድሕሪ ምምጽኡ'ዩ። ኣብ



ዝተፈራረቐ ሓጎስን ናፍቖትን ግዜ ምፍልላይ ምስ ኣኸለ፡ ከተፋንዎ ብመኪና እናተጓዓዙ መኪናኦም ሳጃ ስለዝተታሕዘት ወሪዶም ክደፍእዋ ተገዲዶም። ካብቲ ሳጃ ከም እትወጽእ ድሕሪ ምግባሮም እምበኣር'ያ ጓል ደብረጽዮን ንኽትስቀል ብድሕሪ መኪና ኣብ ዝነበረትሉ ህሞት ብማርሻ እንዴትሮ ንድሕሪት ብዝተመልሰ መራሒ መኪና ተገጭያ ኣብ መሬት ራዕ! ኢላ ዝወደቐት።

ጓል ደብረጽዮን ንህጹጽ ረድኤት ኣብ ጻብራ ናብ ዝነበረ ሕክምና ምስ ኣተወት፡ መጉዳእታ ከቢድ ብምንባሩ ናብ ማእከላይ ሕክምና ውድብ- ዓምበርበብ ሪፈር ተባህለት። ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ድማ ናብ ዓራሬብ ተመልሰት። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ሕክምናዊ ጻዕሪ ድማ'ያ፡ ከቢድ ስንክልና ዓንዲ ሕቖ ዘጋጠሞም ተጋደልቲ ናብ ዝእለዩሉ ፖርት ሱዳን ዝተጸንበረት።

ጓል ደብረጽዮን በቲ ትጽቢት ዘይገበረትሉ ጥንስን ሕርስን ካብ ደቂ ጋንታኣን መስርዓን ምፍላያ እናተሰምዓ ህይወት ገድሊ ኣብ እተስተማቕረሉ ዝነበረት ህሞት፡ ካብ ትጽቢታ ወጻኢ ንሓደጋ ምቅላዓን ተኣላዩት ስንክልቲ ምዃናን ኣመና ሓዘነትን ኣስተንተነትን። ውላዳ ብኻልኦት ወሊደን ናብቲ መናበዪ ሕጻናት ጸብራ ዝመጻ ብጾት ተጋደልቲ ይሕብሓብ፡ ንሳ ድማ መሓውራ ለሚሱ ኣብ ፖርት ሱዳን ብዝተመደቡ ሓካይም ትእለ። ይኹንምበር፡ ገድሊ መስገደል ዝበዝሑ ጉዕዞ ምዃኑ ኣሚና ቃል ዝኣተወትሉ መሪር ቃልሲ ብምዃኑ፡ "ብዓቢኡ ህይወቶም ዝኸፈሉ ስዉኣት ብጾት'ኳ ዘለዉ" ብምባል ነቲ ዘጋጠማ ጸገም

ብምቅላል ንሕልናኣ ኒሕን ትብዓትን ተሰንቖ።

እቲ ንኣስታት ክልተ ዓመት ብዓይና ዘይረኣየቶ ህጻን ብንያም ኣብ 1988 ኣያ





ሓቑፋ ስዒማቶ። ብሰንኪ ስንክልናኣ ምስ ካልኦት ኣለይቲ ስለዝገደፈቶ ናፍቖት ነይሩዋ። ሕሱም ናፍቖት። ስለዝኾነ እታ ምስኡ ዝተራኸበትላ ዕለት ዳግማይ ዝተፈጥረት ኮይኑ'ዩ ተሰማዓ። ብንያም ብሓልዮት ሓደ ካብን ናብን ፖርት ሱዳንን ሜዳን ውጉኣት ዘመላልስ ዝነበረ ብጻይ ናብ ኣዲኡ ምስ መጸ፡ መንበሪ ናይ'ቶም ስንኩላን ርሻን (ፓላሶ) ብምንባሩ ኣዝዩ ደንጸዎ። ኣብ ጻብራ ስለዝዓበየ ናይ በረኻን ከተማን ነገር ምርዳእ ኣብይዎ ድንግርግር በሎ። ቀስ እናበለ ግን ተለማሚድዎ። ባህርይ ሰውራ ከምኡ ስለዝኾነ።

ድሕሪ 6 ኣዋርሕ ምስኣ ምጽንሑ ግን ለተንስአ ሓደ ደስ ዘየብል ሓበሬታ ብሓለፍታ ተነግራ። ንሱ ድማ "ወድኺ ናብ ቦታኡ ክምለስ'ዩ" ዝብል'ዩ ነይሩ። ነቲ ብእዝና ዝሰምዓቶ ክትኣምኖ ኣይከኣለትን። ብስንባደ ድማ "ኢሂ እንታይ ኣቢሱ? ምሳይ እንተኾነ እንታይ ጸገም ኣለዎ?" ክትብል ነቲ ሓበሬታ ዝሃባ ሓላፊ መለሰትሉ። እቲ ዝተዋህባ መልሲ ግን"እንቋዕ ጥራይ ውላድኪ ረኣኺ'ምበር ኣብዚ ምሳኺ ክነብር ኣ ይ ፍ ቀ ድ ን ' ዩ " ዝብል ነበረ።

ዳል ደብረጽዮን በቲ ዝተዋህባ ተሪርን ዘይቅየርን ትእዛዝ ዕረ ዝጨለጠት ኮይኑ እናተሰምዓ ንበዓታ ንውሽጢ ኣውሓዘት። ህይወት ገድሊ ከምኡ'ዩ። ዝተኣዘዝካዮ ብዘይ ቅድመ ኩነት ትፍጽመሉን፡ ከም ድላይካ ዘይትኾነሉን መኣዲ ቃልሲ'ዩ። ብንያም ናብ ጻብራ ተመልሰ። ለተንስአ ድማ ኣብታ ወዳ ብምኻዱ ዝቖረረት ገዛ ንበይና ተረፈት። ድሕሪ ሓደ ዓመት ዳግማይ ክሪኣ ምስ ተመልሰ ግን፡ 24 ግንቦት 1991 ኤርትራ ናጽነት ስለዝተበሰረት፡ ኣብ ዓመቱ ግንቦት 1992 ወዳ ሓቚፋ ብነፋሪት ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ደበኸ በለት።

እቶም ንፈለማ ካብ ፖርት ሱዳን ናብ ኤርትራ ዝኣተዉ ስንኩላን ኣብ ሆስፒታል ሓዝሓዝ'ዮም ኣትዮም። ስድራኣ ከኣ ኣብኡ መጺኦም ርእዮማ። ናይ ወላዲ ነገር ኮይኑዎም ሰንቢዶም። ኣቦኣ ሕማቕ ከይስምዓ ብምስጋእ"ድሕን እዛ ዓለይ ውላድ ከይረኸቡ ዝተሰውኡ'ኳ ኣለዉ። ንሕና ጅዳ ኬድኪ ወርቂ ሒዝኪ ከምዝመጻኺ ኢና ንርእየ" ብምባል ኣተባቢዖማ።

ኣደኣ'ውን ካብኦም ብዘይፍለ ሞራል ኣስኒቖናኣ። ንሳ ድማ ስንክልናኣ ምእንቲ ናጽነት ዝኸፈለቶ ክቡር ዋጋ ምዃኑ እናተሓበነት"በሉ ፍቑራት ወለደይ እንቋዕ ጥራይ ኣብ ቅድመይ ኣይሓዘንኩም ኣይቃዘንኩም። ኣነ ባዕለይ ወርቂ ኮይነ መጺኤኩም ኣለኹ" በለቶም።

ሓቢሮም ድማ ሰሓቑ። ሰሓቕ ሓጎስን ሓበንን።





ስንኩላን ፖርቲ ሱዳን ንዝተወሰነ መዓልታት ኣብ ሓዝሓዝ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ'ቲ ከም ቀዋሚ መንበሪኦም ዝተመርጸ መዓስከር ደንደን'ዮም ኣምሪሖም። መዓስከር ደንደን ኣብ እዋን መግዛእታዊ ስርዓት ሃጸይ ሃይለ ስላሴ፡ ወትሃደራዊ መዓስከር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነበረ'ዩ። 'ደንደን' ብዝብል ስም ዝተተከኣሉ ምኽንያት ከኣ ታርኻዊ ዕርዲ እምባ ደንደን ንምዝካር'ዩ።

ዳል ደብረጽዮን ኣብቲ ሰፈር ጀጋኑ ዝኾነ መዓስከር፡ ብንያም ወዳ ኣብ ትሕቲ ሕቑፋ ኮይኑ ክዓብየላ ልዑል ባህጊ ነይሩዋ። ሕጂ'ውን እንተኾነ እቲ ናይ ፖርት ሱዳን ሕማም ዳግማይ ደገሳ። ጉዳይ ህጻናት ብዝምልከቶም ኣካላት ውድብ ብንያም ምስኣ ክነብር ከምዘይፍቀዳን፡ ኣብ መዕበዪ ሕጻናት ክመሃር ምዃኑን ሓበርዋ። ብዘይካ ዝተባህላ ክትፍጽም ካልእ ምርጫ ኣይነበራን። በዚ ከኣ ብንያም 'ኦርፋን' ተባሂሉ ናብ ዝፍለጥ መዕበዪ ህጻናት ተጸንበረ።

ህጻን ብንያም ብሓልዮት መንግስቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ መበል 21 ዙርያ ናብ ሳዋ ብምውራድ ሃገራዊ ግቡኡ ፈጺሙ። ናብ ኮሌጅ ቴክኖሎጂን ስነ-ፍልጥትን ማይ ነፍሒ ዘእቱ ነጥቢ ድሕሪ ምርካብ ብዓውዲ ጂኦሎጂ ብዲግሪ ተመሪቑ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ በዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ውሉዳትን ኮይኑ ይርከብ። ዳል ደብረጽዮን ብወዳን ደቂ ወዳን፡ ብንያም ድማ ብጅግንነት ስንክልቲ ኣዲኡን ስዉእ ኣቡኡን እናተሓበኑ ኣብ መዓስከር ደንደን ብሓባር ብፍቕሪ ማሚቖም ይነብሩ ኣለዉ።

ዳል ደብረጽዮን ድሕሪ ናጽነት ብስንክልና ተሰኒፉ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ካብ ምምሃር ኣይበኾረትን። ካብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ናብ መዓስከር ኣልጌን እናመጽኡ ምሸታዊ ብዝምህርዎም ዝነበሩ መምህራን ክሳብ 12 ክፍሊ ተማሂራ። ኣብ 1995 እውን ብሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ዝተዋህበ ናይ ኮምፒዩተር ኮርስስልጠና ረኺባ'ያ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዳል ደብረጽዮን፡ ናይተን ኣብ መዓስከር ደንደን እትርከብ ብ'ክሉብ ሳሕል' እትፍለጥ ቤት ቁርሲ ወነንቲ ዝኾና 26 ስንኩላን ደቀንስትዮ ኣባል ኮይና፡ ተሓዚት ገንዘብ ብምዃን ብዝረኸበቶ ወርሓዊ ኣታዊ ህይወታ ትመርሕ ኣላ። መጽሔት ኣግእዞ'ምበኣር፡ ነዛ ካብ ስልማት ወርቂ ዝኸበረት ወርቂ ምስ ደቃን ደቂ ደቃን ጥዕና ትምነየላ!

# እታሓርበኛ እንክትዝከር

ካልሹም መሓመድ ደባስ


ካብ መግዛእቲ ተናጊፎም፡ ናጽነት ክጎናጸፉ ኤርትራውያን ዝኸፈልዎ ዋጋ ሙተመኒ የብሉን። ብሂወት፡ ብጉልበት፡ ብጺጋ፡ ብጸሎት . . . ኩሎም ድማ ናጽነት መን ይርኣያ ብዘየገድስ ናጽነት ከም እትመጽእ፡ እቲ ዝሓለፈ ገድልን መስገደልን ቡቶም ዝተርፉ ከም ዝጽወየሉ ጥርጥር ኣይነበሮምን። ኮይኑ ከኣ፡ እቶም ዝተረፉ ጾር ከቢድዎም ብዝዓቕሞም ጾዋ ብጹቶም ከስምዑ ይህቅኑ ኣለዉ። ካብ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ወይዘሮ ኣምና ሓሰን - ሓላፊት ዞባ፡ ከምኡ'ውን ወይዘሮ ፋይዘት ኣዳላ - ሓላፊት ውደባ፡ ሞያ ናይተን ናይ ገድሊ ብጺይተንዝነበረት ሓርበኛሰንበቱ በኪትንኣንበብቲ ኣግእዞ ከካፍላ ተበግሶ ወሰዳ። ካብቲ ባሕሪ ታሪኽ ነዛ ትስዕብ ሓጻር ዝኽሪ ሂወት ቀዲሐንለኣኻ።

ሓርበኛ ኣደና ሰንበቱ ካብ ኣቦኣ በኺት መሓመድ ሓምድ፡ ኣደኣ ወይዘሮ ብርክቲ ግንደር መስመር ኣብ 1926 ኣብ ገለብ ተወሊዳ ምስ ወለዳ ዓብያ። ዕድማኣ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ኣብ ወንጌላዊት ቤት ትምህርቲ ገሉብ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ተማሂራ። እንተኾነ ኣብቲ ከባቢ ልዕሊኡ ትምህርቲ ስለዘይነበረ ኣይቀጸለቶን። ኣብ 1946 ድማ ንነፍስሄር ኣቶ ጉብሩ ተስፋልዑል ህብቴስ ተመርዕያ ሓዳራ እናመርሐት ኣብ 1976 ኣደ ሽዱሽተ ቆልዑ እንከላ ኣብ ህ.ሓ.ሓ. ኤ. ተወዲባ ኣብ ከባቢኣ ክትሰርሕ ጀመረ።ካብ 1976 ክሳብ ታሕሳስ 1980 ኣባል ሓፋሽ ውድባት ክትነጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ካብ ጥሪ 1981 ክሳብ ታሕሳስ 1984 ኣባል ብድሆ ሽማግለን ሓላፊት ደቀንስትዮ ሓውሲ ከተማ ገሉብን ኮይና ሰሪሓ። ካብ ጥሪ 1985 ክሳብ 1991 ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ባይቶ ገሉብ፣ ካብ መጋቢት 1983 ክሳብ መስከረም 1992 ድማ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ሃማደኤ ኮይና ኣገልጊላ።

ሓርበኛ ሰንበቱ ስነሓሳባዊ ፍልጠታ ንምስፋሕ ኣብ 1984 ናይ ካድር ስልጠና ወሰደ። እዛ ሓርበኛ ካብ ዝተወደበትሉ መዓልቲ ጀሚራ፡ ኣብ ጎኒ ሰውራ ኮይና ኣብ ምስላጥ ዕማማ እንከላ አርባዕተ ግዜ ካብ ከበባን ምኽርዳንን ጸላኢ ብትብዓት ወጺኣ።እቲ ተካይዶ ዝነበረት ንጥፈታት ኣብ ወረዳ ገሉብ ኮይኑ 1988 ናደው እዝ ብህዝባዊ ሰራዊት ተደምሲሱ ከተማ ኣፍዓበት ሓራ ምስ ወጸት፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ግንባራት መስሓሊትን ሮራ መንሳዕን ስለዝዓረደ፡ ህዝቢ ካብቲ ናይ ውግእ ቦታ ክእለ ብክፍሊ ህዝቢ መምርሒ ተዋሂብዎ። እቲ ዝበዝሐ ኣብ ጎቦታት ፋሕ ክብል ከሎ፡ ኣደና ሰንበቱ ትርከቦም ሓለፍትን ካድራትን ግን ናብ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ምኻድ ስለዝመረጹ ምስ ብዙሓት ስድራቤታት ኣብ ወግሬት - ከባቢ ናቕፋ ተዓቒቡ። ኣብኡ ድማ ምስተን ንሳሕል ዝወረዳ ደቀንስትዮ ኮይና ንጥፈታታ ቀጸለቶ። እዘን ደቀንስትዮ ብፍላይ ኣብ ሕክምና ጻብራ ንዝነበሩ ወጉኣት ኣብ ምእላይ ዓቢ ኣበርክቶ ገበራ።

እዛ ሓርበኛ ክልተ ደቃ ኣብ ህ. ግንባር ተሰሊፎም፡ በኹሪ ውላዳ መምህር ተስፋልደት ጉብሩ ሞባእ ንሃገር ኮይኑ፡ ተሰዊኡ። ወዳ ዕቕባይ ጉብሩ ድማ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሓይሊታት ምክልኻል ኣሎ።

እዛ ተባዕን መትብዒትን፡ ወፍይቲን ራህራሂትን ሓርበኛ ንዘወሃባ መደባት ገድሊ ምስጢራ ዓቂባ ንኩተሳልጥ፡ ካብ ዞባ ናብ ዞባ፡ ካብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ናብ ደጀን ትወናጨፍ ነበረት። ብማእከል





መዓስከራት ጸላኢ ሰንጢቕካ ምሕላፍ ሲጋእ ከየበላ ንሳሕል እናወረደት ኣብ ጉባኤታትን ሰሚናራትንተሳቲፋ ንዓዳ ትምለስ ነበረት።

ኤርትራ ሓራ ምስ ወጸት ሓርበኛ ሰንበቱ ምቕማጣ ኣብ ከተማ ከረን ኮነ። ናብራ 'ሀ ኢላ ጀመረት፡ ዝኾነ ትሕዞ ኣይነበራን። ብናብራ ኣማሪራ ግን ኣይትፈልጥን። ብጽንዕታ፡ ምስ ግዜ ከይተቐየረት ድማ ኣብ 2017 ብሕማም ተሰዊኣ፡ ንሳ ሓሊፋ፡ ታሪኻ ግንይኑብር ኣሎ።

እዚ ናይ ቀረባ መቓልስታ ወይዘሮ ኣምናን ወይዘሮ ፋይዘትን ኣዳላን ዝለኣኽኦ እዩ። ንእሽቶ ሓዋ ቀሺ ዘርኤ በኪት ድማ ብከምዚ ይዝክሩዋ፦-

"ሰንበቱ ተፈጥሮ ዝዓደላ ዘይድፈር ግርማ ነበራ። ካብቶም 13 ደቂ በኪት ካልኣይቲ እያ። ኣቦና ኣዝዩ ይፈትዋ ስለዝነበረ ዝኾነ ጉዳይ ስድራ ምስ ዝህሉ ንዓኣ'ዩ ዘማኽር። ንሕና'ውን ገለ ምስ እንደሊ ነቦና ከተፍትወልና ንዓኣ ኢና ንነግር። እቲ መንፈሳ ረዚን እዩ። ኣዝያ ምስጢራዊት ስለዝኾነት ከኣ ኣሚንካ ተማኺራ" ይብሉ። ቀጺሎም "ኣብ ገሉብ ክልቲኣን ውድባት (ተሓኤን ህግሓኤን) ነይረን፡ እየን። ንሳ ካብ ፈለማኣ ኣብ ህዝባዊ ግንባርእያ ተወዲባ። በኹሪ ውላዳ ኣብኡም ምስ ተሰለፈ እሞ ከኣ ነታ ውድብ ከም በኹሪ ውላዳ ረኣየታ። ተጋደልቲ ተዐንግል፡ ስራሕ ተወሃህድ፡ ህዝቢ ትውድብን ምኽሪ ትህብን።"

ብመሰረት ዕላል ቀሺ ዘርኤ፡ ኣብ 1970 ገሉብ ኑዲዳ ህዝባ ምስ ተፈናቐለ እታ ሰድራ ጠቕሊላ ከረን ኣተወት። ንሳ ግና ቀልጢፋ ናብ ገሉብ ተመሊሳ ምስጢራዊ ተልእኾ ሰውራ ንምስላጥ ጥራይ ናብታ ከተማ ተኣቲ ነበረት። ኣብ 1977 ከረን ብህዝባዊ ግንባር ሓራ ኣብ ዝወጸትሉ እዋን ኣትያ እኳ እንተነበረት ኣብ ዓዲ ምግልጋል ይሓይሽ ኢላ እንደገና ተመልሰት። ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ምስ ኮነ፡ ሓንሳብ ኣረጊት ሓንሳብ መርዓት እናመሰለት ሰውራዊ ተልእኮ ሒዛ፡ ብፍላይ ሙሳ ዝበሃል ሓዋ ኣብ ስርዓት ደርግ ኣብ ምምሕዳራትን ኣብ ፓርቲ ኢሰፓን ዓቢ ስልጣን ምስ ሓዘ፡ ኣንጻር ህዝቡ ሕማቕ ኪይጉብር ከም ሓውቲ ክትመኽሮን ካብ ተጋደልቲ ዝሰደደሉ መልእኽቲ ኩተብጽሕን፡ ጽንኩር ፈታሽ ብሎኮታት እናሰገረት ትመላለስ ነበረት።

ቀሺ ዘርኣ ካብ ዝዝክርወን ፍጻመታት “እታ ቀዳመይቲ፡ ድቡዳበ ኩበጸሓሉ ምስ በለትኒ ቅድም ኣነ ረኺብ ነገረየ።ቤት-ጽሕፈተይ ብሰራዊት ዝተኸበ ስለዝኾነ ንሽካ ኣምጺኣየ በለኒ። ኣነ ወሲደሉ፡ መልሲ ጽሒፉ፡ ቀልጢፋ ትውጺእ ኣብ ሓደጋ ኪይትወድቕ ኢሉኒ። መልእኽታ ሒዛ ከኣ ብሰላም ወጺኣ። ድሕሪ ገለ እዋን ድማ ካልኣይ መልእኽቲ ኣምጺኣ፡ ሽዑ ሙሳ ሓወይ ምልእቲ ስድራ ኪይትልከም ኣዝዩ ሰግኣ። ቀልጢፉ ከም ትወጽእ ከኣ ገበርና። መልእኽታታን ምኽራን ህዝቢ ኪይጉዳእ ዝኽእሎ ክጉብርን ኑቲ ስርዓት ጠንጢኑ ክኸይድን ዓቢ ግደ ነይሩዎ” እብል።

ኣነ ብትብዓታ እድንቓን እሕበንን። ዋጋ ሓርነት ክቡር እዩ። ኣብ ዓለም ከለኻ ምፍላይ ጥራይ እኳ ካብ ዕረ ይመርር። ሰንበቱ ሓውተይ ሞያኣ ኣይተተዓባበ፡ ተጸጊማ ኢላ ኣይተማርር፡ ካብ ሜዳ ምስ ኣተወት ሓንቲ መዕረፊት ትኾና ንእሽቶ ገዛ ረኺባ ጓል ጓላ እናኣለየታን ኣሕዋታ እናሐገዘዋን ትናበር ነይራ። ኣመስጋኒትን ትስፍውትን ስለዝነበረት ግና፡ ምስ ምሉእ ኣእምሮኣ ጓል 90 ዓመት ትኸውን እያ ዓሪፋ” ክብሉ የዘንትዉ።

ገዲም ተጋዳላይ ኮሎኔል ዑስማን በኪት ካብ 1975 ኣትሒዘ እዩ ዝፈልጣ። ሓንሳብ ንህዝባዊ ግንባር ብልባ ኣሚና ምስ ተቐበለታ ዘይቀየረት ድንቂ ኣደ ምኳና ድማ ይገልጽ። ካብ ውላድን ሓዳርን ንሃገር ኣቐዲማ ምንቅስቓሳ ዘይተዋሕጠሎም ገለ ጎተትቲ “ናብራኣ ገዲፉ ኣብ ፈቐዶ መዓስከራት ተጋደልቲን ኣኼባታትን ኮለል ክትብል እንታይ ሓዳር ክትጉብር” እናበሉ ነቓፅ ክፈጥሩ ፈቲኖም። ኣቦይ ጉብሩ ግና ንዓኣ ስለዝኣምናን ምሉእ ልቡ ንገድሊ ስለዝሃበን፡ ሞራል እምበር ዕንቅፋት ኮይኑዋ ኣይፈልጥን። ንሳ እውን ነፍሳ ስለተኣምንን ምስ ሓዳራ ስለትረዳዳእን ኑቲ ሕሱር ሕሜታት ዝሰምዕ እዝኒ ኣይነበራን።

ተጋዳሊት ፋይዘት ኣዳላ “ኣደይ ሰንበቱ ብነፍሳ ኣእማኒ ውቃብ ነይሩዋ። ኣብቲ ዓዲ ኣዝያ ተሰማዒትን ቅብልትን፡ ስራሕ ከተዋፍር እንከላ ብትእዛዝን ተግሳጽን ዘይኮነ እዚ ንግበር እያ ትብል። ኣብ ኩሉ ስራሕ ቀዳምነት ባዕላ ስለትሳተፍ ድሕርሕር ዝብል የለን። ተላኢኻ ከረን ክትኣቱ ከላ ዝኾነ ምምስሳል ትገብር ዝግገያ የለን፡ ግን ህዝቢ ስለ ዝቕበላን ዝኣምናን ኣሕሊፉ ኣይሃባን” እናበለት ትዝክራ።

ካብ ፈለማ 80ታት ኣትሒዙ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ሓላፊ ክፍሊ ህዝቢ ዝነበረ ገዲም ተጋዳላይ ማሕሙድ ሓሰበላ፡ “ገሉብ ምስ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ተመዲቡ፡ ዕቱብ ምውዳባት ህዝቢ ክንጀምር ከለና ኣብ 1981 ደቀንስትዮ መራሕተን ክመርጻ ኣኼባ ገይርና። ንሳ ብልዑል ድምጺ ተመሪጻ። መትከላት ህዝባዊ ግንባር ብልባ ስለዝኣመነትሉ ኒታ ውድብ ጽንጽያ ዓይና ዘንፍረላ ኣይትፈቱንያ። ካብ ከረን፡ ‘ብኢድኪ ኪይሓዝናኪ ባዕልኺ እተዊ’ ዝብል ደብዳቤታት ብቐጻሊ ይመጻ ነይሩ። ንሳ ግን ኪይተዳህለት ስርሓ ቀጺላ። ኣብ ምውዳብ ህዝቢ (ኣንስትዮን ተባዕትዮን) ዓቢ ግደ ኣበርኪታ፡ ኣብ ኣኼባታትን ምርጫታትን ሽዕብ ኮነ ከባቢታት ገሉብ ካብ እግሪ ክፍሊ ህዝቢ ትተርፍ ኣይነበረትን። ህዝቢ ከም መራሒቱ ስለዝተቐበላ፡ ዋላ ኣብቲ ዝረሓቐ ቁሸታት ደቀንስትዮ ክትውድብን ኩተንቅሕን ከላ ኣንስትና ኪይተውጽኢ ዝብላ ሰብኣይ ኣይነበረን። ንከረን ናብ ሓዋን ካልኦትን ክትለኣኽ ከላ ኖግፈርግ የለን” ይብል።

ተጋዳሊት ኣምና ሓሰን ካብ 1981 ክሳብ 1988 ናይ ቀረባ መሳርሕታ ዝነበረት እያ። ሓንሳብ ምስ ተወደበት ምእንቲ ናጽነት፡ ማዕርነትን ፍትሒን ተወፋያ ሰሪሓ። ቤታ ቤት ጽሕፈት ውድብ’ዩ። ስድራ ብምልእታ ኣብ ኣገልግሎት ውድብ (ሃገር) ተዋፊራ።

ብፍላይ ኣብ 80ታት ወካሊት ህዝቢ ገሉብ ኮይና ኣብ ሽማግለ ብድሆ ምስ ተሓርየት ስራሓ ሓያል’ዩ ዝነበረ። ሓለፍቲ ህዝቢ ካብ ውድብ ዝመጽእ መምርሒ ተቐቢሎም ህዝቢ ተረዲኡ ክትግብሮ፡ ኣብ ግዜ ጻውዒት ሃገር ዝኸቱ ምቕራብ፡ ህሉው ኩነታት ሰውራ ንህዝቢ ምርዳእ፡ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ ጉዳዩ ክሰምር ምንቃሕ ስራሕ እታ ሽማግለ እዩ። እቲ ዞባ ካብ ደጀን ኣዝዩ ምሕዱግ ስለዝነበረ ህዝቢ እዩ ነይሩ ደጀን። ሓረስቶት ካብ እትዋቶም ሓደ ፍሉጥ ክፋል ንሰንቂ



ተጋደልቲ ይህቡ። ነዚ ኣጽኒዖም ውጽኢት ዝሰልዑ፡ ኣብ ስራሕ ዝዋፈራ መጽዓኛ ህዝቢ ዝውድቡን ተርታ ዘትሕዙን፡ ኣብ ውሽጢ ዞባን ንኡስ ዞባን ናብ ውሽጢ ጸላኢ ዝሰደድ መልእኽቲ ዘብጽሑ ውዱባት ዝምዝዙ ከኣ ኣባላት ሽማግለ ብደሆየም። ህዝቢ ብደረጃ ኮም ይውደብ፡ ነፍስወከፍ ኮም ክሳብ ዕማማ ትውድእ ካብ ከባቢ መዓስከር ኣይትርሕቕን፡ ተበገስ ኣብ ዝተባህሉዶ ብግስቲ እያ።

መጽዓኛኻ ኣዋፍር፡ እኽሊ ሃብ፡ መልእኽቲ ኣብጽሕ፡ ደቅኻ ኣኽትት ኢልካ ምእዛዝ ከቢድ ነገር እዩ። ኣደና ሰንበቱ ግን ቅብልቲ ስለዝነበረት ካብ ትእዛዝ ዝሕንግድ ገባራይ ኣይነበረን። ዘረባኣ ጥዑም፡ ንኩሉ ማዕረ፡ ግዚኣን ጉልበታን ዘይትብቅቕ፡ ንዝመጸ ካብታ ዘላታ እተካፍል፡ ምስ ዓበን ንእሽቶን ስምምዕ፡ ስለዝነበረት ኩሎ'ዩ ዝሰልጠላ።

ኣብ 1982 ሻድሻይ ወራር ተጋደልቲ ንግዚኡ ካብ ገሉብ ንሳሕል ወሪዶም ከለዉ ንሳ ኣብ ማእከል ህዝባ ተሪፋ። ጸላኢ ሓጺር ግዜ ንገሉብ ተቖጻጺሩ ቀበሌታት ኣቕሚሙ ነይሩ። ከም ማንም ገባር ኑቲ ዝኾነ ትዕዘቦ ነበረ። ተጋደልቲ ካብ ሳሕል ተመሊሶም ንህዝቢ ኣኪቦም፡ ቀበሌታት ፈሪሱ ሽማግለ ብደሆ ከም ቀደማ ኣብ ስርሓ ምህላዋ ምስ ገለጹ "ህዝበይ! ሎሚ እውን ከም ቀደምና ኣብ መትከልና ኣሎና ንጽናዕ" ኢላ ንያት ክብ ዙበል መደረ ኣስመዐት።

ህዝባዊ ባይቶታት ምስ ቆመ ንገሉብ ወኪላ ኣባል ባይቶ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ኮነት። ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ሃማደኤ ክትሳተፍ ምስ ካልኦት ብጾታ ንሳሕል ከደት። ካብ ገሉብ ንኣራግ - ሳሕል ነዊሕን ጽንኩርን ብእግርኻ ብመንገ ጸላኢ ሶሉኹካ ዝሕለፍ ሐደገኛ መገዲ ተጓዒዛ ተሳቲፉስ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ኮይና ተመርጸት። ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ እውን ከምኡ። እዚ ተመኩሮ'ዚ ኣብ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ደቀንስትዮ ኣዝዩ ሓጊዙዋ።

በዓል ቤታ ኣቶ ጉበሩ፡ ንባዕሉ ንጡፍ ሰውራዊ ስለዝነበረ፡ ንኣኼባታት ናብ ሽዕብ፡ ሉብካ፡ ሳሕል ክትገይሽ ከላ ደቁ ሒዙ ይጸንሕ። ናባይ ትገድፍና! ዘይኮነስ፡ ጽንዕ ርገጺ! እዩ ዝብላ። ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ ኣብ ቤቶም



ክመጽኣ ከለዋ፡ "ንስኽንን ሰንበቱን ምስጢርክን መን ይፈልጦ፥ ነጸ ኳንክን ኣዕልላ ኢሉ'ዩ ዝገድፈና። እቲ መትከላዊ እምነቱ ኣጽኒዕዋን ሓይሊ ኮይንዋን" ትብል ወይዘሮ ኣምና።

ድሕሪ 1988 ኣምናን ኣደይ ሰንበቱን ብስራሕ ኣይተራሕባን። ዕቤት ምስ ኣርከበ ሓላፍነታ፡ ኒሓን ሓቦኣን ንመንእሰያት ኣረኪባ ብኩብሪ ምዕራፉ ግና ወትሩ ትሕበነላ። ዝኽሪ ሂወታ ብመጋድልታ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ መቓብራ ክንበብ ምኽኣሉ ድማ፡ ሓርበኛ ዘልኣለም ህያው ምኳኑ መርኣያ እዩ ኢላ ትኣምን።

## ***ካፈይን ዘለዎ ጸዓት ምጽዋዐ ልቢ የቃትፍ***

*ካፈይን ተሓዊሱዎ ብመልክዕ መስተ ተዓሽጉ ዝዳሉ ጸዓት (energy drinks)፡ ኣገባብ ህርመት ልቢ ክልውጥ ከምዝኽእል ተመራመርቲ ኣጠንቂቖም።*

*ካብ'ዚ ተበጊሶም ድማ፡ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ቁልዑን ዓበይቲ ሰባትን ነዚ ናይ ጸዓት መስተ ከወግድዎ ጸዊዖም። ብፍላይ ድማ እቶም ዘይስሩዕ ህርመት ልቢ፡ ሕማም ወቕዒን ጸቕጢ ደምን ዘለዎም ሰባት፡ ነዚ መስተ ከየዘውትርዎ መኺሮም።*

*ሓደ ካብቶም ተመራመርቲ፡ "ክሳብ ሕጂ፡ ናይ ጸዓት መስተ ኣብ መስርሓት ልቢ እንታይ ጽልዋ ኣለዎ ብንጹር ኣይፈለጥናዮን ነይርና። እንተ ኮነ፡ ኣብ ጸዓት መስተ ዘሎ ትሕዝቶ ካፈይን፡ ካብቲ ኣብ ቡንን ኮካን ዘሎ ዓይነታት ካፈይን ብሰለስተ ዕጽፊ ስለዝዛይድ፡ ሓደገኛነቱ ኣመና ኣሰካፊ ከምዝኾነ ተረዲእና ኣለና" ኢሉ።*

*እቶም ተመራመርቲ ነቶም ኣብቲ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ሰባት ኣብ 100 ሚሊ ሊትር 32 ግራም ካፈይን ከምኡ'ውን ኣብ 100 ሚሊ ሊትር 400 ግራም ካፈይን ዘለዎ ናይ ጸዓት መስተ'ዮም ሂቦሞም። በዚ መሰረት ከኣ፡ ናይ ጸዓት መስተ ምህላኽ ኣብ ልቢ ናይ ሓጺር ጽልዋ ዘሕድር ኰይኑ ረኺቦም። እዚ ናይ ጸዓት መስተ ብኸመይ ዝብል ግን ዛጊት ከምዘየረጋገጽዎ ኣፍሊጦም።*

*ምስጋና ሳሙኤል*

## ዲያስፖራ

# “ኣብ ታሪኻውን ጅግንነታውን ቦታታት ሃገረይ ምብጽሐይ፡ ተዓዊተ’የ!”

## ኣኽባሪት ሕጊ ሶልያና መንግስትኣብ

ዮሴፍ ሃይለማርያም




*ኣብ ስደት’ያ ተወሊዳ ዓብያ። ዘለዋ ሃገራዊ ፍቕርን ንቕሓታን ግን ኣዝዩ ልዑል’ዩ። ምስጢር ንቕሓት ሃገራውነታ፡ እቶም ኣብ ዓዲ ስደት ኮይኖም፡ ንዝሓለፈ ሓሙሳ ዓመት፡ ካብ መስመሮም ነቕ ከይበሉ፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ሃገር እጃሞም እናበርከቱ፡ ብልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ተወፋይነትን ዝቃለሱ ዘለዉ ጀጋኑ ወለዳ እዮም። ዝጸዓረ ይዕወት ከም ዝበሃል፡ ብህርኩትንኣን ዘይጸዓድ ደገፍን ምራል ወለዳን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ በጺሓ፡ ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ፡ ኣኽባሪት ሕጊ (Attorney) መንግስቲ ሃገረ ጀርመን ኮይና ትሰርሕ ኣላ። በቲ ተማሂራቶ ዘላ ሞያ፡ ኤርትራ ሕጋዊ መሰላ ኣብ ምርካብ ኣብ እተካይዶ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ፡ ንሃገራ ክትማጎተላን ክትቃለሰላን፡ ዓቕሚ ዘለዋ መንእሰይ’ያ። መጽሄት ኣግእዞ፡ ምስ’ዛ ተስፋ ሃገር ዝኾነት ምያዊት መንእሰይ ዘካየደቶ ቃለ-መጠይቕ ይስዕብ፦*

*** ብቕዳምነት ስምኪን ትቕመጥሉ ሃገርን?**

- ሶልያና መንግስትኣብ እበሃል። ኣብ ጀርመን ተወሊደ፡ ኣብ ከተማ ከለን እነብር ኣለኹ። ወለደይ፡ ኣቶ መንግስትኣብ ኣርኣያን ወይዘሮ ልኡል ተወልደን ይበሃሉ። በይሉል ዝበሃል፡ ብዲጂታል ማርኬቲን ናይ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ (Digital Marketing in IT) ተማሂሩ ዝተመረቐ፡ ዓቢይ ሓው ድማ ኣሎኒ።

*** ዘጽናዕክዮ ዓውዲ ትምህርቲ እንታይ’ዩ?**

- ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ፡ ዩኒቨርሲቲ ኣትየ፣ ብዓውዲ ሕጊ ጀርመን ተመሪቐ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ከኣ ከም ኣኽባሪት ሕጊ (attorney) መንግስቲ ጀርመን ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። ሕጊ ሃገረ ጀርመን ንከባቢ ትሽዓተ ዓመት’የ ኣጽኒዐዮ። እዚ ማለት፡ ሽዱሽተ ዓመት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ተማሂረ፡ ትምህርተይ ዛዚመ። ብድሕሪኡ፡ ንክልተ ዓመትን ፈረቓን፡ ናይ ስራሕ ልምምድ (legal Internship) ንምግባር ኣብ ቤት ፍርዲ ሰሪሐ። ኣብ’ዚ፡ ክልተ ግዜ ብመንግስቲ ዝወሃብ ፈተና (state bar exams) ምስ ተፈተንኩ፡ ከምኡ’ውን ብላዕለዎት ከኢላታት ሕጊ ንዝቐረበለይ ሕቶን መሰናኽላትን ምስ ሓለፍኩ፡ ምሉእ ኣኽባሪት ሕጊ መንግስቲ ጀርመን ኮይነ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ተመሪቐ።

*** ሕጊ ንምጽናዕ ዝሓለፍክዮ ጻዕሪዶ ቁሩብ መብራህክልና?**

- ከምቲ ዝበልኩኻ፡ ኣብ ጀርመን፡ ብዓውዲ ሕጊ ተማሂርካ ክትምረቕ፡ ሓያልን ብዙሕ ፈተናታት ሰጊርካን ዝብጻሕ’ዩ። ዝበዝሑ ተማሃሮ’ውን ኣብ ፍርቂ’ዮም ዝስጎጉ። ኣነ ግን፡ ሳላ ዝገበርኩዎ ጻዕሪ፡ ነዚ ኩሉ መሰናኽል ሰጊረ’የ ተዓዊተ። እቲ ጉዕዞ ድማ ከምዚ ይመስል። ሽዱሽተ ዓመት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ምስ ተማሃርኩ፡ ቅድሚ ምምራቐይ፡ ናይ ስራሕ ልምምድ (legal Internship) ንምግባር፡ ንክልተ ዓመትን ፈረቓን ኣብ ቤት ፍርዲ ሰሪሐ። ብመሰረት መምርሒ ናይ ጀርመን፡ ናይ ስራሕ ልምምድ (legal Internship) ክትጅምር ከለኻ፡ ፈለማ ኣኪታቲልካ ንሸሞንተ ግዜ ናይ መንግስቲ ፈተና (1st state bar exam) ኢኻ ትገብር። ኣብ’ዚ እንተ ተሪፍካ፡ ናይ ስራሕ ልምምድ (legal Internship) ካብ ምግባር ተኸልኪልካ፡ ትስጎግ። እንተ ሓሊፍካ ድማ፡ ንኽልተ ዓመትን ፈረቓን ትሰርሕ እሞ፡ ዳግማይ ሽዱሽተ ግዜ ፈተናታት (2nd state bar exam) ትገብር። ኣብ’ዚ’ውን ክትስጎግ ትኽእል ኢኻ። ነዘን ዳሕረዎት ሽዱሽተ ፈተናታት ምስ ሓለፍካ ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓበይቲ ክኢላታት ሕጊ ቀሪብካ፡ ንብቕዓትካ ዝፍትሽን ሕቶን ካልእን የቕርቡልካ። ኣብ’ዚ እንተ ተሪፍካ’ውን፡ ትስጎግ። ነዚ ኣብ ናይ ስራሕ ልምምድ (legal Internship) ኣብ ሰለስተ እብረ ዝቐርበልካ ፈተናታት ተዓዊትካ ምስ ሓለፍካ ከኣ፡ ትምረቕ። ኣነ ድማ፡ ድሕሪ ዩኒቨርስቲ ምውድኣይ፡ ነዚ ፈተናታትን መሰናኽላትን ሓሊፈ’የ፡ ምሉእ ኣኽባሪት ሕጊ መንግስቲ ጀርመን ክኸውን በቒዐን ተመሪቐን። ሳላ ዘይሕለል ደገፍ ወለደይን ውልቃዊ ጻዕረይን ተዓዊተ ከኣ፡ ድሮ ከም ምሉእ ኣኽባሪት ሕጊ መንግስቲ ጀርመን (attorney) ኮይነ፡ ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት ተዋሂቡኒ፡ ንኽልተ ዓመትን ፈረቓን ሰሪሐሉ ኣለኹ። ንኣብነት፡ ሓደ ካብ’ቲ ስርሐይ፡ ንሓደ ፖሊስ ዝቐየዶ ገበነኛ፡ ከም ጠበቓ መንግስቲ ኮይነ ብሕጊ ከሲሰ ንኽፍረድ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራብ እዩ።

*** ሕጊ ንዓኺ እንታይ እዩ?**

- ሕጊ ንዓይ ቅርጺ ወይ መሸከል (structure) ናይ ኩሉ ነገር እዩ። ምኽንያቱ፡ ኩሉ ሰብ ብሕጊ እንተ ከይዱ ሂወት ዝቐለለት’ያ ትኸውን። ስለዚ፡ ሕጊ ኩሉ ሰብ ብስርዓት ክኣቱን ክወጽእን ዝኽእል ስለ ዝኾነ፡ ሕጊ ንዓይ ናጽነት እዩ።

*** ሕጊ ከተጽንዒ ዝመረጽክሉ ምኽንያት?**

-ኣብ ስድራቤትና ብሕጊ ዝተማህረ የብልናን። ይኹንምበር፡ ክፍትኖ ስለ ዝደለኹ’የ ከጽንዖ መሪጸ። ናይ ብሓቂ ድማ ደስ ኢሉኒ፡ ዝፈትዎ ዓውዲ ትምህርቲ ኮይኑ ረኺበዮ። ምስኡ’ውን፡ ከም ሰብ ሕጊ ዝፈቱን ብሕጊ ተማእዚዞ ዝኸይድን ስለ ዝኾንኩ፡ ምስ ተማሃርኩዎ፡ ምስ ባህርያተይ ዝሳነን ዝሰማማዕን ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ። ደስ እናበለን’ውን እሰርሓሉ ኣለኹ።

*** ንተራ ወለዲኺ ኣብ ምዕዋት ትምህርትኺ ብኸመይ ምገለጽክዮ?**

- ብዘይ ደገፍን ምትብባዕን ወለደይ እሞ፡ ኣብ’ዚ ደረጃ’ዚ ኣይምበጻሕኩን። ካብ ቁልዕነተይ ጀሚሮም ክሳብ’ቲ ካብ

ትሕቲኦም ወጺአ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርተይ ንኽከታተል ኣስታት 300 ኪሎ ሜትር ርሒቐ ናብ ካልእ ከተማ ዝኸድኩሉ ግዜ፡ ካብ ጎድነይ ከይተፈልዩ፡ ክሕብሕቡኒ፡ ክድግፉኒ፡ ከተባብዑኒ ብምኽኣሎም'የ፡ ኣብ'ዚ በጺሐ። ሕጂ ከኣ፡ ስለቲ ርእሰይ ክኢለ፡ ሂወተይ ብጽቡቕ ክመርሕ ዝገበረሉይ ሓልዮትን ዝፈጠሩለይ ዕድልን፡ ብኣኦም ሕብንቲ'የ።





ሶልያና ዑደት ኣብ ናኹራ

*** ንኤርትራ ብኸመይ ፈሊጥኪያ?**

- ኣብ ጀርመን ዋላ ይወለድ፡ ንሃገረይ ብወለደይ'የ ፈሊጠያ። ወለደይ ጭው ዝበሉ ሃገራውያን እዮም። ኣብ ገዛ፡ ቋንቋ ትግርኛ ጥራይ ንዛረብ ስለ ዝነበርና፡ ቅድሚ ቋንቋ ጀርመን፡ ቋንቋ ትግርኛ'የ መሊኸ። ቋንቋ ጀርመን ክዛረብ ዝጀመርኩ መዋእለ ህጻናት ምስ ጀመርኩ'የ። ምስኡ'ውን ክልቲኦም ወለደና፡ ኣብ ሃማደኤ፡ ህግደፍን ማሕበረኮም ይሳተፉ ስለ ዝነበሩ፡ ምስ ምዕባይ ሓወይ (በይሉል መንግስትኣብ) ካብ ንእስነትና ኢና ብዛዕባ ሃገርናን ቋንቋናን ፈሊጥና ዓቢና። ብዕድመ ክንጉብዝ ምስ ጀመርና ከኣ፡ ምስ'ቶም ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ቋንቋ ትግርኛ ክምህሩና፡ ብዛዕባ ባህልናን ሃገርናን ክንፈልጥ ተወሳኺ ዕድል ተፈጢሩልና። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሃገራውያን በዓላት 8 መጋቢት፡ 24 ግንቦት፡ 20 ሰነ፡ ባሕቲ መስከረም፡ ፈስቲቫላት ወዘተ ንሳተፍ ስለ ዝነበርና፡ ንኤርትራ ክንፈልጣ ጽቡቕ ዕድልን ባይታን ረኺብና ኢና። ስለዚ፡ ኣነን ሓወይን፡ ብዛዕባ ኤርትራን ታሪኻን ብፍሉይ ተማሂርና ኢና ዓቢና። ካልእ፡ ካብ ቀደም ቴለቪዥን ኤርትራ እናተኸታተልና ስለ ዝዓበና፡ ንቋንቋና ክንመልኮ ሓጊዙና'ዩ። ሕጂ ከኣ፡ መደባት ቴለቪዥን ኤርትራ ኣብ ዩቲዩብ ይጸዓኑ ስለ ዘለዉ፡ ካብኦም እናውረድና፡ ዝደለናዮ መደብ ክንከታተልን ብዛዕባ ሃገርና ክንፈልጥን ሓጊዙና ኣሎ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገር ብንእስነተይ'የ ወሪሰ ዓብየ። መሊሰ ከዕብዮ ድማ እቃለስ ኣለኹ።

*** ንኤርትራ ክንደይ ግዜ መጺእኪ ኣለኺ?**

- ሕጂ ንራብዓይ ግዜ እየ መጺአ። እተን ቀዳሞት ሰለስተ ግዜ፡ ቈልዓ ከለኹ ስለ ዝመጻእኩ፡ ብዛዕባ ኤርትራ ብዙሕ ዝዝክሮ የብለይን። ኣስመራን ባጽዕን ርእየ'የ ዝምለስ ነይረ። ኣብ 2012 መጺአ'ውን ኣብ መመረቕታ ሳዋ ተሳቲፈ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ ጽዑቕ ትምህርቲ ስለ ዝነበርኩ፡ ንኤርትራ ኣይመጻእኩን። ሕጂ ግን፡ ምስ ወለደይ ብምኳን ንወርሒ ዕረፍቲ መጺአ። ኣብ ሽዱሽተአን ዞባታት ኤርትራ ዑደት ገይረ ድማ፡ ታሪኻውን ጅግንነታውን ቦታታት በጺሐን ተዓዚበን። ብዙሕ ዘይፈልጦ ዝነበርኩ ታሪኽን ቦታታትን ክፈልጥ'ውን ዕድል ረኺበ። ከምኡ'ውን፡ ነቲ ብዛዕባ ኤርትራ ኣብ ኢንተርነት ዝዝርጋሕ ዝነበረ ሕማቕ ስእልን ዝንዛሕ ዝነበረ ወረን፡ ሓሶት ምኳኑ፡ ብዓይነት መስኪረን ተረዲኣን ኣለኹ። እዚ ብዛዕባ ዓደይ ባዕለይ ገይረዮ ዘለኹ መጽናዕቲ ከኣ፡ ብዙሕ ክጠቕመኒን ንካልኦት መንእሰያት ክነግረሉን ክሕግዘኒ እዩ። ካብ ሎሚ ንደሓር ብዛዕባ ሃገረይ ዝነግረኒ ሰብ ኣየድልየኒን'ዩ።

*** ኣብ ኤርትራ፡ ዑደት ዝገበርኩሎም ቦታታት?**

- ናይ ፈለማ ጉዕዞይ፡ መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኣብ ኣስመራ ብምብጻሕ'የ ጀሚረዮ። ኣብ ኣስመራ ተዛዊረን ስታድዩም ኣትየ፡ ኣብ ወግዓዊ በዓል ናጽነት ተሳቲፈ። ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ዝዓበየ መደበይ ናቕፋ ምብጻሕ ስለ ዝነበረ፡ ናቕፋ ከይደ፣ ንክልተ መዓልቲ እናተዘዋወርኩ ንድፍዓት፡ መቓብር ሓርበኛታት፡ ዝስራሕ ዘሎ ዲጋን ካልእ ታሪኻዊ ቦታታትን፡ ተዓዚበ። ናቕፋ፡ ታሪኽ ዝመልአ ቦታ ብምኳኑ፡ ናይ ብሓቂ ተንኪፉኒ'ዩ። ድሕሪ ዑደት ናብ ናቕፋ፡ ናብ ጋሽ ባርካ - ኣለቡ ከይደ። ንፋብሪካ ባናቶምን ፋብሪካ ዘይቲ ስምስምን ፉልን'ውን ርእየዮ። ቀጺለ ናብ ፋንኮ ራዊን ፋንኮ ጽሙእን በጺሐ፣ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት ድማ ተዓዚበ። ካብኡ ናብ ዲጋ ገርሰት ቀጺለ። ኣብ ከባቢ ዲጋ ገርሰት ዘሎ ናይ ልምዓት ቦታታት'ውን ርእየዮ። ብድሕሪ'ዚ ናብ ባረንቱ ተመሊሰ፡ ናብ ባድመ ከይደ፡ ነቲ ቦታ ርእየዮ። ብፍሉይ ከኣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት በጺሐ፣ ብዛዕባ'ቲ ዝሓለፈ ታሪኽ'ውን ምሉእ መግለጺ ተዋሂቡኒ። ካብ ባድመ ብባረንቱ ገይረ ናብ ኣስመራ ተመሊሰ። ቀጺለ ናብ ባጽዕን ደሴት ዳህላክን በጺሐ። ነቲ ኣብ ደሴት ዳህላክ ዝርከብ፡ ኤርትራውያን ኣቦታት ብመግዛእቲ ኢጣልያ ብጭካነ ዝእሰሩሉ ዝነበሩ ናኹራ'ውን ርእየዮ። ካብ ናኹራ ተመሊሰ፡ ናብ ዲጋ ጋሕተላይ ቀጺለ። ነቲ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝተሰርሐ ስትራተጂያዊ ዲጋ ድማ፡ ተዓዚበዮን ኣድኒቐዮን። ካብኡ፡ ናብ ኣስመራ ደይበ፣ ኩባንያ ዕደና ኣስመራ - እምባደርሆ በጺሐ፡ ነቲ መስርሕ ዕደና እናተዛወርኩ ተዓዚበዮ። ብድሕሪ'ዚ ናብ ሕርሻ ሓልሓለ ከይደ፡ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ንጥፈታት ሕርሻን መፍረ ከብትን ርእየዮ። ካብኡ ናብ ዲጋ ገርገራ ቀጺለ፣ ዑደተይ ዛዚመ ናብ ኣስመራ ተመሊሰ። ነቲ





ሶልያና ኣብ ድፋዓት ናቕፋ

ምስ ክልቲኣም ወለደይ ዝገበርኩዎ ናይ ሰለስተ ሰሙን ዑደተይ ድማ፡ ብዓወት ወዲአ።

*** ነዚ ኩሉ ቦታታት ኤርትራ ምስ በጻሕኪ፡ እንታይ ተማሂርኪ?**

- ኣብ ጀርመን ስለ ዝተወልድኩ፡ ብዛዕባ ኤርትራ ዝፈልጦ ኣይነበረንን። ሕጂ ግን፡ ምርኣይ ምእማን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሽዱሽተኣን ዘባታት በጺሐ፡ ነቲ ቀንዲ ታሪኻውን ጅግንነታውን ቦታታት፡ ከምኡ'ውን ዓበይቲ ልምዓታዊ ንጥፈታት ተዓዚበዮ ኣለኹ። ኤርትራ፡ ማዕረ ክንደይ ታሪኽ ሓቝፋ ዘላ ሃብታም ሃገር ምዃና'ውን ተማሂረሉ። ነቲ ብውሽጣዊ ዓቕማ ዝግበር ዘሎ ምዕባለን ገስጋስን ከኣ ኣድኒቐዮ። ሃገር ንምኽልኻል ዝግበር ዘሎ መስዋእትነትን መኸተን'ውን ጽቡቕ ገይሩ በሪሁለይ። ምስ ተመለስኩ ድማ፡ ንኤርትራውያን መንእሰያት እጃሞም ከበርክቱ ክጉስጉሶም'የ። ንኣብነት፡ ኣብ ጀርመን ዝቕመጡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ፕሮጀክት እናገበሩ እዮም፡ ንሃገር ዘበርክቱ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ'ውን፡ ንቴክኖሎጂ ናይ ትምህርቲ ዝኸውን ገንዘብ ኣዋጺኦም፡ ሮራ ፕሮጀክት ዛዚሞምዮም። ሕጂ'ውን ኣፋምቦ ፕሮጀክት ኣበጊስና ኣብ ዓሰብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ክንሰርሕ፡ ገንዘብ ነዋጽእ ኣለና። ዕላማ ናይ'ዚ ኩሉ ከኣ፡ ኣብ ደገ ዘለና ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ውዳበናን ክእለትናን ኣወሃሂድና፡ በብሞያና ንሃገር እጃምና ከነብርክ'ዩ።

*** ብዛዕባ ወለድኺ እንታይ ትብሊ?**

- ወለደይ፡ ኣብ ማሕበረ ኮም፡ ሃማደኤ፡ ህግደፍን ኣብ ፌስቲቫልን ብንጥፈት'ዮም ዝዋስኡ። ንኣብነት ኣደይ፡ ኣብ መዓልቲ ሽውዓተ ሰዓት ሰሪሐ እናኣተወት፡ ከም ኣደ መንበር ሃማደኤ ጀርመንን ትሓዚት ገንዘብ ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመንን ኮይና፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ቃልሲ እጃማ ተበርክት ኣላ። ወላዲየይ'ውን፡ ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ ምትእኽኻብ እናተዋስአ፡ ኣቦ መንበር ህግደፍ ከተማና ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ካብ'ቲ ቅድሚ 50 ዓመት ጀርመን ዝኣተውላ ኣትሒዙም፡ ሓንቲ መዓልቲ ከየዕረፉ፡ ክሳብ ሕጂ ንሃገሮምን ህዝቦምን፡ ብትዕግስቲ፡ ብሓቦን ክብረትን ዝቃለሱ ዘለዉ'ዮም። ስለዚ፡ ወለደይ ፍቕርን ምትኽኻብን ኤርትራውያን ዝብህጉን ብግብሪ ዝሰርሑን፡ ተብዓትን ተቓለስትን ስለ ዝኾኑ፡ ብኣታቶም ኩርዕቲ'የ። ኣነ ድማ ውጽኢት ወለደይ'የ። ካብ ቁልዕነተይ ጀሚረ፡ ብዛዕባ ታሪኸይ፡ መንነተይ፡ ባህለይን ቋንቋይን ክፈልጥ ዝገበሩኒ፡ ንሳቶም'ዮም። ጻማኦም ክፈድዮም ዕድመን ጥዕናን ይሃበኒ። ነዛ ዕድመኦም ምሉእ ዝጽዕሩላን ዝቃለሱላን ዘለዉ ኤርትራ፡ ካብ'ዚ ዘለዋ ተጻብኦን ሽግርን ወጺኣ፡ ናብ ዕረፍቲ ኣትያ ክርእይዋ ድማ እምነየሎም።



ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ባድማ

*** ኣብ ማሕበረኮም ዘለኪ ኣበርክቶ?**

- ኣብ በዓል ከተማ ፍራንክፈርት፡ ብዙሓት መንእሰያት ስለዘለዉ፡ ንጡፋት ማሕበራት መንእሰያት ህግደፍን ሃማደኤን ኣለዋ። ወርሓዊ እናተኣከቡ ድማ፡ ብዛዕባ ሃገሮም ይፈልጡን ንሓድሕዶም ይተሓጋገዙን'ዮም። ኣብ ከተማ ከለን ዘለና ግና፡ ውሑዳት ስለ ዝኾንና፡ ኣብ ቀረባና ናይ መንእሰያት ማሕበራት ህግደፍን ሃማደኤን ዘይምህላዉ፡ ንተሳትፎና ደሪቱዎ ኣሎ። ብሕጂ፡ ነቲ ምንቅስቓስ ከነበባግሶ ጻዕርታት ንገብር ኣለና። ኣብ'ቲ ዓመታዊ ዝካየድ ኣኼባ መንእሰያት ህግደፍ፡ ፈስቲቫላትን ካልእን ግና እሳተፍ'የ። ምስ ብዙሓት ካባይ ኤርትራውያን መንእሰያት ክላለን ክመሓዞን እውን ዕድል ረኺበ ኣለኹ።

*** መንእሰያት ዲያስፖራ እንታይ ብድሆ ኣለኩም?**

- ኣብ'ዚ ግዚ'ዚ፡ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ማዕበላዊ ዝኾነ ናይ ሓቒን ሓሶትን ኲናት'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ብዛዕባ ኤርትራ'ውን፡ ብዙሕ ሓቒን ሓሶንት ሓበሬታ'ዩ ክጋዋሕ ዝውዕል። መንእሰያት ድማ፡ ቀንዲ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክሳብ ዝኾንና፡ ነቲ ብዛዕባ ሃገርና እንሰምዖን እንርእዮን ሓበሬታ፡ ሓቅነቱ ኣብ ምርግጋጽ ንሸገር ኢና። ስለዚ፡ ዘለና ብድሆ፡ ነቲ ብሜድያ ክፍኖ ዝውዕል ሓበሬታ ምምማይ'ዩ። መንእሰያት፡ ጥርናፈና ክሕይልን ቅኑዕ ሓበሬታ ክንረኽብን ስለ ዘለና፡ ተራን ኣበርክቶን ወለዲን ማሕበረኮምን ከዓዝዝ ይግባእ።

*** ተመሓላልፍዮ ለበዋ እንተሎ?**

- ምዕባለ ኩሉ ግዜ ካብ ውሽጢ'ዩ ዝመጽእ። ስለዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ መንእስያት ክመሃሩን ክነቕሑን ኣለዎም። ኣብ ደገ ዘለና መንእሰያት ድማ፡ ካብ በለካ ለኽዓካ ወጺእና፡ ኣብ ትምህርትን ሞያን ከነድህብ፡ ምስ ሃገርና ዘለና ዝምድና ከነደልድል፣ ንኤርትራ እናመጻእና ታሪኻን ክንፈልጥ፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝካየድ ዘሎ ልምዓትን መኸተን ክንዕዘቦ ኣዘኻኽር።

# ስነ-ጥበብ

## “ሞዴል ማለት ኣምባሳደር ማለት'ዩ”

መርሃዊ ታደሰ

*ፍሕሽው ኣቀባብላ ትውንን ጓል 25 ዓመት መንእሰይ'ያ። ንኾንቱ ዝጠፍእ ግዜ ንኸይህልዋ ኣዝያ'ያ ትጥንቀቕ። ካብ ግዜ ህጻንነታ ኣትሒዛ ሓሊምን ሞዴል ናይ ቅዲ ክዳን ዲዛይንን ናይ ምኳን ዝንባለ ነይሩዋ። ዝማባለኣ ጋህዲ ገይራ ድማ፡ ኣቲ ብማዕረ እተፍቅሮ ክልቲኡ ሞያታት ክትጭብጦ በቒዓ። ኣብ ክፍሊ መወለዳን ሆስፒታል ኦሮታ ከም ሓፈሻዊት ነርስ፡ ኣብ ስነ-ጥበብ ዓለም ድማ ከም ሞዴል ቅዲ ክዳን ዲዛይን ኮይና ክትነጥፍ ድማ ጸኒሓ። ከቡራት ኣንበብቲ መጽሔት ኣግእዞ፡ እዛ ልዑል ዓቕሊን ትኹረትን እትውንን ምያዊት መንእሰይ፡ በተን ነዋሕቲ ሜላውራ ተደገፋ እናተንቀሳቐሰትን እናተወናጨፈትን እንከላ፡ በዚጋጠማ ሂደቢታዊ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ፡ ኣብ'ዚ እዋንዚ ኣብ ገዛ ኮፍ ኢላ ብዊልቼር ኢያ ትንቀሳቐስ ዘላ። ንቤትኤል ግርማይ (ፍርቱና) ምሉእ ጥዕና እናተመነና ድማ፡ ናብ'ቲ ቅድምን ድሕርን ምሕማማ ምስኣ ዝገበርናዮ ቃለ መሕትት ኣብ'ለኹም-ለና ይንበብ፡-*

**◆ሕልምኺ ረኺብክዮዶ?**

እቲ ኣብ ሞያ ሕክምና ናይ ምንጣፍ ዝነበረኒ ባህጊ ብመጠኑ ረኺበዮስ እሰርሓሉ'ውን ኣለኹ። እቲ ናይ ሞዴል ቅዲ ክዳን-ዲዛይን ናይ ምኳን ዝነበረኒ ባህጊ'ውን ረኺበዮ ጥራሕ ዘይኮነስ ክዕውተሉ'ውን በቒዐ ኣለኹ። ብዘይካዚ ዲዛይነር ናይ ምኳን ባህጊ ነይሩኒዩ፡፡ነዚ'ውን ኣብዚ እዋንዚ ዋላ'ኳ ብግብሪ ኣብ ባይታ ብተግባር ኣይሰርሓሉ'ምበር ኣብ ናይ ዲዛይነር ኒጋሲ ተስፋጽዮን ቤት ትምህርቲ ብክልሰ ሓሳብን ብግብርን ተማሂረዮ ስለዝኾንኩ ዲዛይነር ናይ ምኳን ሕለመይ ረኺበዮ ኣለኹ ክብለካ እኽእልየ።

**◆ዝበዝሕ ሰብ በየናይ ሞያኺ'ዩ ዝፈልጠኪ?**

ብልክዕ በዚ'ዩ ዝፈልጠኒ ክብለካ ኣይክእልንየ። ብነርስ ጥራሕ ዝፈልጠኒ ሰብ ኣሎ። ብሞዴል ጥራሕ ዝፈልጠኒ ሰብ ኣሎ፡ ብኽልቲኡ ሞያ ዝፈልጡኒ ሰባት'ውን ኣለዉ።

**◆ናይ ሕክምና መሳርሕትኺ ንናይ ሞዴል ሞያኺ ብኸመይ ይጥምትዎ?**

ብጸቢቕዮም ዝጥምትዎ። ነርስ ኮይንካ ሞዴል ምኳን ኣዝዩ ከቢድ ስለ ዝኾነ ከኣ ብጣዕሚዮም ዘተባብዑኒ።

**◆ካብ ክልቲኡ ሞያ ዝያዳ ንመን ተፍቅሪ።**

ኣዝያ ከባድ ሕቶ'ያ። ንኽልቲኡ ሞያ ነጻጺለ ክርእዮ ኣይደልንየ። ንኽልቲኡ ሞያ ብማዕረየ ዘፍቅሮ።

**◆ ካብ ክልቲኡ ሞያታት ክትገድፊ ኢኺ እንተትብሃሊ?**

ኣብ ህይወተይ እቲ ዝኸፍአ ሕማቕ ስምዒት ምተሰመዓኒ ነይሩ።

**◆ካብ ክልቲኡ ሞያታት ኣይነይ ይኸብደ?**

ክልቲኡ ሞያ ኣዝዩ ጥንቃቐ ዝሓትትዩ። ይኹን እምበር ሞያ ሕክምና ምስ ህይወት ዝተኣሳሰር ስለ ዝኾነ ካብ ሞያ ሞዴል ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ካልኦት ሞያታት'ውን እቲ ዝኸበደ ዓውዲ'ዩ።

**◆ቁመትኪን ክብደትክን ክንደይዩ?**

ቁመተይ ሚትሮን ሰብዓን ሰለስተን (1.73) ክብደተይ ሓምሳን ኣርባዕተን (54) ኪሎግራም።

**◆ቅርጻኺ ንምሕላው እንታይ ትጥቀሚ?**

ዋላሓደ ኣይጥቀምንየ። ምናልባት እቲ ጥዕናይ ንምሕላው ዘዘውትሮ ዝነበርኩ ናይ ዮጋ ምንቅስቓስ እንተዘይጠቒሙኒ፡ ባህርያዊ ትዕድልተይ ግዲ ኮይኑስ ክሳብ ሕጂ ቅርጻይ ባዕሉ ሕልው እዩ።

**◆ ኣብ ኣጠቓቕማ መመላኽዒ (ሜክኣብ) ከመይ ኢኺ?**

ሜክኣብ ብዙሕ ኣይጥቀምንየ። ክጥቀም እንተደኣ ኮይነ ከኣ ኣብ ናይ ምርኢት እዋን ጥራሕ'የ ዝጥቀም። እቲ ዝጥቀመሉ መመላኽዒ ድማ ኣብ መጻኢ ሃሰያ ከምጽኣለይ ዘይክእልን ንቆርበተይ ከባላሹ ዘይክእልን ዓይነት መመላኽዒ ኣጻኒዐየ ዝጥቀም።

**◆ክንደይ ግዜ ተዓዊትኪ ኣለኺ?**

ብሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ብምኽንያት 24 ግንቦት 2024 ኣብ ዝተገበረ ውድድር እታ ለቢሰያ ዝነበርኩ ክዳን ሳልሰይቲ ኮይና ክትዕወት እንከላ ኣነ ከኣ ከም ሞዴል ቀዳመይቲ ኮይነ ተዓዊተ ኣለኹ።ቅድሚ ሕጂ ብሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ብምኽንያት 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነትና ኣብ ዝተወደበ ንናይ ትሸዓተ ቢሄራትና ባህልን ልምድን ዘንጸባርቕ ውድድር ያታዊ ጽባቐ ከኣ ኣነ ብዘቕረብክዎ ኣለባብሳን ኣገላልጻ ኩለንትናዊ ባህሊ ናይ ብሄረ ትግረን ሳልሰይቲ ደረጃ ሒዘ ተሸሊመ።

**◈ ንተራ ሓንቲ ሞዴል ኣብ ምዕዋት ቅዲ ክዳን ዲዛይን ብኸመይ ትገልጻየ?**

ኣዝዩ ልዑል ተራ'ዩ ዘለዋ፡ እንታይ ዓይነት ቅዲ ክዳን እንተለቢሳ'ያ እንታይ ዓይነት ቅዲ ኣካይዳ ክትከይድ ዘለዋ ክትፈልጥ ይግባእ'ዩ። ብሓጺሩ ነቲ ለቢሳቶ ዘላ ክዳን ክትገልጾ ክትክእል ኣለዋ፡ ብእትገብሮ ምንቅስቓስ ነቲ ቅዲ ክዳን ዲዛይን ከተፍርሶ የብላን።



**◆ተደንቕየን ሞዴልት**

ንመምህረይ ሞዴል ኣድያም ኣብርሃም፡ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ሞያ ሞዴለን መሳርሕተይ ካብ ዘለዋ ከኣ ንሞዴሊስት ለይላ ገብረየሃንስን ንሞዴሊስት ዕንበባ ሰለሙንን ኣደንቕ።

**◆ንሞያ ሞዴል ኣበይ ኢኺ ተማሂርክዮ?**

ነዚ ናይ ሞዴል ትምህርቲ ሞዴል ኣድያም ኣብርሃም፡ያ ምሃራትኒ፡ ብድሕሪኡ ከኣ ብዲዛይነር ሳምራዊት ፍትዊ ናይ ትሸዓተ ብሄራት ባህሊ እንታይ ከም ዝመስል ትምህርቲ ወሲደ ነይረ። ብዘይካዚ ብጉጅለ ባህሊ ማሪራስ ናይ ትሸዓቲአን ብሄራትና ትልሂት ክቕስምውን ዕድል ረኺበ'የ። ኣብ ዝተፋላለዩ እዋናት ብዲዛይነር ኣብርሃም ሰልጣን ዝወሰድክዎ ስልጠናውን ኣሎ።

**◆ናብዚ ሞያ ንክትኣትዊ ዝደረኸኪ ቀንዲ ምኽንያት እንታይዩ?**

እቲ ቀዳማይ ናተይ ውሽጣዊ ባህጊ'ዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ ደፍኢት ናይታ ክሳብ ሕጂ ድልየታተይ እንታይ ምኳኑ ካብ ገጻይ ኣንቢባ ትርዳእ ክብርቲ ወላዲተይን ሞራልን ደገፍን ናይ ኣሕዋተይንዩ።

**◆ ጽብቕቲ ኢኺ ክብሉኺ እንከለዉ ዝስመዓኪ ስምዒት?**

ብዙሕ ዝስመዓኒ ፍሉይ ስምዒት የለን፡፡ ካብ ደጋዊ ጽባቐይ ንላዕሊ ግና ውሽጣዊ ጽባቐ ክህልወኒየ ዝጽዕር፡ ደምር ጽባቐ ክህልወካ እንከሎዩ እቲ ዝበለጸ፡፡ ምኽንያቱ ደጋዊ ጽባቐ በሪሲ ክኸውን እንከሎ ውሽጣዊ ጽባቐ ግና ብህይወት ክሳብ ዘለኻ ነባሪዩ፡፡

**◆ኣብ ክፍሊ መወለዳን ብምምዃብኪ ዝረኸብክዮ ረብሓ?**

ኑብሰ ጾራት ከሕርስ እንከለኹ ናይ ብሓቂ ድያ ኣደይ ከምዚ ጌራ እናተጻዕረት ወሊዳትኒ ኢለየ ኩሉ ግዜ ዝሓስብ፡፡ ከም ጓል ኣንስተይቲ ማጠን ጽባሕ ንግሆ ኑቲ ዘይተርፍ ባህርያዊ ማስርሕ ጥንስን ሕርስን ክሓልፎ ስለ ዝኾንኩ፡ ቅድምን ድሕርን ሕርሲ እንታይ ክጉበር








ከም ዘለኒ ዓብዪ ተመኩሮ ቀሲም ኣለኹ፡፡ ልዕሊ ኹሉ ከኣ ኣደ እንታይ ምኳናን ኣደነት እንታይ ማለት ምኳኑን ኣብዚ ዝሰርሓሉ ዘለኹ ክፍሊ መወለዳን ብተግባር ቀሲመ ኣለኹ፡፡

**◆ንእትረኽብዮ ትርፊ ግዜ ኣብ ምንታይ ተሕልፍዮ?**

ብዙሕ ትርፊ ግዜ ኣለኒ ኢለ ክዛረብ ኣይክእልንየ፡፡ ንዝረኸብክዎ ትርፊ ግዜ ግና መጻሕፍቲ ኣብ ምንባብን ፊልምታት ኣብ ምርኣይን ምስ ወላዲተይን መቕርበይን ኢሂን-ምሂን ኣብ ምብህሃልን ከምኡ ድማ ኣብ ሞያ ሞዴለን ክሕየዙኒ ዝኽእሉ ብመሪኸቢ ብዙሓን ዝፍነዉ መደባት ኣብ ምክትታልንየ ዘሕልፎ፡፡

**◆ሓንቲ ሞዴል ከተማልኦ ዘለዋ?**

ሞዴል ማለት ኣምባሳደር ማለትዩ፡፡ ባህላን ክብርታታን ክትፈልጥ ኣለዋ፡፡ ንእትሰርሖ ስርሓት ብዓይና ጥራሕ ዘይኮነት ብዓይኒ ሕብረተ-ሰባውን ክትጥምቶ ኣለዋ፡፡ ብዓብዩ ከኣ ዓለም ለኻዊ ቋንቋ ክትፈልጥን ልዑል ርእሰ ምትእምማን ትውንንን ምቕልልትን ክትከውን ኣለዋ፡፡

**◆እትኽደንዮ ክዳውንቲ መንዩ ዝመርጸልኪ?**

ኣብ ምርኢት እንኽደኖ ክዳውንቲ ብዲዛይነራትዩ ዝፈሪ፡፡ እቶም ዲዛይነራትየም ከኣ ዝመርጽዎ፡፡ ይኹን እንበር ኣነ ከም ሞዴል ማጠን ግና ብዲዛይነራት ንዝወሃበኒ ክዳውንቲ ስቕ ኢለ ኣይኮንኩን ዝቕበል፡፡ እቲ ዲዛይነር ዝሰርሖ ኣልባሳት ኣነ ክለብሶ እንተደኣ ኮይኑ ኣገዚዩ ሓጺር ክኸውን ወይ'ውን ኣካላተይ ካቀላሊዑ ዘርኢ ክኸውን የብሉን ዝብል መርገጺ ስለ ዘለኒ፡ ከምኡ እንተደኣ ኮይኑ ኣይቕበሎንየ፡፡ ብሓጺሩ ምስ ክብርታተይን ክብርታት ሕብረተ-ሰበይን ዝኸይድ ኣልባሳት እንተደኣ ኮይኑ ጥራሕየ ዝለብሶ፡፡

**◆ንብደህታትን ዕድላትን ሓንቲ ሞዴል ብኸመይ ትገልጽዮ?**

እቲ ብደሀታት ምስ ብዙሕ ባህርያትን ኣተሓሳስባታትን ዘለዎም ሰባት ከራኽበካ ኣብ ዝኽእል ዓውዲ ትነጥፍ ብምህላዋዩ፡፡ ብፍላይ ከኣ ንጀመርቲ ኣገዚዩ ቡዳሂ ዓውዲዩ፡፡ ኣብዚ እዋንዚ ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ብወግዒ ቆይሙ ስለ ዘሎ ግና፡ ኑቲ ዝነበረ ብደሀታት ኣቃሊልዎዩ፡፡ እዚ ሃገራዊ ማሕበርዚ ከኣ ንጀመርቲ ኮነ ንዓበይቲ ሞዴላት ጥጡሕ ባይታ ፈጢሩ ዝጓዓዝ ዘሎ ማሕበርዩ፡፡ ስለ ዝኮነ ኣብዚ እዋንዚ ካብቲ ብደሀታት እቲ ዕድላትዩ ዝዓቢ፡፡

**◆ እቲ ዕድላት ትብልዮ ዘለኺ ክትጠቕስልና ምደለኹ?**

እቲ ዕድላት ንባህልኻን ክብርኻን ኣብ መላእ ዓለም ኩተላሊ፡ ጸላዊ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ኮይንካ ኣተሓሳስባ ናይ ሰባት ክትጸሉ፡ ምስ ብዙሓት ቁኑዕ መረዳእታ ዘለዎም ሰባት ክትላለን ዓበይቲ ናይ ስራሕ ዕድላት ስለ ዝፈጥረልካንዩ ብዓብዩ ከኣ ንዲዛይነራት ኮነ ንሞዴላት ብእወታዊ መዳይ ዘማእዝን ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ቆይሙ ብምህላዉ ዓብዪ ዕድልዩ፡፡

**◆ትመልክዮ ምቋንቋታት?**

ትግርኛ፡ኢንግሊዝ፡ ዓረብ፡ ኮርያ፡ ጣልያን፡ ኣምሓርኛ፡፡

**◆እዋናዊ ሕልምኺ?**

ኣብ ናይ ውድድር ጽባቐ ወይዘሪት ዓለም ክኸውንን ኣብ ዓውዲ ሕክምና ድማ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕን ኣብ ዓለምና ጸለውቲ እናኾኑ ዝመጽኡ ዘለዉ ቋንቋታት ክጸንዕንዩ ሕልመይ፡፡

**◆ ናብ ዲዛይነራትን ሞዴላትን ዝቐንዐ መልእኽቲ እንተለኪ?**

ዲዛይነራትን ሞዴላትን ተኻጻጺሎም ክሰርሑ ዘይክእሉ ሞያውያንዮም፡፡ ዲዛይ ነራት ንክብርታትና ዝኹልዕ ተወዳዳሪ ዝኾነ ኣልባሳት ክፍርዩ፡ ሞዴላት ከኣ ንክብርናን ባህልናን ዘንጸባርቕ ቅዲ-ክዳውንቲ ለቢስና ክንወዳደር ወይ ከኣ ኣብ ምርኢት ቅዲ-ክዳን ዲዛይን ክንሳተፍን ልዑል ዝኾነ ርእሰ ምትእምማን ኣጥሪና መሪሕ ተራ ክንጻወትን እምሕጽን፡፡

**◆ሃገደብት ጸገም ዓንዲ ሕቖ ኣጋጢሙኪ ኣሎሞ፡ ጠንቂ ሕማምኪ እንታይዩ?**

ምስ ናይ ዓንዲ ሕቖ ዝተኣሳሰር ሕማምዩ፡ ኣብዘ ትርእያ ዘለኻ ዊልቼር ኮፍ ከም ዝብል ገይሩኒ ዘሎ፡፡

**◆ሞራልኪ ኸ ከመይ ኣሎ?**

ኣምላኽ እማስገን ሳላ ልዑል ምክንኻን ናይ ክብርቲ ወላዲተይ ወይዘሮ ሳባ ተስፉዝጊ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ሞራለይ ኣይተተንከፈን ዘሎ፡፡

**◆ምምሕያሽ ተርእዩዶ ኣለኺ?**

እቲ ቃንዛኳ ጉዲፉኒዩ፡ ኣእጋረይ ጥራሕየን ምእዛዝ ኣበየናኒ ዘለዋ፡፡

**◆ ጥዕናኺ ናብ ንቡር ንምምላስ ከ እንታይ ትጉበሪ ኣለኺ?**

ዳርጋ መዓልታዊ ናብ ሆስፒታል እርያ እናኸደኩ ፊዞ ትራቢ ይጉበር ኣለኹ፡ ተስፋ እጉበር ከኣ ሓውየ ከም ቀደምካ ኣብ ሆስፒታልን ኣብ መድረኽ ፋሽን ሾውን ስርሐይ ክሰርሕ ክትርእዩኒ፡፡

**◆ ኣጆኺ፡ ተስፉኺ ተስፉ ኩላትናዩ፡ ዕላልና ናብ ምዝዛሙ ገጽዩም ኣብ መወዳእታ ትብልዮ እንተሎ ንእሽቶ ዕድል ክሀበኪ?**

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንክበጽሕ ልዑል ሞራላ ዘይተፈልየኒን ብእሩም ስኑ-ምግባር ኩሳኩሳ ዘዕበየትንን መሓዛይን መማኸርተይን ዝኾነት ክብርቲ ወላዲተይ ወይዘሮ ሳባ ተስፉዝጊ፡ ንዓበየይ ግደይ ገረዝግሄር ንኣሕዋተይ ሊድያ ግርማይ፡ ሄኖክ ግርማይ፡ ሶልያና ግርማይ፡ ከንኡን ግርማይን ንሓትነይ ሃና ተስፉዝጊ ንኣኮይ ኣቶ ጊደወን ተስፉዝጊ ንሓወቦይ ኣቶ ያቆብ ክብርኣብ ንኹሎም ቤተሰበይን መሳርሕተይን መሓዛተይን ብልቢ ከመስግንእየ፡፡

# ደቂ - ኣንስትዮን ኣከባብን

## ተምራ-ሙሳን ረብሓታቱን

ዓንዶም ግርማይ(ወዲ ደረስ)

መበቈል ገረብ ተምራ-ሙሳ ኣበይ'ዩ? ዝብል፡ ብዙሕ ግዜ ዝደጋገም ሕቶ እዩ። ብዙሕ መልሲ ክወሃቦ ድማ ንሰምዕ ኢና። ገለ ኣፍሪቃ ይብሉ፣ ገለ ከኣ ሰሜን ኣመሪካ ምዃኑ ይዛረቡ። ተምራ-ሙሳ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ጅራት (Genera) ዝምደቡ፣ 44 ዓሌታት (Species) ዘለውዎ ዓይነት ገረብ'ዩ። እዚ ገረብ፡ ኣብ 1880 - ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ኣብ 1882 ኣብ ሰኒጋል፣ ኣብ 1900 ኣብ ግብጺ፡ ኣብ 1960 ድማ ኣብ ሱዳን ተራእዩ።

ተምራ-ሙሳ፡ ካብ 1970ታትን ክሳብ 80ታትን፡ ብሱዳን ኣቢሉ ናብ ሰሜናዊን ምዕራባዊን ኤርትራ ከም ዘስፋሕፍሐ ይሕበር። ኣብ 1985-86 ድማ፡ ንፈተነ ተባሂሉ ኣብ ከባቢታት ባጽዕን ሓጋዝን ናይ መጽናዕቲ ነቝጣታት ተደኩነን ምንባረን ይጥቀስ። ኣብ'ዘን ናይ ፈተነ ቦታታት፡ ሓሙሽተ ዓይነት ቡቋልያ ገረብ ተምራ-ሙሳ ተተኺሉ። እቲ ንመጽናዕቲ ተባሂሉ ዝተገብረ ፈተነ፡ ሉሚ ንምስፍሕፋሕ እዚ ገረብ ናህሪ ወሲኹሉ ክኸውን ከም ዝኽእል ይግምገም።

ፕሮሶፒስ ጁሊፍሎራን ፕሮሶፒስ ቻይለንሲስን ተባሂሎም ዝፍለጡ ክልተ ዓይነት ገረብ ተምራ-ሙሳ፡ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ጋሽ-ባርካ - ኣብ ተሰነይ፡ ሃይኮታ፡ ኣቑርደትን ፎርቶን፣ ኣብ ዓንሰባ ድማ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰልዓን ከርከበትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ንኡሳን ዞባታት ናይ ሰሜናዊን ደቡባዊን ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣስፋሒሖም ምህላዎም ይግለጽ።

መረዳእታ ሕብረተሰብና ኣብ ረብሓን ጉድኣትን ገረብ ተምራ-ሙሳ ድሩትዩ። ብዝተፈላለዩ ወገናት'ውን ብዙሕ ትርጉም ክወሃቦ ጸኒሑ'ዩ። እቲ ዝሰፍሐ መረዳእታ፡ እዚ ገረብ ኣሉታዊ መዳያቱ ይዓቢ። ብቐዳማይ ዝጥቀስ ኣሉታዊ መዳያት ናይ'ዚ ገረብ፡ ወራሪ ባህርያቱ'ዩ። ብህላወን ወራርን ናይ'ዚ ገረብ ቀዳሞት ዝሰግኡ ሓረስቶት'ዮም። ኣብ ልዕሊ መበቈላውያን ኣግራብ ዘለዎ ዓብላልነት'ውን፡ ካብ ግዜ ናብ ዘሻቕል ዘሎ'ዩ። ኣብ ሰበሕ መሬት ሕርሻ፡ ገማግም ሩባታት፡ ወሰናስን ጽርግያታት፡ ሓደስቲ ቁሸታት፡ ሕዛእቲ፡ መገሃጫ፡ መትረብት ወይ ካናለታትን፡ ቀንዲ የስፋሕፍሕ።

ከማኢል ኣልሓሰን መሓመድን ሚድያን ስለጽዮንን፡ ንኣሉታዊ ጉድኣት ገረብ ተምራ-ሙሳ ብእወታዊ ዓይኒ ጠሚተን፡ ብዓይነቱ



ብሉጽ ፈሓም ከም ዝፈሪ፡ ምርምር ዘካየዳ መሃንድሳት'የን። ንሳተን ኣባላት 31 ዙርያ ኮይነን፡ ኣብ 2023 ካብ ኮለጅ ምህንድና ማይ ነፍሒ ብዓውዲ ምህንድስና ትምህርተን ዛዚመን፣ ኣብ 2024 መረቓ። ቅድሚ ሕጂ፡ ጐድኒ ጐድኒ ናይ ምምህርናን ምስትምሃርን ስራሓን፡ ካብ ገረብ ተምራ-ሙሳ ፈሓም ምስራሕ ዘኽእል ፕሮጀክት ኣንቂለን፡ ንሽልማት በቒዐን'የን። ዝተጠቕማሉ ሜላ፡ ብቴክኖሎጂ ተሓጊዝካ፡ ካብ ገረብ ተምራ-ሙሱ ፈሓም ምድላዉ'ዩ። እቲ መስርሕ ኣብ ልዕሊ ክፍሕም ዘተቐረበ ጥረ-ነገር ናይ'ዚ ገረብ ዝተወሰነ ጸቕጢ ፈጢርካ፡ ብመልክዕ ብሉኬቲ ውሱን ቅርጺ ዘለዎ ፈሓም ኪተዳሉ የኽእል።


ብዘይካ ኣብ ዞባታት ማእከልን ደቡብን ኣብ መላእ ሃገር ኣስፋሕፊሑ ዝርከብ ተምራ-ሙሳ፡ ንምቍጽጻሩ ብሚኒስትሪ ሕርሻን መንግስቲን ወትሩ ጻዕረታት ይካየድ'ዩ። እዘን ምሩቓት ዘቕረባኦ ሓሳብ፡ ዕላማኡ ነቲ ሕማቕ ናብ ጽቡቕ፡ ነቲ ዘየድሊ ናብ ኣገዳሲ ነገር ንምቕያር'ዩ። "እዚ ሃገራት ዓለም፡ ንምጥፋእ ቢልዮናት ዶላራት ሰሊዐን ዘይተዓወታሉ ገረብ፡ ብኸመይ ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብ ይውዕል?" ዝብል ሓሳብ ድማ ኣንቂለን። ካብኡ ፈሓም ኣፍሪኻ፡ ብኸመይ ጠለብን ቀረብን ፈሓም ሕብረተሰብና ተማልእ ዝብል ፕሮጀክት ሓንጺጸን ከኣ ተበጊሰን። መደብን እንተ ተዓዊቱ፡ ንዕኡ ዝበቕዕ ቴክኖሎጂ ኣዋዲድካ ኣኺሉ ዝተርፍ ምህርቲ ፈሓም ምፍራይ፣ ስምኡ'ውን ንዕጸይቲን ፈሓምን ተባሂሉ ዝበርስ መበቆላውያን ኣግራብ ጉቲእካ፡ ዝባደመ ከባቢ ናብ ናይ ቀደም ግርማኡ ምምላስ የኽእል።

ግቡእ ኣገባብ ኣፈሓሕማ ዘይምጥቃም፡ ንፈሓም ተባሂሉ ዝሃልኽ ገረብ ብዙሕ፡ እቲ ዝፈሪ ፈሓም ውሑድ፡ ዝሃልኽ ግዜን ጉልበትን'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ብባህላዊ ኣገባብ ዝካየድ ኣገባብ ኣፈሓሕማ፡ ካብ ጥቕሙ ክሳራኡ ይዛይድ። ብባህላዊ ኣገባብ ዝፍሕም ፈሓም፡ ኣብ ገዛ ክትጥቀመሉ ከለኻ ብዙሕ ጋዝ ስለ ዝተፍእ፡ ጸገማት ስርዓት-ምስትንፋስ የስዕብ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ህጻናትን ደቀንስትዮን።

መሃንድሳት ከማኢልን ሚድያንን፡ መጀመርታ ንዕንጸይቲ ተምራ-ሙሳ'የን ኣብ ቤት ፈተነ ዝተፈላለየ መጽናዕቲታት ገይርናሉ። ካብ'ቶም ኣብ ጉድጓድ ዓቢጥካ ብባህላዊ ኣገባብ ዝፍሕም፡ እንታይ ሜላ ተጠቒምካ ብሉጽ ፈሓም ተፍሪ ከኣ፡ ሓሲበንን ዘትየንን። ብድሕሪ'ዚ፡ ነቲ ዕንጸይቲ ኣዳቒቕካ ብድላው፡ ኣብ ሓደ ውሱን ሙቐት (ዋዒ)፡ ጸቕጢ ናይቲ መጠን ሙቐት እናተቈጻጸርካ ኣብ መስርሕ ዝተፍኡ ዝተፈላለዩ ጋዛት ብመልክዕ ፈሳሲ ዓቍብካ ንኻልእ መዓላ ዝውዕለሉ ሜላ እናተጠቐማን፡ ነቲ ናይ ምፍሓም ዕዮ ኣካይደናኦ። ሓሳብ ልበን ሰሚሩለን ድማ፡ ውጽኢቱ ልዑል ሚዛን ዝወሃቦ ፈሓም ኣፍሒመን። እቲ መስርሕ ናይ ምወዳእታ ደረጃኡን መልክዑን ንምትሓዝ፡ ካልእ መድረኽ ክሓልፍ ስለ ዝነበሮ ግዳ፡ ነቲ ፈሓም ብምጭባጥ፡ ቅርጺ ብሉኬቲ ከም ዝህልዎ

ገይረን ኩዳልዋአ ወሲነን።

ፈሓም ካብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገረብ ክወጽእ ዝኽእል ብዓይነቱ ዝፈላለ ጥረ-ነገርዩ። እዘን መንእሰያት ቅድሚ ሕጂ ሓሰር ስገም፡ ስርናይ ወዘተ፡ ፈሓም ንምፍራይ ፈቲነን ውጽኢቱ ብዓይኒ ጥዕና፡ ኣገልግሎቱ፡ ኣብ ኣከባቢ ዝህልዎ ጽልዋ ኮታ ብብዙሕ ሸንኻቱ ተመልኪተን። ካብዚ ዝተጠቕሰ ዘካየድኦ ፈተነታት ዝቐሰማኦ ተመኩሮን ሓሳብን ተበጊሰን ከኣ፡ ውጽኢት ካብ ተምሪ-ሙሳ ዝርከብ ፈሓም ንምፍላጥ ፈተነ ኣካይደን። ካብ ናይ ቅድሚኡ ዝገበራኦ ፈተነ ብምንጽጻር፡ ፈሓም ውጽኢት ተምሪ-ሙሳ ዝበለጸ ኮይኑ ረኺበናኦ። እዚ ድሕሪ ምርካበን ውሱን ቅርጺ ከም ዝህልዎ ገይረን ነዲፈናኦ።




እዘን መንእሰያት ፈሓም ካብ ገረብ ተምሪ-ሙሳ ንምስራሕ ዝብል ሓሳብ ምስ ኣንቀላ፡ ንፈተነ ዝተጠቕማሉ ኣብ ከባቢ ባረንቱ ዝርከብ ተምሪ-ሙሳ'ዩ። ኣብ ኮሊጅ ምህንድስና፡ ክፍሊ መካኒካል፡ ዝተፈላለየ መጽናዕቲታት ኣካይደን። ካብዚ ገረብ፡ ዝበለጸ ፈሓም ክዳሎ ዝኽእል ቅማረ መጠን ሙቐትን ጸቕጢን ድማ ረኺበን።

እዘን መንእሰያት መሃንድሳት፡ ውጽኢት ምርምራተን ኩባንያ ቶታል ኢነርጂስ ንመበል 100 ዓመት ምምስራቱ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዝወደቦ'የን ተሳቲፈን። እቲ መደብ፡ ንጸዓትን ካልእ ኣብ ድሕነት ኣከባቢ ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገብሩን ካብ 20 ክሳብ 35 ዓመት ዝዕድመኦም መንእሰያት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ከቕርቡ ዝጽውዕ'ዩ። ብሉጻት ንዝበለን 100 ዕዉታት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ከተባብዕ ድማ ውድድር ሰሪዑ። እዚ ኩባንያ ቀንዲ መደበሩ ኣብ ፈረንሳ ኮይኑ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ 32 ሃገራት ጨናፍር ኣለዎ። ኤርትራ ከኣ በቲ ትካል ኣብ ዝስራዕ ውድድር፡ ዛጊት ን3ይ ግዜኣ ተሳቲፋ ኣላ። ከማኢልን ሚድያን ነዚ ብኩባንያ ቶታል ኤነርጂስ ዝቐረበ ዕድል ከምልጠን ኣይፈቐዳን። መጽናዕታዊ ወረቐተን'የን ኣቕሪበን።

እቲ ውድድር ሰለስተ መለክዒታት ዘለዎ እዩ። ቀዳመይቲ መለክዒ፡ ሓደስቲ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ ምቕራብ፣ ካልኣይቲ መለክዒ፡ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ዳግማይ ተመስሪሑ ዘገልግል ካብ ጐሓፍን ካልእን ዝዳሎ ዘርኢ፣ ሳልሳይቲ መለክዒ ድማ፡ ንጠለባት ተጠቀምቲ ዘማልእ ጸዓት ምምንጫው ዘክእል ብልሓት እተተኩርያ።

ኣብቲ ውድድር፡ ካብ ኤርትራ 56 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪበን። ካብአን 15 ተመምየን ናብ ካልኣይ ውድድር ምመያ ሓሊፈን። ኣብ መወዳእታ ናይዘን ሃባሩም መንእሰያት እትርከበን ሰለስተ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ፡ ብሉጻት ኮይነን ብምርካበን፡ ነፍሲ ወከፈን ተሸለምቲ ናይ 112 ሽሕ ናቕፋ ክኸሩና በቒዐን። ሕጋዊ መስርሕ ተኸቲሉ ድማ፡ ንተዓወትቲ ይወሃቦም።

ደቂ ኣንስንስዮ ድሩት ዓቕሚን ክእለትን ጥራይ ዘውንና ገይርካ ናይ ምርኣይ ጸኒሕ ብሂል ሕብረተሰብና ኣሎ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ውድድር ግና፡ ተሰታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ዓቢ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ናይቲ ውድድር ዝተሓፍሰ ዓወት ብደቂ ኣንስትዮ ዝተዓብለለ ከም ዝነበረ ይሕበር።

ብፍላይ ድማ፡ ኣብቲ ብደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ተባሒቱ ዝጸንሐ ዓውዲ ምህንድስና፡ ዋናታትን ኣድማዕቲን ምኳነን ብግብሪ ኣርእየን። እዚ ኑቲ ደቂ ንስትዮ ድኹማት ገይሩ ክጥምት ዝጸንሐ ብሂል፡ ግጉይን ድኹምን ካብ ምኳን ሓሊፉ ፋይዳ ከም ዘይብሉ ዘነጽር'ዩ።

ከማኢልን ሚድያንን፡ ኑቲ ካብ ገረብ ተምሪ-ሙሳ ዘዳለውኦ ፈሓም፡ ካብቲ ብልምዳዊ ኣገባብ ዝዳሎ፡ ዝተፈልየ ኣገባብ ተጠቒመን፡ ብዙሕ ረብሓ ዘለዎ ገይረን'የን ኣዳልየናኦ። ቀዳማይ ብልጫኡ፡ ገለ ካብቲ ብልምዳዊ ኣገባብ ፍሒሙ ዝዳሎ ፈሓም፡ ምስ ተኣጉደ ንነዊሕ ሰዓታት ኣገልግሎት ዘለዎ'ዩ። ካልኣይ ብልጫኡ፡ እቶም ኣብ ፈሓም ዝርከቡ ተጐዳእቲ ባእታታት፡ ወጺኦም ንጥዕና ሰብን ኣከባቢን ብዘይጐድእ ስለዝዳሎ፡ ረብሓኡ ዕዙዝ'ዩ።

ውጽኢት መጽናዕቲ ናይ'ዘን ተመረቕቲ፡ ብዝምልከቶ ኣካል ጠመተ ረኺቡ፡ ብስነ-ፍልጠት ተደጊፉ፡ ንዕኡ ተባሂሉ ትሕተ ቅርጺን ካልእን ተዋዲድሉ ከም ትካል ቈይሙ ክሰርሓሉ እንተ ደኣ ተኻኢሉ፡ ምብራስ ኣግራብ ኣይክህሉን'ዩ፣ ንዕንጸይቲን ፈሓምን ተባሂሎም ዝቕረጹ መበቈላውያን ኣግራብ ድማ ክድሕን'ዩ። ብተወሳኺ፡ ኑቲ ዕለታዊ ህይወቱ ምስ ዕንጸይቲን ፈሓም ዝተኣሳሰር ናብራ ዝመርሕ 61% ሕብረተሰብና፡ ብዝሓሰረ ዋጋን ብቐረባን፡ ኣብ ምድላው ዕዙዝ ግደ ክህልዎ'ዩ።



# ርእይቶ

## ኣንፈ ጽንብላትና ናበይ ገጹ?

ነጋሲ ወልደማርያም (ገስጋሲ)

ሕብረተሰብ ኤርትራ ካብ ሱር መሰረቱ ናተይ ዝብሎ፡ ኩስኩሱን ሓብሒቡን ብዓቡኡ ድማ ተቓሊሱን ዓቂቡን ዝሃነጾን ዝኹርዓሉን ዝሕበነሉን ባህላዊ ክብርታት ዘለዎ እዩ። እዚ መርሖ ኮይኑ ዘኸደና ዘሎ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻዚ፡ ካብ ጥንቲ ብክብርታት ዝተሃንጸ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ሕፉርን ክቡሩን እዩማ። ከምኡ ክኸውን ዘኽኣሎ ከኣ ውጺኢት ሃገራዊ ቃልሲናን ንጹር መትከልናን፡ ኣብ ልቢን ሕልናን ነፍሲ ወከፍ ዜጋን ዘለዎ ተቐባልነትን ርቀትን እዩ።

ከም ዝፍለጥ ባህሊ መንነትን ክብርታትን ሕብረተሰብ እዩ። ኣብ ዝበዝሑ ጽሑፋትን ኣፋዊ ያታትናን ጽውዮታትን ሃገርና ከም ዝግለጽ፡ ባህሊ ንህይወት ደቂ ሰብ ብሓፈሻ ድማ ንኣነባብራን ልምዲን ስድራቤታት፡ ኮም፡ ሕብረተሰብን ዝገልጽን ዝሕብርን ንጹርን ኣተሓሳስባን ኣመላኻኽታን ከም ዝህሉ ዝጉብር፡ ናይ ሓባር ናተይ ንብሎ መለለይ ዝኾኑ ክብርታትን፡ ልምድታት፡ ቛንቋታት፡ እምነታት ካልእን ዝፈጥር ሃገራዊ መንነት እዩ ክበሃል ይከኣል።

ኣብ'ዚ ግዜ ሓደ ዘይከሓድ ሓቂ ኣሎ። ንሱ ድማ ከም ሕብረተሰብን ሃገርን ካብ ጽልዋን ነጸብራቕን ዓወለማ ተገሊልካ ወይ ተነጺልካ ንበይንኻ ክትነብር ትኽእለሉ ግዜ ኣይኮነን፡ ፡ ግን ከኣ ኣደህቦን ጥንቃቐ ዝኾነ ስርዓት ዘለዎ ኣካዩዳን ወግዒን ምስ እትኽተል ኑቶም ኣብ ሰረትካን እምነትካን ኣገደስቲ ዝኾኑ ልምዲታትን ውርሻ ባህሊን ብምዕቃብን ብምኹስኳስን፡ ብናይ ቀጻሊን ዝተወሃሃደን ጻዕሪ ምእላይ ኑቶም ሃሰይቲ ልምዲታት ድማ ብምውጋድን ይጽንሓሰይ ዘይበሃሎ እዋናዊ ዛዕባ'ዩ።

መበገሲ እዚ ዓንቀጽ ናይ'ታ መጽሔት ኣግእዞ ኣብ ናይ መስከረም 2023 ቀኑጽሪ 40 ሕታማ ዘስፈረቶ "ጽንብል ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን" ባይቢ ሻወር( baby shower) ማለት ምሕጻብ ቆልዓ ዝምልከት ዛዕባ'ዩ። እቲ "ሓድሽ ህጻን ንኣባላት ስድራቤትን መቕርብን ባህታ'ዩ ዝፈጥር" ኢሉ ዝፍልም ጽሑፍ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ጽንብል እናገነነ ይመጽእ ምህላው ይገልጽ። ስዒቡ'ውን ኑቲ ኣብ ሃገርና ኣደ ምስ ሓረሰት ዝግበር ዝለመድናዮን እንፈልጦን ወግዒ ኣገባብ ኣቀባብላ ሓራስን ሓድሽ ቆልዓን ኑቶም ዘይንፈልጦ ከም ኣፍልጥ ኑቶም እንፈልጦ ድማ ከም መዘኻኸሪ ሓፈሻዊ መረዳእታ ኣስኒቑ ምስ ህሉው ኩነታት ኣቀባብላ ሓድሽ ህጻን ኣተኣሳሲሩ ገሊጹዎ ኣሎ። ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ፍልልይን ጥቕሚን ጉድኣትን እንታይ ከም ዝመስል፡ ኣባና ዝህልዎ ኣሉታዊ ሳዕቤንን ጽቡቕ ሸነኻቱን ብዝምልከት ከኣ ዓሚቕ መረዳእታ ሂቡ።

ምስ ናይ ባህልና ብምንጽጻር ምስ'ቲ ካብ ሃገራት ምዕራብ ናባና ገጹ ዝውሕዝ ዘሎ ጽንብላት ብምግምጋም ሓፈሻዊ ርድኢት ክህበና ፈቲኑ ኣሎ። ብግሪኽን ግብጽን ተበጊሱ ካብ 5ይ - 15 ክፍለ ዘመን ኣብ ዘሎ ግዜ እናተሰወጠን ብዙሕ ጠለባት ክሓትት ከም ዝጀመረ፡ ብ1800 ዓ.ም. ብመቕርብን ፈተውቲን እናተዳለወ ንነፍሰ ጾር ኣደ ብምዕዳም ከም ዝማዕበለ ብንጹር ሓጺርን ኩሉ ብዝርደኦን ኣገባብ ኣስፊርዎ።

እዚ ጽንብል'ዚ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ቦኳር ክትሓርስ ኣብ ዝቐረበትሉ እዋን ዝካየድ ጽንብል ወይ ውራይ እዩ። ንሕና'ውን ኑቲ ዝውለድ ዕሸል ማእከል ዝገበረን ነታ ጓል ድማ ናብ ኣደነት ዘእቱ ምኳኑ ተረዲኡና ኣሎ። ብቐንዱን ሓፈሻውን ግና ነታ ጓለንስተይቲ ቦኳር ዝግበረላ ፍሉይ ኣተኩሮን ጽንብልን ምኳኑ ኣብ ኣእዛነይ ሃሚሙ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ዓንቀጽ ካብ ዝቐረበ መረዳእታ ዝመሰጠኒ እንተደኣ ነይሩ ፡ "ክንዮ'ቲ ኣብ'ቲ ጽንብል ዝፍጠር ሓጎስን ደስታን ኣብ'ታ ኣደ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም ዘኸትል" ዘረድእ ኣገዳሲ ምዕዶ እዩ። ሳሕቲ ዘጋጥም ስነ ኣእምሮኣዊ ሻቕሎት እታ ኣደ፡ ኣብ ክንዲ ቡቲ ጽንብል ተዛንያ ትምለስ "ኩነታት ሕርሰይ ከመይ ክኸውን'ዩ?" ኣብ ዝብል ነውጺ ናይ ኣእምሮ ከም ዝፈጥረላ ዝነግር ምስትውዓል ዘድልዮ ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣመሓላሊፉልና። እቲ ጽንብል እታ ኣደ ንምኳን ትሸባሸብ ዘላ ቦኳር ኑብሰ- ጾር ብሰላም ተገላጊላ፡ ተረጋጊኣ ወላዳ ምስ ሓቐፈት ክካየድ ማዕዳ ውሒዙ። ስለዚ ክቡራት ኣሓተይ ዘስተብህልን ዘስተውዕልን ምስ ዝህሉ ንለባም ኣምተሉ'ዩ ዘበኑ እሞ ኣደህቦና ደኣ ነዕቢ።

ኣብ'ዚ ዛዕባ ሓሳባይ ኣፍሲሰ ከይወዳእኩ ከለኩ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ልሳን ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዝኾነት ዓምዲ ማሕበራዊ ዕብየት ብ14 ነሓሰ 2024-ገጽ 6 ሕታማ "ንባህሊናን መንነትናን ዘዳኽሙ ጽንብላት ንንቃሓሎም" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓንቀጽ ምስ ምሕጻብ ቆልዓ(baby shower) ዝመሳሰል ጽሑፍ ኣኣንጊዱ። ክልቲኡ ዓንቀጽ ኣብ ዝበዝሐ ተመሳሳሊን ሓደን እኳ እንተነበረ፡ ገለ ውሱን ተኸዊሉና ዝነበረ ኣገባባት ግና ክንፈልጥ ኣኽኢሉና።

እዚ ጽንብል ብዝያዳን ቀጻሊን ኣብ ሃገራት ምዕራብ ከም እኒ ኣመሪካን ካናዳን ዝኣመሰላ ምዕቡላት ሃገራት'ዩ ብዝሰፈሐን ብዝዓበየን ዝካየድ። ፍልይ ብዝበለ ኣገባብን ወግዒን ተወዛሕዚሕን ፈንጠዝያን፡ ብዙሓት ፈተውትን መቕርብን'ታ ኑብሰ-ጾር ብዘእንግድ ኣገባብ ከኣ ይጽንበል። እታ ነፍሰ ጾር ኣደ ካብ'ቲ እትኽደኖ ክዳን ጀሚርካ ክሳብ'ቲ እትልከዮን መጸባበቒን ባዕላ ከም እትመርጽ ካባይ ኣይትድለይዎ። ይኽበር ይሕሰር ብዘየገድስ በዓልቲ መዓልቲ ከም ብምኳና መጠን ክዳለወላ ግድን ይኸዉን። ስለዚ እቲ ጽንብል ቀንዲ ኣጀንዳኡ ነታ ኑብሰ ጾር ምሕጋዝ ዝብል ክሳብ ዝኾነ፡ እቲ ጽንብል ዘካየደ የካይዶ ብዘየገድስ ካብ ምትግባሩ ግን ኣየቋርጽን እዩ።

ኣብ'ዚ ጽንብል እታ ኑብሰ ጾር ሰብኣያ ወይ ሕጹያ ምስኣ ክህሉ ምስ እትደሊ ብዘይ ቅድመ ኩነት'ዩ ዝመጽእ። ኣብ'ዚ እቲ ሰብኣያ/ሕጹያ ከም ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይኑ፡ ድሕሪ ኩሉ'ቲ እንግዶት ተዳልዩ ምውዳኡ ንክመጽእ/ክኣቱ ጥራይ'ዩ ዝፍቀደሉ። ምናልባት እቲ ዕዱም ተሃዊኹ ወይ ተኸዊሉን ምድሳዋት ናይ'ቲ ጽንብል ክርኢ ምስ ዝፍትን ግና፡ ዘይምሕርን ዘየዳግምን መቕጻዕቲ ከም ዝበየነሉ ወዓልቱ ይነግሩ። እቲ መቕጻዕቲ እንታይ'ዩ ዶ በልኩም። ገለ'ዶ እሞ ክብለኩም። ገለ በገዕ ምሕራድ፡ ገለ ኣእጋር ሓራስ ልብጥ ብዝበለ ማይ ምሕጻብ፡ ገለ ገዓት ጊዒትካ ምምጋብ፡ ገለ ንወሰናት መዓልታት ፍረታት ምምጻእ፡ ገለ ዓራት ሓራስ ምንጻፍን፡ እታ ነፍሰ ጾር ምስ ሓረሰት ድማ ክዳን ቆልዓ ምሕጻብን ካልእን ዝብል መቕጻዕቲ ከምዘለዎ፡ በዚ መቕጻዕቲዚ ግዳይ ዝኾነ መሳርሕተይ ከዕልለኒ ይዝክሮየ። ግርም'ዶ በልኩም! እቲ ዝገርም እቲ ዝወሃብ መቕጻዕቲ ነታ ድሕሪ ምሕራሳ ደገፍን መደልደሊ ሕቖን ዘድልያ ኣደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኳኑ እዩ። እዚ ጽንብል ካብ'ቲ ብዙሕ ሽግሩን ጠምዛዚን ገዛኢን ባህርያቱ፡ ብገለ ኣዝዩ ውሑድ ሸነኹ ዝብላዕ'ሲ ኣይተሳእናን። ንቐጽል ደኣ…

ናብ'ቲ ኣቐዲመ ዘበገስክዎ ክምለስ፡ እቲ ዕዱም ድሕሪ ምእታዉ ቡተን ከማዕርጋኣ ዝመጻ መሓዘታን መቕርባን፡ ኣብ ርእሲ'ታ ኑብሰ ጾር ኣፍቃሪቱ ወይ ሰበይቱ ዝግበረላ ክንክንን ጥንቃቐን ብፈታሺ ወጣሪን ሕቶ ከም ዝዋደደሉ ኣብ ገለ

ናይ ቲክ-ቶክ ሓጻርቲ ቪዲዮታት ርእየ ኣለኹ። ዝገርም እኳ'ዩ፡ ሕጊ'ቲ ጽንበል ከምኡ'ዩ ዝእዝዝ ይብሉኹም ተዛሪብቲ።

እዚ ጽንበል ድሮ ንመሲጋገሪ ናብ ኣደኑት ባብ ዘርሑ ተባሂሉ'ውን ክእመነሉ ጀሚሩ ኣሎ። እታ ኣደ ስነ ልቦናዊ ኣቀራርባ ክትጉብር፡ ሞራላዊን ቁጠባዊን ደገፍ ንምሃብ ተባሂሉ ከምዝፍጸም እውን ይስመረሉ። ተወሳኺ ኑቲ ዝወለደ ህጻን ዝተፈለለዩ ህያባት ብምብርካት ኣብ ቁጠባ'ታ ስድራ ሓገዘ ንምግባር ተባሂሉ ዝካየድ ሓድሽ ዝፈለቐ ወግዒ ምዃኑ ድማ ይውሰኾ።

ንቁጠባ'ታ ስድራ ምሕጋዝ ጽቡቕ ዘይጽላእን ዝድገፍን'ኳ እንተኾነ፡ ኑቲ ጽንበል ተዳሉ ስድራቤት ግን ኩሉ ሓደ ምኳኑ ኣይተርፎን። እቲ ምኽንያት ድማ ህያባት ክትእኩብ ወጻኢታት ጽንበል ክትሽፍን ግድን ስለ ዝኾውን እዩ። እዚ ጽንበል ንኻልኦት ሕብረተሰብ ብኣረኣእያን ኣጠማምታን ናይ'ቲ ዝወቅሎ ሕብረተሰብ ጠቓሚ ክኾውን ይኽእል እዩ። ቅኑዕ ወይ ጠቓሚ ተባሂሉ ክእመነሉ ድማ ይኽእል። ኣብ ሕብረተሰብና ግን ክንጾ ጥቕሚን ረብሓን፡ ባህልና ካብ ምህሳስን ምጥፋእን ወጻኢ ዝጠቕመና የብሉን። ስለዚ…

ብዘይካ'ቲ ዓቕሙ ዝሓለፈ ወጻኢታቱ፡ ብመንጽር ቁጠባዊ ትሕዝቶ ስድራቤታት እንተሪኢናዮውን ከቢድን ሃሳዩን ናብ ዘይተደልየ ኣንፈት ዝመርሕን ዝጥምዝዝ ዝንቡዕ ጽንበል'ዩ። ንባህልናን ክብርናን ድማ ናብ ዘይተደልየ መኣዝን ዝጸሉን ዝመርሕን ከም ወልፊ ንስምዒታትና ዝነክእን ደምና ዝብርዝን እንተርፎ ክሳራ መኽሰብ ዘይርከቦ ጽንበል'ዩ ። እቲ ዝዓበየ ስክፍታ ዝፈጥር ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝዓቢ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ ዝፈጥሮ ዘሎ ጌጋ ስእሊን ርድኢትን ኣመላኻኽታን'ዩ። ንእሽቶይ ብዝመስል ግን ከኣ ካብ ባህሊኻን ክብርኻን ዘኾብልል መንሸሮ እዚ ግዜ እዩ። ምሁራት ስነ-ሰብ "ግጉይ መረዳእታ ሒዘም ምስሎም ንኪጋግዩን፡ ኣብ መጻኢ ከኣ ምግርጫው ናይ ባህሊ ክስዕብን ከምዝኽእል" ይገልጹ።

ሓደ ካብ ዘሕለፍናዮ ተናፋቒ ዝኽሪ'ዶ ከዘክረኩም። እቲ ቀደምሲ፡ ኣብ ገዛውትና ሓንቲ ኣደ ብሰላም ምስ ተገላገለት/ሓረሰት በዓል ኣደይ ተኣኻኺብን ከም ኩሉ ሰበን ዘዋጻእኦ ትሕዞኦን ሒዘን፡ እንቋዕ ሓጎሰኪ ብምባል ይበጽሓኣ። ከም ባህሊን ወግዒን ተኣኪብን ናይ ሓጎስን ሰናይ ምንዮትን ገዓት ግዒተን ይምገባ ነይረን። ቀጺለን ነታ ሓራስ ዘማእከልን ዝምህርን ኣፍልጦ ዘበርኽንዩ ዝበለኦ፡ ካብ ዝሓለፈኦ ተመኩሮ ኣደኑት ድማ የውርሰኣን ይምዕዳኣን ነይረን። ንሕና እቶም ንኣሽቱ ጎሮባብቲን መቕርብን ድማ ከም ሰብና ገዓትና በሊዕና ናብ ጸወታና ንምለስ። ንድሕሪት'ዶ መሊሰኩም።

ሓንቲ ኣብ ማእከል ባህላን ክብርታታን ማማሊቑን ከቢራን እትነብር ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ፡ ኑቲ ከም ወልንሳ ኮይኑ ዘዕቆባ ሕፉርን ክብሩን ሕብረተሰባ መሲላ ካብ ምኻድ ንላዕሊ ጽባቐ ከም ዘይብላ ርዱእ ስለዝኾነ ድማ፡ ንዕኡ መሲላ ናይ ምኻድ ሕልናዊ ግዴታ ኣለዋ። ምኽንያቱ ፈለማ ንኑብሰኻን ገዛኻን ምስልኻን መሲልካ እምበር፡ ንምስሊ ዕዳጋ ምምሳል'ሲ ዘኹርዕ ኣይኮነን። ካብዚ ዝተባህለ ንላዕሊ ምስ እንኸይድ ግና፡ ካብቶን ግዳይ ናይ መንነት ቅልውላው ኮይነን ዘለዋ ብባህሊን ክብርታትን ዝጠፈሻ ዝተሓማተኻን ሃገራት ምዕራብ ክንከውን ምዃንና ርዱእ እዩ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ዓውለማ ብዝፈጠሮ ጽልዋ ኣብ ሕብረተሰብና ኣድላይነት ንዘይብሎም ዝተፈላለዩ ማሕበራውያን ቀኑጠባውን ጸገማት ዘቃልዑ ሃሰይቲ ልምዲታት ይረኣዩን ይተኣታተውን ኣለዉ። ቀጻሊን ብዋሕዚን ብግብሪ ኣብ ባይታ ይትግበሩ ከም ዘለዉ ድማ ንርእዮም ኣለና። እዚ ኩሉ ሰብ ዝርእዮን ተዓዲሙ ዝኸዶን ንማንም ዘገረመን ግን ከኣ፡ እናተሰዓበን ይኸይድ ምህላው ስክፍታ ይፈጥር ምህላዉ ዓንብ ዝበሃሉሉ ግዜ እዋኑ ዝኣኸለ'ዩ ዝመስል።

ምኽንያቱ ኑቶም ኣገዳስቲ ልምዲታት ምዕቃብን ምኹሳኳስን፡ ኑቶም ክውገዱ ዘለዎም ጎዳእቲ ልምዲታት ድማ፡ ብቀጻልን ዝተወሃሃደ ጻዕሪን ምእላይ ወይ ምውጋድ ከም ዘድሊ ምኽርን ምሕጽንታን ኣይንድለየሉ። ከም ተወሳኺ ካብ ካልኦት ሕብረተሰብ ብዝመጹ ልምዲታት፡ ምስ ባህልናን ኣነባብራናን ተወሃሂዶም ከም ዝኸዱ ብምግባር፡ ንዕበየትን ባህሊና ክንጥቀመሎም ይግባእ። ስለዚ ክቡራን ኣሓተይ ኑቲ ኣደታትና ዘጽንሓልክን ውርዙይ ኣቀባብላ ህጻን ምኽታል ልመዳ። ናይ ካልኦት ክንጥምት ኑቲ ክቡር ባህልና ከይነጥፍ ንጠንቀቕ።

## ፍሩታን ኣሕምልትን ዕድመ የዛይድ

*መዓልታዊ ብዙሕ ፍሩታታን ኣሕምልቲን ዝምገቡ ሰባት፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ክሞቱ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ ከምዝኾነ፡ ተሓቢሩ። ብመሰረት'ቲ ንሸሞንተ ዓመት ኣብ ዝተኣከበ ብዛዕባ ጥዕና ህዝቢ ዝሕብር ዳታ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ሰሙን፡ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ግዜ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ምምጋብ ንተኽእሎ ሞት ብ4% ከጉድሎ ከሎ፡ ኣብ ሰሙን ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ግዜ ምምጋብ ድማ ብ29% የጉድሎ። ኣብ ሰሙን ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሸውዓተ ግዜ ምምጋብ ከኣ ንተኽእሎ ሞት ብ36% ከጉድሎ ከሎ፡ ኣብ ሰሙን ካብ ሸውዓተ ንላዕሊ ፍሩታታት ኣሕምልትን ምምጋብ ንተኽእሎ ሞት ብ42% ከምዘጉድሎ ተፈሊጡ።*

*ብዘይካ'ዚ፡ ሓድሽ ኣሕምልቲ ምምጋብ፡ ኣብ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝሓየለ ረብሓ ስለዘለዎ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክስራዕ ከሎ፡ ሳላጣን ፍሩታታትን ድማ ኣብ ካልኣይን ራብዓይን ደረጃ ከምዝሰርዑ ተሓቢሩ። ካልእ፡ ዝቐዘየ ፍሩታታትን ፓውደር ሕዋስ ዘለዎን ተጠቒምካ ዝዳሎ ጽማቕ፡ ኣብ ዕምሪ ዝኾነ ጥዕናዊ ረብሓ ከምዘይብሉ ክሕበር ከሎ፡ ዕሹግ ፍሩታታት ድማ ንተኽእሎ ሞት መሊሱ ከምዘጋድድ እቶም ተመራመርቲ ኣነጺሮም።*

*ፍሩታትን ኣሕምልቲን ምምጋብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ሽጋራ ምትካኽን ኣልኮላዊ መስተ ምዝውታርን ዝኣመሰለ ሂወት ምምሕራሕ እውን፡ ንማጠነ ሞት ከምዘጉድሎ ክኢላታት ይገልጹ።*

*ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ዝበዝሑ ሰባት ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ናይ ምምጋብ ባህሪ ከምዘይብሎም ጠቒሶም፡ ካብ ዝተፈላለየ ሕማማት ናጻ ኮይናም ዝበዝሐ ዕምሪ ንኽጸንሑ ግን መዓልታዊ ፍሩታታትን ኣሕምልቲን ናይ ምምጋብ ባህሪ ከዘውትሩ መኺሮም።*

ኣይኑሓኑት ሳሙኤል

# ደቀንስትዮ ዓለም

## ቺማማንዳ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነገሰት ደራሲት

ተስፋኣለም የማነ

ኣህጉርና ኣፍሪቃ፡ ብዙሓት ውሩያት ደረስቲ (ጸሓፍቲ) ደቀንስትዮ'ኮ እንተ ርኣየት፡ ግና ኣይ ከም ቺማማንዳ ንጎዚ ኣዲቸ። እዛ ኣብ ኣጋ መወዳእታ 40ታት ዕድመ ረጊጻ ዘላ ናይጀርያዊት፡ ድርሰታታ ኣብ ምዕባለ ስነ-ጽሑፍ ናይጀርያ ድሙቕ ኣሰር ካብ ምግዳፍ ሓሊፉ፡ ብደረጃ ዓለም'ውን ቀልቢ ሚልዮናት ኣንበብትን ተሓለቕቲ ስነ-ጽሑፍን ክሰልቡ ክኢሎም ኢዮም።

ድርሰታታ፥ ነዋሕቲ ልብ ወለዳዊ ዛንታታት (novels)፡ ሓጸርቲ ልብ ወለዳዊ ዛንታታት፡ ንዝተወሰኑ ኣርእስታት ዝውክሉ ድርሰታት (essays)፡ እኩባት ግጥምታት፡ ከምኡ ድማ ናይ ቈልዑ መጽሓፍቲ ኮይኖም፡ ንዝተፈላለዩ ኣርእስታት ማለት - ንኣንስታውነት፡ ንኩነታት ድሕሪ መግዛእቲ፡ ከምኡ ድማ ንመንነት ብፍሉይ ኩርናዕ ጠሚጦም ዝድህስሱ ኢዮም። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዘስምዓቶም መደረታት'ውን፡ ዓለምለኻዊ ጽልዋ ኣትሪፎም ኢዮም።

ቺማማንዳ፡ ብ1977 እያ ኣብ ናይጀርያ - ኣብ ሓንቲ ሓውሲ ከተማ ተወሊዳ። ኣቦኣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናይጀርያ ናይ ስታቲስቲካ ፕሮፌሰር፡ ኣደኣ ድማ ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ናይ ፈለማ ተሓዝ መዝገብ ጓል ኣንስተይቲ ብምንባራ፡ ኣብ ትምህርቲ ከተድህብን ናጻ ኣተሓሳስባ ከተማዕብልን ሕጊዙዋ እዩ። ኣብ ርእሲኡ፡ ኣብ መንነ በበይኑ እምነት፡ ቋንቋ፡ ባህሊ፡ ልምድን ኣተሓሳስባን ዘለዎ ሓበጀራዋይ ሕብረተሰብ ምዕባያ፡ ናብ ስነ ጽሑፍ ንኽትዝንብልን ኣብቲ ዓውዲ ቀልጢፋ ንኽትደምቕን ጽልዋ ኣሕዲሩላ እዩ።

ቺማማንዳ፡ ኣብ 1997፡ ገና ጓል 19 ዓመት እንከላ 'Decisions' ዘርእስታ እኩብ ግጥምታት ዝሓዘት ቦኽሪ መጽሓፋ ብምሕታም ምስ ኣንበብቲ ቅድሚ ምልላያ፡ ሕልማን ባህጋን ኣብ ዓውዲ ሕክምናዊ ነይሩ። ስለ ዝኮነ ድማ፡ ኣሰር ዓባይ ሓፍታ (ዶክተር) ብምስዓብ ዶክተር (ሓኪም) ናይ ምዃን ድሌታ ንምግሃድ፡ ኣብ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናይጀርያ ኣትያ ስነ መድሃኒት ከተጽንዕ ጀሚራ ነበረት። የግዳስ፡ ንዉሽጣ ጽን ኢላ ብምስማዕ ሓቀኛ ሃረርታ ልባ ድርሰት ምዃኑ ቀልጢፋ ምስ ተገንዘበት፡ ነቲ ዝጀመረቶ ትምህርቲ ስነ መድሃኒት ጠንጢና ናብ ሕ.መ.ኣመሪካ ብምምራሕ፡ 'ኮሚኒከሽንን ፖለቲካዊ ስነ ፍልጠትን' ዝባሃል ዓውደ ትምህርቲ ብምጽናዕ፡ ኣብ 2001 ብቐዳማይ ዲግሪ ተመረቐት። ቀጺላ'ውን ኣብ ዩኒቨርስቲ ጃንዝ ሃፕኪንዝ ብዛዕባ ፈጠራዊ ኣጻሓሕፋ (creative Writing) ዝምልከት ትምህርቲ ድሕሪ ምጽናዕ፡ ኣብ 2003 ካልኣይ ዲግሪ (ማስትረይት) ረኺበት። እንደገና ኣብ 2008፡ 'መጽናዕትታት ኣፍሪቃ' ዝብል ካልእ ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ የል ተኸታቲላ ካልኣይ ማስተርስ ዲግሪ ወሰኸት።

ቺማማንዳ፡ ኩሉ ግዜ ለይቲ ሰብ ምስ ደቀሰ'ያ ምጽሓፍ ትጅምር። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ሸሞንተ ዓበይቲ ድርሰታት ብምሕታም ምስ ዓለም ኣለላልያ ኣላ። ንሳቶም ከኣ፥ ሓሙሽተ ነዋሕቲ ልብ-ወለዳዊ ዛንታታት፡ ክልተ እኽብካብ ሓጸርቲ ዛንታታት፡ ሓንቲ ድማ ታሪኽ ህይወታ ዝሓዘት መጽሓፍ። ኣብ ዝተፈላለያ ጋዜጣታት፡ መጽሔታትን ካልኦት ሕትመታትን ድማ ኣዝዮም ብዙሓት ዓንቀጻት ጽሒፋ ኣላ።

'ኣመሪካና' (Americana) ዘርእስታ 600 ገጽ ዘለዋ ልብ ወለዳዊት መጽሓፉ፡ ኣብ 2013 ዝተሓትመት ኮይና፡ እታ ሕልፊ ካልኦት መጽሓፍታ ብደረጃ ዓለም ዝተፈልጠትን ልዑል ኣድናቖት ዝረኸበትን እያ። ዋላ'ኳ ኩሎም መጽሓፍታ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ሚልዮናት ቅዳሕ እንተ ተሸጡ፡ ናይዛ መጽሓፍ እዚኣ ግና ሓለፉ ኣለዎ። ክሳብ ሕጂ ኣስታት 2 ሚልዮን ቅዳሕ ተሸይጣ ኣላ። ካብኡ፡ እቲ ልዕሊ 1 ሚልዮን ቅዳሕ ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ እዩ ተሸይጡ።

ብተወሳኺ፡ 'Half a Yellow Sun'፡ ከምኡ ድማ 'Purple Hibiscus' ዝብላ ካልኦት ክልተ ልብ ወለዳውያን



መጽሓፍታ'ውን፡ ዳርጋ ካብዛ ቀዲማ ዝተጠቕሰት መጽሓፉ ዘይንእስ ተነባብነትን ህቡብነትን ዝረኸባ ኢየን። ብፍላይ እታ ኣብ 2006 ዘሕተመታ፡ እንተላይ ኣቦኣ ኣብ ውግእ ቢያፍራ ንዝሕለፎ ተመኩሮ እተንጸባርቕ 'Half a Yellow Sun' ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ብኣንበብትን ሃየስትን ፍሉይ ኣድናቖት ረኺባ እያ። እታ ኣብ 2014 ዘሕተመታ፡ 'We Should All Be Feminists' (ኩላትና ተሓለቕቲ ደቀንስትዮ ክንከውን ይግባእ) እትብል፡ ብዛዕባ ትርጉም ኣንስታውነት ኣብ 21 ክፍለ ዘመን እትውግዕ - 64 ገጽ ዘለዋ ድርሰታ (essay) እውን፡ ካብ'ተን ንብቕዓታ ዘመስከራን ብምሁራት ዝተናእዳን መጽሓፍታ ብቐዳምነት እያ ትጥቀስ።

ቺማማንዳ፡ ኣብ ባሕሪ ስነ ጽሑፍ ንኽትሕንብስ ዓቢይ ጽልዋ ካብ ዘሕደሩላ ጸሓፍቲ ብቐዳምነት እትጠቕሶ፡ እቲ ውሩይ ናይጀርያዊ ጸሓፊ ቺኑዋ ኣቸበን ድርሰታቱን እዩ። ብፍላይ ድማ ነታ 'Things Fall Apart' (ነገራት ፋሕፋሕ ይብሉ) ዘርእስታ ፍልጥቲ መጽሓፉ ደጋጊማ ምስ ኣንበበታ፡ ልባ ከም ልጓም ዘይብሉ ፈረስ ናብ ዓውዲ ስነ ጽሑፍ ብፍጥነት ክጋልብ ከም ዝጀመረ'ያ ትገልጽ። እዛ ተፈታዊት ሕብርን መልክዕን ዘለዋ ጸሓፊት፡ መጽሓፍታ ኣዝዮም ተነበብቲ ብምዃኖም፡

ሎሚ ናብ ልዕሊ 55 ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዓለም ተተርጒሞም ይርከቡ። ንኣብነት፡ እዛ 'ኩላትና ተሓለቕቲ ደቀንስትዮ ክንከውን ይግባእ' ዘርእስታ ድርሰታ፡ ኣብ ዉሽጢ 10 ዓመት ድሮ ናብ 22 ቋንቋታት ርዒማ ኣላ። እታ ጓል 24 ዓመት እንከላ ክትደርሳ ዝጀመረትን ኣብ 2004 ዝሕተመታን 'Purple Hibiscus' (ወይናይ ዕምበባ) ዘርእስታ መጽሓፉ'ውን፡ ናብ ልዕሊ 40 ቋንቋታት ክትትርጐም ክኢላ'ያ።

ቺማማንዳ፡ ኣብ ናይጀርያን ኣፍሪቃን ከይተሓጸሩ፡ ኣድማሳዊ ጥበብን መልእኽትን ሓዚሎም ዶባት ብምስጋር፡ ስግር ባሕርን ውቅያኖሳትን ንዘለዉ ኣንበብቲ ዝማርኹ እጹብ ድንቂ ድርሰታት ብምብርካታ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ሃገራውን ኣህጉራውን ሽልማታት ክውሕዘላ ክኢሉ እዩ። ክሳብ ሕጂ ተበርኪቱላ ዘሎ ኣህጉራዊ ሽልማታት (ብልጫታት፡ መዳልያታትን ናይ ክብሪ መዓርጋትን/ዶክተርነት)፡ ተጸብጺቡ ብውሑዱ 84 በጺሑ ኣሎ። ክሳብ መጋቢት 2022 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራሕ፡ ካብ ዝተፈላለያ ዩኒቨርሲታት ዓለም 16 ናይ ክብሪ ዶክተረይት ተቐቢላ። ካብቲ መዳልያታት ከኣ፥ ብዩኒቨርሲቲ ሃርቫርድ ዝተበርከተላ 'W.E.B. DuBois Medal'፣ 'Bernard Medal of Distinction'፣ ከምኡ ድማ 'Andrew Carnegie Medal for Excellence' ዝብል ዝኸበረ ሽልማታት የጠቓልል። ኣብ 2022 ከኣ፡ 'ኦርማ ፌደራል ሪፓብሊክ' ዝብል ዝኸበረ ሃገራዊ መዳልያ ካብ ኢድ ፕረዚደንት ናይጀርያ ሙሓማዱ ቡሃሪ ተቐቢላ።

ቺማማንዳ ብተወሳኺ፡ በቶም ዓበይቲ ናይ ዓለምና ዩኒቨርሲታት ከይተረፈ እናተዓደመት መደረታታት ከተስምዕን ተመኩሮኣ ኣብ ስነ ጽሑፍ ኣፍሪቃ ከተካፍልን ብዙሕ ዕድላት ረኺባ'ያ። ንኣብነት፥ ኣብ 2019፡ ኣብቲ ሓደ ካብ ዝበለጹ ቀዳሞት ሓሙሽተ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ኣመሪካ ዝኾነ ዩኒቨርሲቲ የል፡ ኣብ እዋን ትምህርቲ ኣብ ቅድሚ ኣሽሓት ተማሃሮን መምህራንን ኮይና መደረ ዘስምዐት ቀዳመይቲ ኣፍሪቃዊት ክትከውን ክኢላ'ያ።



ኣብዚ እዋን ኣብ ሕ.መ.ኣመሪካ ትነብር ዘላ ቺምማንዳ፡ ኣብ ጉዳይ መዓርነት ደቀንስትዮ'ውን ቀንዲ ተሓላቒት እያ። ብፍላይ ደቀንስትዮ ኣፍሪቃ ዝገጥመን ዘሎ ኣድልዎታትን ወጽዓታትን ንኽብቅዕ ወትሩ ምስ ተቓለሰት እያ። ንሕቶ መሰልን መዓርነትን ደቂ ኣንስንትዮ ዝግባእ ቆላሕታ ንዘይህቡ መንግስታትን ፖለቲካዊ ውድባትን ብትሪ ካብ ምንቃፍን ምዃናንን ድሕር ዘይትብል ተባዕ ሰብ እያ። እቲ ሕሉፍ ተሓላቕነታ፡ ምስታ ብብዙሓት ወገናት ንግስቲ ሙዚቃ ቅዲ 'ፖፕ' ምዃና ዝንገረላ ቢዮንስ ክትመሓዞን ከተድንቓን ኣኽኢሉዋ እዩ። ቢዮንስ እውን፡ ኣብታ ኣብ 2013 ዘላለየታ 'ፍሎሊስ' (ኣበር-ኣልቦ) ዘርእስታ ደርፋ፡ ግጥምታት ናይ ቺማማንዳ ክትጥቀም ክኢላ እያ። "ኣነ ንብዮንስ ዘድንቓን ዝፈትዋን፡ በቲ ዘለዋ ክምህ ዘይብል ዉሽጣዊ ሓይላ፡ ርእሰ ተኣማንነታ፡ ትብዓታን ንዝኾነ ስግኣት ድምብርጽ ናይ ዘይምባል ደፋር ባህርያታን እዩ።" ድማ ትብል።

ቺማማንዳ፡ ኣብ ቅዲ ክዳንን ጽባቐን (ፋሽን) እውን ተገዳስነታን ተሳታፍነታን ፍሉይ እዩ። ኣፍሪቃዊ ቅዲታት ክዳንን ቁኖን ኣብ ዓለምለኻዊ ኢንዳስትሪ ፋሽን ግቡእ ቦታኡ ንኽሕዝ ወትሩ'ያ ትጉስጉስ። ንባዕላ፡ ፍሉጣት ክኢላታት ቅዲ ክዳን ናይጀርያ፡ ንባህሊ ኣፍሪቃን ዘመናውነትን ኣሳንዮም ተኣኒኖም ዝሰፈዩዎ ክዳውንቲ ጥራሕ'ያ ትለብስ። ኣዝዩ ስለ ዘምሕረላ ከኣ፡ ቀልጢፋ ኣብ ጠመተ ብፋሽን ዝግደሳን ምስ ፋሽን ዝተኣሳሰር ፍርያት ዘፍርያን ትካላት ክትኣቱ ጌሩዋ። በዚ መሰረት፥ ኣብ 2016፡ 'ቡትስ' ዝበሃል ኣብ መፍረ ኩሕለ ምሕሊ ዝነጥፍ ናይ ቢልዮናት ዶላር ርእሰ ማል ዘለዎ ፍሉጥ ትካል ናይ ዓዲ እንግሊዝ፡ ኣምባሳደር ኮይና ኣብ ዕድጋታት ክትውክሎ መሪጹዋ። በዚ ከኣ፡ ንመመለዩ ሕላገት እቲ ዓርሞሽሽ ትካል ክትውክል ዝበቕዐት ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊት ጓለንስተይቲ ኮይና።

ቺማማንዳ፡ ኣብ 2015፡ ኣቦኣ - ጀምስ ንዎየ ኣዲቺየ ኣብ ናይጀርያ ብዕጡቓት ተጨውዩ ንሓደ ሰሙን ዝኣክል ተሰዊሩ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ በቲ ኩነታት ዝኣክል ከቢድ ኣእምሮኣዊ ነውጺ ኣጋጢሙዋ ነይሩ። ብዛዕባኡ ኣመልኪታ ኣብ መጽሔት 'ዘ ኒዮርከር' ኣብ ዘስፈረቶ ነዊሕ ዓንቀጽ፡ እቲ ፍጻሜ ከቢድ ኣእምሮኣዊ በሰላ ከም ዝገደፈላ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ናይጀርያ ድሕነት ዜጋታቱ ክውሕስ ዘይምኽኣሉ ፍጹም ተስፋ ዘቑርጽ ምዃኑ ብምግላጽ ኣማሪራ ነይራ።

ኣብ 2009፡ ኣብ መበል 32 ዓመታ ምስ ኢቫራ ኢሰገ ዝተባህለ ናይጀርያዊ ሓኪም (ዶክተር) ቃል ኪዳን ዝኣሰረት ቺማማንዳ፡ ኣብ 2016 ጓል ክትብኮር እንከላ፡ ኣብ 2024 ድማ ማንታ ኣወዳት ብምድጋም ኣደ ሰለስተ ቈልዑ ኮይና ኣላ።

# ስፖርት

## "ጋዜጠኛ ሚዛናዊ ክኸውን ኣለዎ"

### ዳናይት ተስፋዝጊ

ኣሚን ተስፋይ



ደቀንስትዮ ሃገርና፡ ኣብ ስፖርት ጽቡቕ ድሕረ - ባይታ ኣለወን። ብፍላይ ኣብ ኣትለቲክስ፡ ኲዕሶ መርበብ፡ ቅድድም ብሽክለታ፡ ድሕሪ ናጽነት ዝያዳ እናተዘውተረ ዝመጸ ድማ ኲዕሶ እግሪ ክጥቀስ ይከኣል።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ትሕዝቶና ግና ፍልይ ዝበለ እዩ። ንዘይድፈር ዝመስል ዓውዲ ጥሒሳ ንዝኣተወቶ ጋዜጠኛ ስፖርት ዳናይት ተስፋዝጊ፡ ተመኲሮኣ ከተካፍለና ዓዲምናያ ኣለና። ሰናይ ንባብ፡-

ጋዜጠኛ ንኽትከውን ሕልሚ ክህልወካ ኣለዎ። ንዝሓለምካዮ ኽትግብር ድማ ጻዕርን ፍቕሪ ናይቲ ሞያን ትሕተት። ነዞም ዝተጠቕሱ ዓጢቓ ካብ ናይ መባእታ ትምህርታ ጀሚራ ምስ'ቲ ሞያ ከም ዝተላለየት'ያ ኣብ መእተዊ ወግዕና ዘዕለለትኒ።

ካብ ቊልዕነታ ማዕከናት ዜና ምክትታል ትፈቱ ነይራ፣ ብፍላይ ድማ ንስፖርታዊ መደባት ሸለል ትብሎ ከም ዘይነበረት ገሊጻ። እቶም ትከታተሎም ዝነበረት ጋዜጠኛታት ስፖርት፡ ብኣናብባኣምን ኣቀራርባ መደባቶምን ትምሰጥ ነይራ። ከም ናታቶም ክትገብር ከኣ ኣብ ገዛኣ መስትያት እናረኣየት ጋዜጣ ዓምዲ ስፖርት እናንበበት ትፈታትን ከም ዝነበረት ሓቢራ። ባህጋ ግን፡ ኣብ ቤታ ጥራይ ኣይተሓጽረን። ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ሳሊና፡ ተማሃሪት ራብዓይ ክፍሊ ኣብ ዝነበረትሉ፡ ናይ ትግርኛ መምህራ ዝንባለኣ ኣስተውዒሉ፡ ኣብ ቅድሚ ተማሃሮ ብዓውታ ከም እተንብብ ይገብር ነይሩ። እቲ መምህር፡ ብድምጻን ኣገባብ ኣናብባኣን ተመሲጡ፡ "ጋዜጤኛ ክትኮኒ ኢኺ፡" ኢሉዋ ከም ዝነበረ ትዝክር።

ወዲ ሰብ፡ ንዝምነዮ ክረክብ ክጽዕር ኣለዎ። በርቲዑ እንተሰሪሑ፡ ፍረ ጻዕሩ ንኽሓፍስ ኣይጽገምን። ጋዜጠኛ ስፖርት ዳናይት፡ 2018፡ ውጽኢት ጻዕራ ዝሓፈሰትላ ዓመት'ያ ነይራ። ነቲ ትብህጎ ሞያ ንኽትበጽሖ ግዜኣ ወፍያ ስለ ዝሰርሐት፡ ናይ ኮለጅ ትምህርታ ዛዚማ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ተመዲባ። እቲ ብባህጊ ኣብ ቤታ ምስ መስትያት ትዋስኦ ዝነበረት ምስ'ቶም እተድንቖም ዝነበረት ጋዜጤኛታት ሓቢራ ክትሰርሕ በቒዓ፡ "ፈለማ፡ ካብ ስፖርት ወጻኢ ዝተፈላለዩ መደባት ኣብ ምድላው'የ ዝነጥፍ ነይረ። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ግን፡ ካልኦት ዘዳለውዎም መደባት ስፖርት፡ ከንብብ ዕድል ረኺበ። እታ መጀመርታ ምስ ካልኣየይ ጋዜጤኛ ስፖርት ሓቢረ ዘንበብኩዋ ዜና ስፖርት፡ ንፈነወ ምስ በቕዐት ሞራለይ ሰማይ'ዩ ዓሪጉ። ብድሕሪኡ፡ ካብ ሰማዕትን ኣባላትናን ኣተባባዒ ርእይቶታት ስለ ዝመጻኒ፡ መደባት ስፖርት ብገዛእ ርእሰይ ከዳሉ ክኢለ፡" ኢላ።

ጋዜጠኛ ስፖርት ክትከውን ንንጥፈታት ስፖርት ናይ ሃገርካን ወጻኢን ክትከታተል ይግባእ። ዳናይት፡ ተማሃሪት ከላ፡ ኲዕሶ እግሪን ብሽክለታን ምክትታል ተዘውትር ከም ዝነበረት ብምሕባር፡ ንተጻወትቲ ይኹኑ ኣሰልጠንቲ ክለባት፡ ድሕረ - ባይታኦም ከይተረፈ ትፈልጦም ከም ዝነበረት ትዝክር፡ "ብፍላይ ሃገራዊት ጋንታ ኲዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ኣብ 2010፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሴካፋ፡ ብሃገራዊት ጋንታ ኡጋንዳ፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ግጥም ተረቲዓ ዋንጫ ርእያ ምስ ሰኣነታ፡ ሽዑ ዝተሰምዓኒ ሕርቃን ኣብ ውሽጠይ ንዝነበረ ስምዒት ስፖርት ኣግሂድዎ እዩ፡" ድሕሪ ምባላ፡ ብ2011፡ ኣብ ኣስመራ ዝተኣንገደ ሻምፕዮና ኣፍሪቃ፡ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ናትናኤል ብርሃነን ሃገራዊት ጋንታና፡ዘጓናጸፍዎም ዓወትን፡ ብ2010፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም፡ ናይ መጀመርታ ሸቶ ናይ ባፋና ባፋና ተጻዋታይ ሻባላላን ብምምዝጋቡን ብሓጎስ ካብ ዘሰራሰርዋ ዓወታት ነይሮም። ብደረጃ ዓለም ድማ፡ ንምኲራት ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ዓለምና ከም በዓል ሲልቫን ኮንታዶርን ኣንዲ ሽሌክን፡ ኣብ ብቕዓት ዝነበሩሉ ግዜያት ናይ ስፖርት ስምዒታ ካብ ዝቕስቀሱ እዮም ነይሮም።

መደብ ስፖርት፡ ብቕጻሊ ኣብ እዋኑ እንተዘይተፈንዩ ቀሃሚ እዩ። ብፍላይ ኣብዚ እዋን'ዚ ምስምምዕባል ማሕበራዊ ሜድያ፡ እቲ ስፖርታዊ ንጥፈት እናተኻየደ ብቕጥታ ዝፍነወሉ ይበዝሕ። "መደብ ስፖርት ዘይከም ካልኦት መደባት፡ 'ጸኒሐ ክሰርሖ እየ' ትብሎ ዓውዲ ኣይኮነን። ኣብ ክፍሊ ሬድዮ፡ ንፉዓት መሳርሕቲ ኣዳለውቲ መደብ ስፖርት ስለ ዘለዉ፡ ነቲ ኣህላኺ ስራሕ ተማቒልና ኢና ንሰርሖ። ኣብ እዋኑ ድማ ናብ ሰማዕቲ ንኽበጽሕ ንጽዕር፡" ኢላ።

ወዲ ሰብ፡ ኣብ ዘለዎ ደው ከይብል ወይ ምስ ዝመጽእ ምዕባለ ንኽጓዓዝ ንፍልጠቱን ብቕዓቱን ብቐጻሊ ከዕቢ ይግባእ። ጋዜጠኛ ስፖርት ዳናይት ድማ ነዚ ኣብ ግምት ኣእትያ፡ ዓቕማ ንምዕባይ ትንታነታት ስፖርትብዕቱብ ትከታተል፣ ምስ ሞያኣ ዝሳነዩ ጽሑፋት ተንብብ፣ ምስ'ቲ ዓውዲ ቅርበት ምስ ዘለዎም ወገናት ምዕላልን ምምኽኻርን ተዘውትር፣ ዕድላት ስልጠናታት እንተተረኺቡ ከኣ ትሳተፍ።

ሓደ ካብ ስነ-ምግባር ጋዜጠኛ፡ ብፍላይ ድማ ኣዳላዊ ስፖርት ክኽተሎ ዘለዎ፡ ስምዒትካ ምቊጽጻር እዩ። ኣብዚ ዘለዋ ርእይቶ ክትገልጸለይ ተወኪሰያ ነይረ። ጋዜጠኛ፡ ኣመሓላላፊ ሓበሬታ ከም ዝኾነ ክዝንግዖ ከም ዘይብሉ፡ ክመሓላለፍ ዝተደልየ ጸብጻብ ሚዛኑ ዝሓለወ ንክኸውን ሞያዊ ሓላፍነታ ዘሰክማ ግዴታ ከም ዘለዋ ገሊጻ፡ "ንሓንቲ ጋንታ ወይ ንሓደ ተጻዋታይ፡ ብወገንነት ስሙ ከተበርኽ እንተፈቲንካ፡ ካብ ሞያ ጋዜጠኛ ወጻኢ ሰሪሕካ ኣለኻ ማለት እዩ። ሰማዒኻ'ውን ስለ ዝርድኦ ውጽኢቱ ጽቡቕ ኣይኮነን። ኣብዚ

መዳይ ሓያል ጥንቃቐ ይሓትት እዩ፣ እትቕበሎም ጸብጻባት ሓላፍነት ዝስከመሎም ኣካል ክህሉ ኣለዎ፣ ንጹርን ሓቀኛን ከም ዝኾነ ኣረጋጊጽካ ክትፍኑ ኣለካ፣ ዝቐርቡ መደባት ብዝከኣል ሓደስቲ ክኾኑ ኣለዎም፣ ምኽንያቱ፡ ሰማዒ ዝከታተለካ ሓደስቲ ነገራት ንኽፈልጥ'ዩ፣ ኣብ ስርዓተ - ሓበሬታ ምስ ዓለማዊ ስፖርት ብሓባር




ምስጓም ኣገዳሲ እዩ፡" ኢላ።

ንዓውዲ ጋዜጠኛ ስፖርት፡ ስለምንታይ'የን ደቀንስትዮ ዘይክተልኦ፧ ንዝብል ሕቶ መልሲ ክትህበሉ ተወኪሰያ ነይረ። ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ራሄል ሳህለ ዝተባህለት ኣዳላዊት ዓምዲ ስፖርት ከም ዝነበረት ሓበሬታ ከም ዘለዋ ገሊጻ። ሕጂ'ውን ስነ - ጥበበኛ ሊድያ በረኸት ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስፖርት ጸብጻብ ክትጽሕፍ ተበጊሳ ከም ዘላ ምስ ሓበረት፡ "ብሓፈሻ ግን፡ ኣብ ደቀንስትዮ ልሙድ ኮይኑ ኣይጸንሐን። እዚ ክብል ከለኹ፡ ኣብ ዓውዲ ስፖርት ኣፍልጦ ዘለወን ደቀንስትዮ የለዋን ማለተይ ኣይኮንኩን። ኣብ ቀጻሊ እውን ሞያ ጋዜጠኛ ስፖርት፡ ከም ካልእ ዓውዲ ተራእዩ ደቀንስትዮ ብቕዓተን ክንጸባርቓሉ ኣለወን፡" ኢላ።



ጋዜጠኛ ዳናይት ተስፋዝጊ፡ ናብ ሩስያን ኬንያን ገይሻ ነይራ። ዕላማ'ቲ ናይ ሩስያ መገሻ፡ ኣባላት ሃገራት ቍጠባዊ ልምዓት (ብሪክስ)ን መሓዙት ዕዱማትን ዘካየድኦ ውድድራት ከም ዝነበረ፡ ብዘይካ'ቲ ስፖርታዊ ጸብጻብ ምቕራብ፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ዝተመኰረቶ እወታዊ ነገር ውጽኢታዊ ከም ዝገብሮ ሓቢራ። ንሳ፡ ኣብ ፈለማ ሰሙን ግንቦት 2025፡ ብሴካፋ ኣብ ዝተወደበ ዓውደ መጽናዕቲ ሰብ ሞያ መራኽቢ ብዙሓን ንምስታፍ ናብ ኬንያ ከይዳ ነይራ። ኣብቲ ወከልቲ 12 ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተሳተፉኦ ዓውደ- መጽናዕቲ፡ ምልውዋጥ ተመኩሮን ስልጠናን ከም ዝረብሓትሉ ገሊጻ። እዘን ክልተ መገሻታት፡ ንዝበለጸ ናይ ስራሕ ደረጃ ማዕጾ ዝኸፍት ተመኩሮ ዝረኸበትለን ከም ዝኾና ሓቢራ።

ኣብ ስፖርት ሃገርና፡ ተራ ደቀንስትዮ ብውልቃዊ ትዕዝብታ ገሊጻትልና፡ "ደቀንስትዮ ስፖርታውያን ሃገርና ዘይመልከኦ ዓይነት ዓውዲ ስፖርት ኣሎ ኣይብልን'የ፣ እቲ ዝግባእ ባይታን ዕድላትን እንተተፈጢሩለን ከድማዓሉ ዝጽግመን ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ኣትለቲክስን ብሽክለታን ቀሊል ተራ ኣይኮነን ዘለወን። ኣብ ኵዕሶ እግሪ'ውን ብሓያል ውዳበ ይበጋገስ ኣሎ። እዚ ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣተኣታትዩዎ ዘሎ ስልቲ ምልመላ ደቀንስትዮ፡ ብዕቱብ ተታሒዙ እንተ ቐጺሉ ብኹዕሶ እግሪ'ውን ዘይንዕወተሉ ምኽንያት የለን። ፌደረሽናት መርበብ፡ ሰኪዕትን ካልኦት'ውን ኣቓልቦ ተዋሂብወን እንተነጢፈን ደቀንስትዮ ሃገርና ዕዉታት ከም ዝኾና ኣይጠራጠርን እየ።

"ሓቂ ንምዝራብ፡ ከም ጓል ኣንስተይቲ መጠን፡ ኣብ ንጥፈታት ደቀንስትዮ ሓለፉ ሂበ ፍሉይ መደባት ክሰርሕ እፍትን እየ። ኣብዚ ግን ኣንባቢ ወይ ኣንበብቲ ክርድኦኦ ዘለወን፡ ስራሕና ንንጥፈታት ምቅላሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ንጡፉ ስራሕ ንዘለዋ ፌደረሽናት ኢና ዝያዳ ዕድል ንህበን፡" ኢላ።

ጋዜጠኛ ዳናይት፡ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ቈልዓን እያ። ብፍላይ ድማ ጋዜጠኛ ስፖርት፡ ኣብቲ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ጸብጻባት ስፖርት ትምእርር፡ ኣብ ግዜ ስራሕ ድማ ኣዳልያ ንፈነወ ብቑዕ እትገብረሉ ስለ ዝኾነ፡ ናብራን ጋዜጠኛነትን ብኽመይ ተካውኖ ኣላ፧

"ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ፡ ምስ መሳርሕተይ ተወሃሂድና ኢና እንሰርሕ። ኣብ ርእሲኡ ንግዜየይ ብዝግባእ ወዲበ ኣብ ረብሓ ስራሕ ከውዕሎ ብዝከኣለኒ'የዝቃለስ። ብመደብ ትኸይድ እንተኾይንካ ዘጸግም ኣይኮነን። ኣብዚ ከጠቕሶ ዝግባእ፡ናብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝጸዓሩለይ ስድራ ቤተይ፡ ብፍላይ ድማ ወላዲተይ ወይዘሮ ሰበነ ዘርኣይ፡ ንዓይ ሓዚላ ኣዕብያ፡ ንውላደይ ብሰንኪ ስራሕ ምውፋረይ ክንክን ከይጐድሎ፡ ኣነ'ውን ቀሲነ ወፊረ ንኽሰርሕ እትገብረለይ ዘላ ሓልዮት ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። በዚ ኣጋጣሚ ንኹለን ኣደታት ተመሳሳሊ ተግባር ዝገብራ ዘለዋ ከመስግነን እፈቱ፣ ንኣባላት ክፍሊ ሬድዮ፡ ብፍላይ ድማ ድምጺ ሓፋሽን ንሓላፊ ክፍሊ ሬድዮ ግርማይ በርሀ (ዓሲምባ)ን ስለ ናይ ኩሉ እዋን መምህረይ ምኻኑ ኣመስግን። ምድላው ዓምዲ ስፖርት መጽሄት ኣግእዞ፡ ስፖርታውያን ደቀንስትዮ ኣናዲኹም ንምትብባዕንን ተመኩሮኣን ንምክፋል ዝግበር ዘሎ ኣስተዋጽኦ ከም ጋዜጠኛ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ዝኾነት ኣንባቢት እከታተሎ እየ፣ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ስራሕ ከም ዝኾነ እናገለጽኩ፡ ሎሚ ከኣ ንሞያ ጋዜጠኛ ስፖርት ኣቓልቦ ሂብኩም ነዚ ዕድል ብምፍጣርኩም ኣመስግን፡" ኢላ። ብወገንና ጽቡቕ ዕድል ንምነየላ፡ ካልኦት ደቀንስትዮ'ውን ንሞያ ጋዜጠኛ ስፖርት ክስዕባኦ ነዘኻኽር።

# ይብሉ ነበሩ !

## ደርሆ ክህበካ፡ ብዕራይካ ሽጦ!

ኣልጌና ወልደማርያም

ኑብሳ ይምሓር ዓባየይ ሓረጉ፡ ኣብ ዘረበኣ ምስላ ዘይትፈሊ ሰበይቲ እያ ነይራ። ሓንቲ ካብ ተዘከርቲ ምስላታታ፡ 'ሃበኒ ህበይ ይገብር' ትብል እያ። ህጻን ስለ ዝነበርኩ፡ ንምንታይ ከምኡ ትብል ነይራ ፈጺሙ ይረደኣኒ ኣይነበረን። የግዳ ኣብቲ ዕድመ ንዓይ ዘተሓሳስበኒ ዝነበረ ጉዳይ፡ ሃበኒ ዝበለ ሰብ ከመይ ጌሩ ህበይ ክቐየር ይኽእል፡ ዝብል ሞጎታዊ ሕቶ እዩ ነይሩ። ሃበኒ እንተ ኢልካ፡ ንእለት ኩሉ ቆርበትካ ጸጕሪ ኣብቍሉ፡ ህበይ ከም ትኸውን እየ ዝሓስብ ነይረ። ግን ብኸመይ? እቲ መልሲ ግዜ እዩ ነይሩ። ልቢ ምስ ቋጸርኩ፡ ምስላ ዓባየይ ቃል ብቓሉ ክትርጎም ዘይከኣል፡ ምንባሩ በሪሁለይ። 'ማርቴሎ ሒዝካ ክትወፍር ዘይትኽእል እንተ ኼንካ፡ መልሓስካ መዓር ለኺኻ ተጸበ!' ይብል ነይሩ ሓደ ተዋዛዪ። ማርቴሎ ዘይምሓዝ ብትህኪት እንተ ተመሲሉ፡ መልሓስካ መዓር ምልካይ ከኣ ከብዲ ጨካናት ዘቦቕቡቕ ልማኖ ማለት እዩ። ብሕጽር ዝበለ ሕማቕ ሰራሕተኛ እንተ ኼንኳ፡ መጭቛር ለማኒ ኩን እዩ ዘስምዕ። ንሓቕነቱ ንጎድኒ ኣወንዚፍና ግና፡ ንሎሚ ብዛዕባ ባህርያት ተኾብቲ ክንዛረብ መሪጽና ኣሎና። ተኾብቲ ዓይነቶምን ዕላምኦምን ዝተፈላለየ እዩ። ኣብዛ ህልውቲ ዓለም ግና ለማኖ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ተኺቦ ውን ተራቒቆም እዮም።

**ገለ ካብኦቶም ንምጥቃስ፣**

**1. ኣንቐርቲ!**

እዞም ዓይነት ተኾብቲ፡ ካብ ጸጋታትካ ብኽሻ መታን ክወስዱ፡ መጀመርታ ብሳንጣ ገጸ በረከት ወይ ህያብ ይዕድሉኻ። ክሳብ ክንዲ ምንታይ ሕያዎትን ቕዱሳትን ሙኺኖም ክትሓሳብ፡ ዓይነ-ሕልናኻ ምስ ዓወረ ከኣ፡ ሰላሕ ኢሎም ናብ ቤትካ ብምእታው፡ ዕጽፊ ካብቲ ዝመጠውልካ ይወስዱ። 'ከጸናንዑኻ መንዲል ሂቦም፡ ኮበርታ ሰሪቖሙኻ ይወጹ' ይብል ነይሩ ሳሚ ዓርከይ። ይብሉ ነበሩ!

**2. ኮስኮስቲ**

እቲ ኻልእ ናይ ተኾብቲ መርዚ ከኣ፡ ትህኪት ከም ዝነግስ ጌርካ፡ ተወዳድርነት ምቕታል እዩ። ንሓደ ክሰርሕ ዝኽእል ፍጡር፡ ተስፋ ከም ዝቖርጽ ጌርካ፡ ብትህኪት ጽቡቕ ከም ዝስምዖ ምግባር፡ ካብ ህቡባት ሜላታት ተኾብቲ እዮም። ጸጋኻ ፈጺጋ ኮይኑ ክሳብ ዝስመዓካ ይሰብኩኻ እሞ፡ ደሓር ተጸባዪ ይቕይሩኻ።'ስርናይ ዝሕፈሶ ልሙዕ መሬት ኣቓዲርካ፡ ረድኤት ርብዒት ፊኖ ትጽበ' ማለት እዩ። እዚኦም ኮስኮስቲ ትህኪት ተባሂሎም ይጽውዑ። ረብሕኦም ተወዳዳርነት ንምምሓው እዩ። 'ትህኪት ኮስኩስካ፡ ውድድር ትምሑ እሞ፡ መመሊስካ ትህብትም' እዩ ቴምኦም። ይብሉ ነበሩ!!

**3. ኣሰባሕቲ**

ተኾብቲ ዝጥቐምሉ ካልእ ፍልይ ዝበለ ሜላ ውን ኣሎ። እዚ ሜላ ኣብሊዕካ ለኣኮ ይበሃል። እዞም ኣሰባሕቲ ዝኾኑ ተኾብቲ፡ 'ብምጽወታኻ ወልፊ ንዘትሓዝካዮ ሰብ፡ ምእዙዝነት ኣስሪጽካ፡ ክንዲ ኢድካ ኮይኑ ከም ዝለኣኽ ትገብሮ'፡ ብዝብል እምንቶ ዝቖሙ እዮም። ንዕኦም ዝተደርበየ እምኒ ንሱ ይፍገኣሎም። ንዕኦም ዝተወርወረት ጽፍዒት ንሱ ኣብ ምዕጕርቱ ይቕበለሎም። ተኺቢ ከይረስሕ ንሱ ይትጕር። ተኺቢ ጸሓይ ከይወቕዖ፡ ወይ ጽላል ይሰርሓሉ ወይ ጽላል ይኾኖ። ኮታ ኢደ በይዝኦም ይኸውን። 'ኣቢዶም ካብ ዘብክዩ ኣጸናናዕትን፡ ኣስቢሖም ካብ ዘዕብሩ ተኾብትን የድሕነና!' ይብሉ ነበሩ!!

**4. ኣምሰልቲ!**

እዞም ዓይነት ተኾብቲ፡ ናይ ብሓቒ ተኾብቲ ኣይኮኑን። ነገር ግን ከም ሓገዝትን ተጣበቕትን ኬንኳ ናይ ምቕራብ ፍሉይ ባህርያት ኣለዎም። ዝህቡ እናመሰሉ እዮም ዝምንጥሉ። ተኾብቲ ሙኺኖም ኩሉ ክፈልጠሎም ስለ ዝደልዩ፡ ኣብ ዜና እዮም ንፉዓት። ሰብ መታን ክርእይሎም ባኮታት ይህቡኻ። ደላይ ጽቡቕ ይሕጎስ፡ መራቒ ውን ይምርቕ። ገዛ ኣቲኻ ባኮ ምስ ከፈትካዮ ግና፡ ጥርሑ ይጸንሓካ። ከተቓልዖም እንተ ፈቲንካ፡ 'ዘኾለስካዮ ይነኽሰካ' ዝብል ወረ ዘርጊሖም የዋርዱኻ። ካብዚኦም የድሕነና ፈጣሪ። ይብሉ ነበሩ!!

ኣብ መወዳእታ ሓገዝ ብዘይ መዘዝ ዝጽላእ ኣይኮነን። ካብ ማዕሙቕ ሽግር ዘውጽእ ሓገዝ ረኺቢኡ ይርከቦ። ኣብ ማዕሙቕ ሽግር ኣጥሒሉ፡ ከም ዘይትመውት ዝገብረካ ምጽወታ ግና፡ ትኳቦ ዘይኮነ ሓሸሽ ጥራይ እዩ ክበሃል ዘለዎ። ይብሉ ነበሩ!